ዘሌሊት

እመልክዐ ሥላሴ፡

ሰላም እብል ለዘዚአክሙ ቆም፡
ዓለማተ ዓለም ሥላሴ ዘአልብክሙ ዓለም፡
እምኔክሙ አሓዱ በእንተ አሓዱ አዳም፡
እመኒ በምድር ተወክፎ ለነግደ ጲላጦስ ሕማም፡
ሆሣዕና በአርያም፡ሆሣዕና በአርያም፡ሆሣዕና በአርያም።

ዚቅ፡-እምሆሣናሁ አርአየ ተአምረ ወመንክረ ዘኢተገብረ እምቅ ድመዝ ወኢይከውን እምድኅረዝ።

-ሃሌ ሉያ ለአብ ሃሌ ሉያ ለወልድ፤ሃሌ ሉያ ለመንፈስ ቅዱስ ምስለ አቡሁ አሓዱ ፈቃድ፤ቅድመ ገጸ ጸላኢ ጽኑዕ ማኅፈድ፡ ተጽዕነ ዲበ ዕዋል ዘእሳት ነድ፤የደ ሆሣዕና ወልድ።

-ለሕዝበ ርስት ዘአውረደ መና፤ምስለ አቡሁ ፩ዱ ምልክና፤ ምስለ ዘወለዶ ፩ዱ ዕሪና፤የደ ሆሣዕና ያርኢ ትሕትና።

ሰላም ለዝክረ ስምኪ...(በል)።

ዚቅ ዘበእንቲአሃ ኢሳይያስ ጸርሐ እንዘ ይብል አብርሂ አብርሂ ተፈሥሒ ንጉሥኪ በጽሐ ለኢየሩሳሌም ዜነዋ ፍሥሓ።

(ብኅብረት ዚብሃል)

ኢየሱስ ኢየሱስ ኢየሱስ ክርስቶስ፤ዘሠረፅከ እምቤተ ይሁዳ ወሌዊ ኮሬባዊ፤መለኮታዊ ቃል ሰማያዊ እም ድንግል ተወልደ።

(መልክዐ ኢየሱስ አብጽሕ)

ሰላም ለዝክረ ስምከ ስመ መሓላ ዘኢይሔሱ።
ዘአንበረ ቅድመ እግዚአብሔር በአትሮንሱ።
ኢየሱስ ክርስቶስ ለዳዊት ባሕርየ ከርሡ።
አክሊለ ስምከ እንዘ ይትቄጸል በርእሱ።
አህጉረ ፀር ወረሰ ኢያሱ።

ዚቅ፡ሆሣዕና በአርያም...(አብ ናይ ዋዜማ ረአ)።

-ሆሣዕና እምርት እንተአቡነ ዳዊት ቡርክት እንተትመጽእ መንግሥት።

ሰላም ለመትከፍትከ፡ከመ ልብሰ ክህነት ሎግዮ።
ግዜ ፀአተፍትሕ ዘጾረ አርዑት መስቀል በቀራንዮ።
ኢየሱስ ክርስቶስ በግዐ መድኀኒት ወአስተስርዮ።

አስተዳሎከ ለርእስከ ውስተ ዐጸደ ግፍዕ ተርእዮ።
ወኵሎ፡በዘይደሉ አቅደምከ ኀልዮ።

ዚቅ፡-ኢይብክያ ዘከልአ ደናግለ አርዑተ መስቀል ጾረ እስከ ቀራንዮስ ሖረ ኢይብክያ ዘከልአ ደናግለ።

-ኦአእጋር እለ አንሶሰዋ ውስተ ገነት ተቀነዋ በቅንዋተ መስቀል።

(መልክዐ ውዳሴ አብጽሕ)

-ርግብ ሠናይት በል።

ዚቅ፡ማርያም እምነ ወእሙ ለእግዚእነ ሰአሊ በእንቲአነ ቅድመ መንበሩ ለእግዚእነ።

ተቅዋም... በል።

ዚቅ፡አብርሂ አብርሂ ኢየሩሳሌም በጽሐ ብርሃንኪ ወስብሐተ እግዚአብሔር፤ወብርሃኑ ሠረቀ ላዕሌኪ አብርሂ ጽዮን በጽሐ ብ ርሃንኪ ተጽዒኖ ዲበ ዕዋል በሰላም ቦአ ኀቤኪ።

ዘነግህ

መዝሙር፡በ፭ ወእንዘ ሰሙን በዓለ ፋሲካ ቀርቡ አርዳኢሁ ለአምላከ ጽድቅ ኀበ ደብረ ዘይት ሙራደ ዐቀብ ሀገረ እግዚአብሔር ወተቀበልዎ ሕዝብ ብዙኃን አእሩግ ወሕፃናት ነሢአሙ አዕጹቀ በቀልት እንዘ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም ተጽዒኖ ዲበ ዕዋል ቦአ ሀገረ ኢየሩሳሌም በትፍሥሕት ወበሐሤት ይሁቦሙ ኀይለ ወሥ ልጣነ።

ምልጣን፡ እንዘ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም ተጽዒኖ ዲበ ዕዋል ቦአ ሀገረ ኢየሩሳሌም በትፍሥሕት ወበሐሤት ይሁቦሙ ኀይለ ወበሥልጣነ።

ዕዝል፡ ነሥአ አብርሃም አዕጹቀ በቀልት፡ሰብሐ ወዘመረ በዕለተ ሰንበት፡ቦአ ኢየሩሳሌም በስብሐት።

ምልጣን፡ አብርሃም ነሥአ አዕጹቀ በቀልት፡አብርሃም ነሥአ አብ ርሃም ነሥአ አዕጹቀ በቀልት አብርሃም ነሥአ።

አቡን በ፪፡ አልጸቀ ጾም ወበጽሐ ፋሲካ ኢትግበሩ ሊተ ምክ

Scanned with CamScanner

ንያተ ለግዕዝክሙ እስመ ጎላፊ ውእቱ ንብረተ ዝንቱ ዓለም ንብ
ረቱኒ ፍትውቱኒ ጎላፊ ውእቱ።

ምስባክ፡(መዝ.፻፲፮)ሞተ በዓለ በትፍሥሕት በጎበ እለ
ያስተሐምምዎ፤
እስከ አቅርንቲሁ ለምሥዋዕ፤
አምላኪየ አንተ እግዚ ለከ።
ንባባት፡ሉቃ.፱፡፲፩-ፍጻሜ።
፩ጴጥ.፬፡፩-፲፪።
ግ.ሐ.፲፭፡፲፪-ፍጻሜ።

ምስባክ፡(መዝ.፻፲፯)ቡሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚአብሔር፤
ባረክናክሙ እምቤተ እግዚአብሔር፤
እግዚአብሔር እግዚእ አስተርአየ ለነ።
ዮሐ.፲፪፡፲፪-ፍ።
ቅዳሴ ጎርጎርዮስ።

ዐዲት ሆሣዕና

ካህናትን ዲያቆናትን አብ ቤተመቅደስ ተረኽበምኢ ዝበርሐ ሽምዓን ቈጽሊ ስየን ብዝላዙ ለባስያን ተዓጅቦምሩእግዚእ መሓረነ ዘርስቶስ» እናበሉ ይተ ሚኒ ንታቡት የዛዱ።ብድሕሪዚ አብ ቅድሚ መንበረታብ ት ደው ኢሉሙ፡ዲያቆን መልእክተጳውሎስ የንብብ።

መልእክተ ጳውሎስ ፩ቆሮ.፲፩፡፩-፳።

ምስባክ (መዝ.፻፳፩)
ተፈሣሕኩ እስመ ይቤሉኒ ቤተ እግዚአብሔር ነሐውርI
ወቆማ እገሪነ ውስተ አዕጻድኪ ኢየሩሳሌምI
ኢየሩሳሌምሰ ሕንጽት ከመ ሀገር።

ማቴ፡ምስ ፳፩፡፩-ፍጻሜ.

ካብ ኢያሪኮ ኪወጽኡ ኽለዉ ኽእ ብዙኃት ሕዝቢ ሰዓብም።
እነሆ ድማ ኽልተ ዕዉራት አብ ወሰን መንገዲ ተቐሚጦም ነበሩ
ሞ ኢየሱስ የሓልፍ ከምዘሎ ሰሚያምI ኦ!ጐይታ ወዲዳዊት መሓ
ረና እናበሉ ጨርሑ።እቶም ሕዝቢ ድማ ሰኾ ኪብሉ ገንሑሙ።
ንሳቶም ግና ኦ!ጐይታ ወዲዳዊት መሓረና እናበሉ ዓው ኢI ሞ
ጨርሑ።ኢየሱስ ክእ ደው ኢሉ ጸውዖምI «እንታይ ክገብረልኩም
ትደልዩ?»ኽእ በሉም።ንሳቶም ድማ ጐይታይ አዕይንትና ኪኸፈታ
በልምI ኢየሱስ ድማ ራኅሪኃሉም አዕይንቶም ተንከየሞ ብኡብኡ
ረእዩI ሰዓብም ድማ።

መዝሙር በ፹ አርእዩነ ፍኖቶ ወንሑር ቤቶ እስመ እምጽዮን
ይወጽእ ሕግ ወቃለእግዚኣብሔር እምኢየሩሳሌምI ንሳለግ ለመ
ድኃኒትነI በትፍሥሕት ተቀበልዋ ለታቦት እስመ ዋካ ይእቲ ወብ
ርሃን።
ምልጣን፡ንሳለግ ለመድኃኒትነ በትፍሥሕት ተቀበልዋ ለታቦት
ዋካ ይእቲ ወብርሃን።
ምልጣን፡ እስመ ዋካ ይእቲ ወብርሃን ዋካ ይእቲ ወብርሃን።

(ነዚ ዚስዕብ ብምቅብባል እናደገሙ ክእ ሆነዕና ይፅደሉ)

ይ.ካ. እንበለ ደዌ ወሕማምI
ይ.ሕ. እንበለ ጻማ ወድካምI
ይ.ካ. እመ ከመ ዮምI
ይ.ሕ. ያብጽሐነ ያብጽሕክሙ።

ብወገን ምዕራብ

ምስባክ፡(መዝ. ፻፲፯)ቡሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚአብሔርI
ባረክናክሙ እምቤተ እግዚአብሔርI
እግዚአብሔር እግዚእ አስተርአየ ለነ።

ማቴምስ ፳፩፡ ፩-፲፱።

ናብ ኢየሩሳሌም ምስ ቀረቡ ኣብ ደብረዘይቲ ናብ ዘላ ቤተ
ፋጌ በጽሑI ሽዑ ኢየሱስ ካብ ደቀመዛሙርቱ ክልተ ልኢኹ
ኽምዚ በሎም።ኣብ ቅድሚኹም ናብ ዘላ ዓዲ ኺዱ ኣብኡ እስር
ቲ ኣድጊ ምስ ዒሉኣ ኽትረኽቡ ኢኹምI ፈቲሕክም ክእ ኣምጽ
ኡለይ።ዝኾነ ሰብ ሓደ ነገር እንተበለኩም«ጐይታ ይደልዮም ኣ
ሎ» በሉI ብኡብኡ ድማ ኺሰዶም እዩ።እዚ ኾኑ ዝኾነ እቲ
ብነብይ ንኢየሩሳሌም«እነሆ ንጉሥኪ ለዋህ፡ኣብ ኣድግን ኣብ
ገልገል ኣድግን ተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ በልዋ»ዝተባህለ
ምእንቲ ኺፍጸም እዩ።

ደቀመዛሙርቱ ድማ ኽይዶም ከምቲ ኢየሱስ ዝኣዘዞም ገበሩ።
ነታ ኣድግን ነታ ዒሉን ኣምጽኡሉI ክዳውንቶም ድማ ኣብ ዝባ
ነን ጐዝጐዝሉ ኢየሱስ ክእ ተወዮሐን።እቶም ሕዝቢ ካልኦትውን
ካብ ኣእዋም ጨንፈር እናሰልዑ ኣብቲ መገዲ ይንሰንሉ ነበሩ።

Scanned with CamScanner

እቶም ቀቅድሚኡ ዚኸዱ ደድኅሪኡውን ዚሰዕቡ ሕዝቢ ኸኣ ሆሣዕና ንወዲ ዳዊትI እቲ ብስምእግዚኣብሔር ዚመጽእ ቡሩኽ እዩI ሆሣዕና አብ አርኣያም እናበሉ ይዊርሑ ነበሩ።ናብ ኢየሩሳሌም ምስአተወ ኸኣ ብዘባ እታ ኸተማ«መን እዩ እዚ?»እናበለት ተናወጸት።እቶም ሕዝቢ ድማ እዚ«ነብይ ኢየሱስ በዓል ናዝሬት ናይ ገሊላ እዩ»በሉ።

ኢየሱስ አብ ቤትመቕደስ ኣትዩI አብ ቤትመቕደስ ዚሸጡን ዚ ሻየጡን ዝነበሩ ኹሉም ሰጕንምI ጠረጲዛታት መሸረፍትን መናብር ሸየጥቲ ርግብን እውን ገልበጠ።«ቤተይ ቤትጸሎት ኪብሃል እዩ ዚ ብል ጽሑፍ አሎ ንስኻትኩም ግና በዓቲ ጐሓሊት ዝበርኩምዎ»በ ሉም።አብ ቤትመቕደስ ከኣ ዕዉራትን ሓንካሳትን ናብኡ መጽኡI ንሱ ድማ ኣሕወየዎም።ሊቃነካህናትን መምህራን ሕግን ግና ነቲ ዝገበሮ ተኣምራትን፥ሕፃናት ድማ አብ ቤትመቕደስ ዓው ኢሎም «ሆሣእና ንወዲዳዊ»ኪብሉን ምስ ረእዩ ሓረቐ።«እዚኣቶም ዚብል ምስ ትሰምየዶ አሎ"ን»በልዎI ኢየሱስ ከኣ«እወ እቲ ካብ አፍ ቁ ልዑን ሕፃናትን ምስጋና ኣዳሉ"ን ዚብልዶ አየንበብኩምን ኢኹም» በሉም።ሓዲጉዎም ድማ ኻብኃ ኸተማ ወጊኡ ናብ ቢታንያ ኸ ደI አብኡውን ሓደረ።

ንማሆ ናብ ኩተማ ኺምለስ ከለ ጠመየ።አብ ጥቓ መንገዲ ሓን ቲ ኣም በለስ ርእዩ ናብኣ ኸደI እንተኾነ ቁጽሲ ጥራይ እምበር ሓንቲ ፍረ ስለዘይረኸበላ«ደጊም ካባኺ ንሓዋሩ ፍረ አይረኽብ»በላ እታ እሞ በለስ ከኣ ሽዑንሽዑ ነቐጸት።

መዝሙር፡ በኼ ሰመያ አብርሃም ወይቤላ ዛቲ ዕለት በዓለ እግ ዚአብሔር ንፍኑ ቀርነ በዕለተ ሠርቅ በእምርት ዕለት በዓልነ ሶበ ተዘከርናሃ ለጽዮን።

ምልጣን፡ንፍኑ ቀርነ በዕለተ ሠርቅ በእምርት ዕለት በዓልነ ሶበ ተዘከርናሃ ለጽዮን።

ምልጣን፡ሶበ ተዘከርናሃ ለጽዮን ሶበ ተዘከርሃና ለጽዮን።

ብወገን ደቡብ

ምስባክ፡ (መዝ.፶)እምአፈ ደቂቅ ወሕፃናት አስተዳሎከ ስብሐተI
በእንተ ጸላኢI
ከመትንሥኦ ለጸላኢ ወለገፋዒ።

ማርቆስ ፲፩፡፩-፲፪።

ናብ ኢየሩሳሌም ንምእታው ጥቓ ደብረዘይቲ ናብ ዘለዋ ቤተ ፋጌን ቢታንያን ምስ ቀረቡ ክልተ ኻብ ደቀመዛሙርቱ ለኣኸ።ከም

ዚ ድማ በሉም«አብ ቅድሚኹም ናብ ዘላ ዓዲ ኺዱ ናብኣ ምስ ኣቶኹም ሽዑ ሰብ ዘይተወጥሐ አሱር ጻዕብ ክትረኽቡ ኢኹም ፈቲሕኩም አምጽኡለይ።ገለ ሰብ ስለምንታይ እዚ ትገብሩ ኣሎ"ኹ ም?እንትበለኩም ጉይታ ይደልዮ አሎ ብኡብኡ ነጀው ኪሰዶ እ ዩ» በልዎ።ምስ ኩዱ ኸኣ ነቲ ጻዕብ አብ ደገ አብ ጥቓ መንገዲ ተኣሲሩ ረኺቦም ፈትሑዎ።ካብቶም አብኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ ኸኣ ገሊኦም«ነዚ ጻዕብ ስለምንታይ ትፈትሑዎ?አሎ"ኹም»በል ዎም።ንሳቶም ድማ ኸምቲ ኢየሱስ ዝበሎም በልዎም እሞ ሓደ ግዎም።ነቲ ጻዕብ ከኣ ናብ ኢየሱስ ወሰድዎ ክዳውንቶምውን ጕዝ ጉሁሉ ኢየሱስ ከኣ ተወጥሐ።ብዙኃት አብቲ መንገዲ ኸዳውንቶም አንጸፉI ካልኦት ከኣ ኻብቲ አብ ግራሁ ዝነበረ አእሽዋም ጪናፍር ሰሊያም ይንስንሱ ነበሩ።እቶም ዚመርሑን እቶም ዚስዕቡን ከኣ ኸምዚ እናበሉ ይዊርሑ ነበሩI «ሆሣዕና ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ ቡሩኽ እዩ።እታ እትመጽእ ዘላ መንግሥቲ አቦና ዳዊት ብርኹቲ እያI ሆሣእና አብ አርያም»።

ኢየሱስ አብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሐ ናብ ቤትመቕደስ አተወ አብ ዙርያኡ ግልጽ እናበለ ብኹሉ ምስረአየ መስዩ ነበረሞ ምስ ቶም ዓሠርተው ክልተ ናብ ቢታንያ ኸደ።

ንጽባሒቱ ካብ ቢታንያ ኺወጽኡ ኸለዉ ኢየሱስ ጠመየ።

መዝሙር፡ በኼ ወትቢ ጽዮን ኣርጎዉ ሊተ ኣናቅጸ ይባኡ ሕ ዝብ ብዙኃንI ወያእትቱ እብነ እምፍናት ለንጉሥ ለወልደ ዳዊት ንንሦሙ ለእስራኤል ውእቱ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።

ምልጣን፡ወያእትቱ እብነ እምፍናት ለንጉሥ ለወልደ ዳዊት ን ንሦሙ ለእስራኤል ውእቱ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።

ምልጣን፡ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።

ብወገን ምብራቕ

ምስባክ፡ (መዝ.፻፲፰)እምሥራቀ ፀሐይ እስከነ ዐረብI
ይትኣኰት ስሙ ለእግዚኣብሔርI
ልዑል እግዚኣብሔር መልዕልተ ኵሉ አሕዛብ።

ሉቃስ፡፲፱፡፵፰-፸፮።

ኢየሱስ እዚ ምስ ተዛረበ ናብ ኢየሩሳሌም ኪድይብ ቀቅ ድሚኡም ከደ።ናብ ቤተፋጌን ቢታንያ አብ ጥቓ ደብረዘይቲ ዚ ብሃል እምባ ምስ ቀረበ ካብ ደቀመዛሙርቱ ክሚዚ ዚስዕብ እና በለ ኸልተ ለኣኸ«ናብዛ አብ ቅድሚኹም ዘላ ዓዲ ኺዱ አብኡ ምስኣቶኹም ሰብ ዘይተወጥሐ አሱር ጻዕብ ክተረኽቡ ኢኹምI

Scanned with CamScanner

ንአኡ ፈቲሕኩም አምጽኡዎ።ሓደ ስለምንታይ ትፈትሕዎ አ
ሎኹም?ኢሉ እንተ ሓተተኩም ከአ ጐይታ ይደልዮ አሎ»በል
ዎ።እቶም ዝተላእኩ ኸይዶም ከምቲ ዝበሎም ረኸቡ።ንሳቶም ነ
ቲ ጻዕብ ኪፈትሕዎ ኸለዉ ዋናታቱ«ነዚ ጻዕብ ስለምንታይ ትፈ
ትሕዎ አሎኹም?»በልዎም፤ንሳቶም ድማ«ጐይታ ይደልዮ አሎ»
በልዎም።ናብ ኢየሱስውን አምጽኡዎ።አብቲ ጻዕብ ክዳውንቶም
ምስ ጐዝዝሁሉ ኸአ ንኢየሱስ አብኡ አወጥሕዎ።ንሱ ኺኸይድ
ከሎ ኸዳውንቶም አብ መንገዲ አንጸፉ።ናብ ጥቓ ቕልቁል ደብ
ረዘይቲ ምስቀረበ እቶም ደቀመዛሙርቱ ብምሉአቶም በቲ ዝረአዩዎ
ኃይልታት ኪሕጐሱን ንአምላኸ ብዓብይ ድምፂ ኼመስግንዎን
ጀመሩ።«እቲ ብስምእግዚአብሔር ዚመጽእ ንጉሥ ቡሩኽ እዩ፥ሰላ
ም አብ ሰማይ፥ክብሪ አብ አርያም»እውን በሉ።አብ ማእከል እቲ
ሕዝቢ ዝነበሩ ገሊአቶም ፈሪሳውያን ከአ መምህር!ንደቀመዛሙርትኻ
ገሥፆም በልዎ።ኢየሱስ ከአ«እዚእቶም እኳ ሰኾ እንተበሉ እዞ
ም አአማን ኪጭድሩ እዮም እብለኩም አለኹ»ኢሉ መለሸሎም።

ኢየሱስ ናብታ ኸተማ ቐረበ፤ምስረአያ ኸአ ከምዚ ኢሉ አል
ቀሰላ«አየ!ንስኺ በዚ መዓልትዚ ሕጂ ንሰላምኪ ዚኸውን ነገር
ፈሊጥክዮ እንተትኾኒ!ሕጂ ግና ኻብ ዓይንኺ ተኸዊሉ አሎ።
ጸላእትኺ ቐጽሪ ቐጺሮም ዚኸቡኺ መዓልቲ ኸትመጽእ እያ እሞ
በዝን በትን ከአ ኪጽብቡልኪ እዮም።ዘመን ምሕረትኪ ሰአን ምፍ
ላጥክስ ነአኸን አባኺ ንዚነብሩ ደቅኸን ምስ ሓመድ ኪጽንብሩኺ፥
እምኒ አብ ልዕሊ እምኒውን አይኪሓድጉልክን እዮም»።
ኢየሱስ ናብ ቤትመቕደስ አትዩ ኸአ ነቶም ዚሸጡን ዚሻየጡን
ዝነበሩ«ቤተይ ቤትጸሎት ክትከውን እያ ዚብል ተጻሒፉ አሎ ን
ስኻትኩም ግና በዓቲ ጐሓሉት ገበርኩምዋ»እናበለ ኸውጽኦም፤ጀመረ

ዕለት ዕለት ከአ አብ ቤትመቕደስ ይምህር ነበረ።ሊቃነካህናትን
መምህራን ሕግን ዓበይቲ ሕዝብን ድማ ኪቐትልዎ ይደልዩ ነበሩ፤
ብዘሎ እቲ ሕዝቢ ግና ብተመስጦ ይሰምዖ ስለዝነበረ ዚገብርዎ
ሰአኑ።

መዝሙር፡በ፮ ባረኮ ያዕቆብ ለይሁዳ ወልዱ ወይቤሎ ሀሎ
ንጉሥ ዘይወጽእ እምኔከ ዘየሐጽብ በወይን ልብሶ ወበደመ አስካ
ል ሰንዱኖ ንጉሦሙ ለእስራኤል ውእቱ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።

ምልጣን፡ዘየሐጽብ በወይን ልብሶ ወበደመ አስካል ሰንዱኖ
ንጉሦሙ ለእሥራኤል ውእቱ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።
ምልጣን፡ ይብሉ ሆሣዕና በአርያም ይብሉ ሆሣዕና በአርያም።

ብወገን ሰሚን

ምስባክ፡(መዝ.፻፵፯)ትሴብሖ ኢየሩሳሌም ለእግዚአብሔር፤
ወሰብሕዮ ለአምላክኪ ጽዮን፤
እስመ አጽንዐ መናሥግተ ኆኃትኪ።

ዮሓንስ ፲፪፡፲፪-፳።

ንጽባሒቱ እቶም ንበዓል ዝመጽኡ ብዙኃት ሕዝቢ አም ስየ
አልዒሎም ኪቕበልዎ ወጽኡ።ዓው ኢሎም ከአ«ሆሣዕና እቲ ብ
ስም እግዚአብሔር ዚመጽእ ንጉሥ እስራኤል ብሩኽ እዩ»በሉ።
ከምቲ«አቲ ኢየሩሳሌም አይትፍርሒ!እንሆ ንጉሥኪ አብ ጻዕብ
አድጊ ተወጢሑ ይመጽእ አሎ»ዚብል ተጻሒፉ ዘሎ ኢየሱስ ጻ
ዕብ አድጊ ረኺቡ ተወጥሖ።ደቀመዛሙርቱ ነዚ ነገርዚ ቅድም አ
የስተውዓልዎን።ኢየሱስ ምስከበረ ግና ሽዑ ነዚ ነገርዚ ብዛዕብኡ
ኸምዝተጻሕፈ ንሳቶምውን እዚ ኸምዝገበሩሉ ዘከሩ።እቶም ንአልአዛር
ካብ መቓብር ጸዊዑ ካብ ምዉታት ኪተንሥኦ ኸሎ ምስኡ ዝነበ
ሩ ሕዝቢ ኸአ ይምስክሩ ነበሩ።ስለዚ እቶም ሕዝቢ እዚ ተአም
ራት እዚ ምግባሩ ሰሚዖም ኪቕበልዎ ወጽኡ።ሽዑ ፈሪሳውያን ነ
ሓድሕዶም«ሓንቲኳ ኸትገብሩ ከም ዘይትኸእሉ ትርእዩዶ አሎኹም?
እነሆ ብዓለሙ ደድኅሪኡ ይሰዕብ አሎ»ተብሃሃሉ።ካብአቶም በቲ
በዓል ኪሰግዱ ዝደየቡ ኸአ ገሊአም ግሪኻውያን ነበሩ።

መዝሙር፡በ፪ ባኡ ውስተ ሀገር ወበዊአክሙ ትረክቡ ዕዋለ
አድግ እሱረ ፍትሕዎ ወአምጽእዎ ሊተ።
ምልጣን፡ፍትሕዎ ወአምጽእዎ ሊተ፡ፍትሕዎ ወአምጽእዎ ሊተ፡

(ድሕርዚ መራሒ ይበል)

ሰላም፡በ፩ አልጺቆ ኢየሱስ ኢየሩሳሌም ርእያ ለሀገር ወይቤላ
ሶ በ ተአምሪ ጽዮን ነዋ ንጉሥኪ በጽሐ ብርሃንኪ ዮም ሰላምኪ።
ምልጣን፡ወይቤላ ሶበ ተአምሪ ጽዮን ነዋ ንጉሥኪ በጽሐ ብር
ሃንኪ ዮም ሰላምኪ ተፈሥሒ በሕዝብኪ ዮም ሰላምኪ ይትኀፈሩ
ጸላእትኪ ዮም ሰላምኪ ሰላምኪ ሰላምኪ ዮም ሰላምኪ።

*(አብ ቅድሚ ማዕዶ ቤተክርስትያን ካህን ብውሽጢ ኮይኑ፤
ዲያቆን ብግዳሙ ንማዕዶ እናኳሕኮሐ)*

Scanned with CamScanner

ይ.ዲ. አርኅዉ ኖኃተ መኳንንት፤ አርኅዉ ኖኃተ መኳንንት፤ አርኅዉ ኖኃተ መኳንንት።

(ካህን ብውሽጢ ኮይኑ በዚ ዚስዕብ ዜማ ይቀባበሎ)

ይ.ካ. መኑ ውእቱ ዝንቱ ንጉሠ ስብሐት፤ መኑ ውእቱ ዝንቱ ንጉሠ ስብሐት፤ መኑ ውእቱ ዝንቱ ንጉሠ ስብሐት።

(አብ ሣልሳይ ግዜ ዲያቆን ዚምልሾ)

ይ.ዲ. እግዚአብሔር አምላከ ኀያላን ውእቱ ዝንቱ ንጉሠ ስብሐት አርኅዉ ኖኃተ መኳንንት።

(ካህን መዓጹ ቤተክርስትያን እናሽፈተ ዜዚሞ፡-)

ይ.ካ. ይባእ ንጉሠ ስብሐት፤ ይባእ አምላከ ምሕረት።

(ካልኦትውን ብዜማ ይቕበሉዎ፤ በዚ ከአ ሥርዓተ ሆኅዕና ተዛዚሙ።)



ዘሰሙነ ሕማማት

ዘቅዳሴ

ሰኑይ

(ክንዲ ጳውሎስ ሓዋርያ)

ኢሳይያስ ፶፡፭-፱፤

እግዚአብሔር አምላኽ ምእንቲ ክሰምዕ እዝነይ ከፈተለይ፤ አነውን አይአበኹን፥ አየድሓርሓርኩን፤ ዝባነይ ንገረፍቲ፤ ምዕጕርተይ ንነጸይቲ ፀጕሪ ሃብኩ፤ ኪጸርፉንን ጡፍ ኪብሉለይ ከለዉን ገጸይ አይከወልኩን ልዑል እግዚአብሔር ስለዝረድአኒ፥ ብጸርፎም ተጓእ አይበልኩን። ንገጸይ ከም እምኒዓረ ገበርኩዎ፤ ከምዘይሓፍር ከአ እፈልጥ እየ። ከመይ እግዚአብሔር ቀረባ እዩ፤ ጻድቕ ከምዝኾንኩ ከአ ኪምስክረለይ እዩ። ኪማጐተኒ ዚደሊ እንተሎ ይምጻእሞ አብ ፍርዲ ብሓደ ንቐም። መንከ እዩ ተጻራርየይ? ጭብጡ ሒዙ ይቕረብ። እንሆ እግዚአብሔር አምላኽ ረዳእየይ እዩ፥ ዚኹንነኒ ደአ መን እዩ? እነሆ! ኵሳቶም ከም ዓለባ ኪበልዩ፥ ባልዕውን ኪበልዖም እዩ።

ምስባክ (መዝ.፹፪)

እስመ ተማከሩ ኅቡረ ወዐረዩ፤
ላዕሌከ ተሰካተዩ ወተካየዱ፤
ተዓይኒሆሙ ለኤዶምያስ ወለእስማኤላውያን።

ማቴዎስ ፳፮፡፲፯-፲፱። ቅዳሴ ዘዮሓንስ አፈወርቅ

ሠሉስ

(ክንዲ ጳውሎስ ሓዋርያ)

ኦሪት ዘፍጥረት ፳፪፡፯-፲

አብርሃም ድማ ነቲ ዚሓርር መሥዋዕቲ ዚኸውን ዕንጨይቲ ወሲዱ፤ ንወዱ ይሥሓቕ አሸከሞ። ሓውን ካራን ድማ ወሰደ፤ ክልቲኦም ድማ ብሓደ ከዱ። ይሥሓቕ ነቦኡ አብርሃም «አቦየ!» ኢሉ ጸውዖ፤ አብርሃም ከአ «እነሆኹ ወደይ!» በሎ፤ ይሥሓቕ ድማ «ሓውን ዕንጨይትንሲ እነሆ፥ እቲ ንዚሓርር መሥዋዕቲ ዚኸውን በጊዕ ደአ አበይ አሎ?» ኢሉ ሓተቶ። አብርሃም ከአ «ወደየ! እቲ ንዚሓርር ንመሥዋዕቲ ዚኸውን በጊዕሲ አምላኽ ባዕሉ ኪኃልዮ እዩ» ኪብል መለሸሉ። ክልቲኦም ድማ ብሓደ ከዱ። አብርሃምን ወዱን ድማ ናብታ አምላኽ ነብርሃም ዝሐበሮ ቦታ በጽሑ፤ አብርሃም ድማ አብ

Scanned with CamScanner

አ መሠውዒ ሰርሐ፤ ዕንጨይቲ ከአ ጸፍጸፈሉ፤ ንወዱ ይሥሓች አ ሲሩ ድማ አብቲ መሠውዒ በጥ አበሎ፥አብርሃም ድማ ንወዱ ኪ ሓርድ ካራ ወሰደ።

(አብ ክንዲ ግብረሓዋርያት)
ኢሳይያስ ፶፫፡፩-፭

ነዚ ምስክርና መን አመኖ?አብዚ ነገርዚ ኃይሊ ቅልጽም እግ ዚአብሔር ከምዘሎ ንመን ተጋህደሉ?ባርያኡ ከም ጨንፈርን ከም ቲ ካብ ንቹጽ ምድሪ ዚወጽእ ሡርን ኪጭብጭብ ፍቓድ እግዚአ ብሔር ነበረ።መልክዕን ውቃበን አይነበሮን፤ምስ ረአናዮ ዜብህገና ትርኢት አይነበሮን።ንዑችን ብሰብ ድርቡይን ነበረ።በዓል ስቓይ፥ ብሕማም ዝላደየ ከምቲ አብ ቅድሚኡ ገጾም ዚጕልብብሉ ሰብ ዝተዋረደ ነበረ።ንሕናውን ምስገለኳ አይቈጸርናዮን።ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ያሮ፤ ንስቓይና ከአ አብ ነብሱ ጸዓኖ፤ ንሕና ግና ብእግ ዚአብሔር ከምዝተወቕዐን ከምዝተቸዝፈን ገይርና ቈጸርናዮ፤ ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፥ብሰሪ አበሳና ድማ ተኸትከተ፥ንሕና ሰላ ም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፤ ንሕናውን ብስም ብራቱ ሓወና።

ምስባክ (መዝ.፺፫)

ወይንዕዋ ለነፍሰ ጻድቅ፤
ወይኩንን ደመ ንጹሐ፤
ወኮነኒ እግዚአብሔር ጸወንየ።

ማርቆስ ፲፬፡፩-፲፪። ቅዳሴ ዘዮሓንስ አፈወርቅ።

ረቡዕ *(ከም ናይ ሠሉስ እዩ)*

ጸሎተ ስግደት

ካብ ሠርክ ሆሣዕና ጀሚሩ ክሳብ ቀዳም ሥዑርፈሰሙን ሕማማትኦ ተባሂሉ ይጽዋዕ።ስለዚ አብ መዓልታት ሰኑይ ሠሉስ ረቡዕ እውን ናይ ስግደትን ጸሎትን ሥርዓታት ይፍጸም እዩ።ነናይ መዓልቱ ሥርዓታት ንባባትን (ብዘይ ካ ናይ ጸሎተሓሙስ ፈሕፈበተእግርኦናቱ ዘለዎ) ከምዚ ዚስዕብ እዩ።ናይ ጸሎት ሰዓታት፥ነግህ ዘሠለስቱ ዘስድስቱ ዘተስዓቱ ሰዓት (ከምኡውን ዘዐ ሠርቱ ወአሓዱ ሰዓት) ተባሂሉ ይመቓቕል።

በብዕለቱ ሕዝቢ ምስተጋብአ መዝሙረ ዳዊት ከምኡውን ጸሎተ ውዳሴ ማርያም የብጽሑ፡ድሕሪኡ በዚ ዚስዕብ ይቕጽሉ።

ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
አማኑኤል አምላኪየ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዘ ለዓለም ዓለም።

ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
ኀይልየ ወጸወንየ እስመ ኮንከኒ ረዳእየ እብል በአኰቴት፡አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ፤ ትምጻእ መንግሥትከ ወይኩን ፈቃድከ፡ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር።ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም።ኀድ ግ ለነ አበሳነ ወጊጋየነ፤ ከመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘአበሰ ለነ።ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት።አላ አድኀነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩይ። እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት፤ ኀይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።

ለአምላክ	ይደሉ	ክብር	ወስብሐት	ወዕዘዝ	ለዓለም	ዓለም
ለሥሉስ	»	»	»	»	»	»
ለማሕየዊ	»	»	»	»	»	»
ለዕዘዙ	»	»	»	»	»	»
ለመንግሥቱ	»	»	»	»	»	»
ለምኵናኑ	»	»	»	»	»	»
ለኢየሱስ	»	»	»	»	»	»
ለክርስቶስ	»	»	»	»	»	»
ለሕማሙ	»	»	»	»	»	»

(፫ ጊዜ ይበሉ)

ለከ ይደሉ ኀይል፡ ለከ ይደሉ ስብሐት፡ ወለከ ይደሉ አኰቴት፡ ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም።

ንባባት

ሰኑይ

ዘ፩ ሰዓት	ዘ፫ቱ ሰዓት	ዘ፮ቱ ሰዓት	ዘ፱ቱ ሰዓት
ዘፍጥ.፩፡፩-፴፭	ኢሳ.፭፡፳፩-፳፰	ዘፀ.፴፪፡፯-፲፭	ዘፍጥ.፪፡፲፭-፳፫
ኢሳ.፭፡፩-፱	እዩ.፪፡፳፩-፳፰	ጥበብ ፩፡፩-፲	ዘፍጥ.፫፡፩-፲
ሢራ.፩፡፩-፳፭	ኢዩ.፫፡፩-፳፩	መዝ.፻፳፪፡፬-፭	ኢሳ.፵፡፩-፰
መዝ.፸፪፡፲፰-፲፱	ኤር.፱፡፲፪-፲፱	ዮሓ.፪፡፲፫-፲፯	ምሳ.፩፡፩-፱
ማርቆስ፲፩፡፲፫-ፍጻ.	መዝ.፻፳፪፡፩-፪		መዝ.፰፭፡፭-፮
	ማቴ.፳፩፡፲፰-፳፪		ማቴ፳፭፡፳፫-፳፯

ሠሉስ

ዘ፩ ሰዓት			
	ዘፀ.፲፱፡፩-፰	ኢሳ.፩፡፳፩-፴፩	መዝ.፴፭፡፬-፭
	ኢዮ.፳፫፡፩-ፍጻ	ሆሴ.፬፡፩-፰	ማቴ፳፮፡፩-፮

Scanned with CamScanner

ሠሉስ

ዘ፫ቱ ሰዓት	ዘ፮ቱ ሰዓት	ዘ፱ቱ ሰዓት
ዘዳግ.፰፡፲፩-፲፱	ሕዝ.፳፩፡፫-፲፯	ዘፍጥ.፮፡፭-፳፪
ሚራ.፫፡፩-፲፮	ሚራ.፬፡፩-፲፪	ዘፍጥ.፰፡፱-፳፪
መዝ.፻፲፱፡፩-ፍጻ	መዝ.፲፰፡፲፯-፲፰	ምሳ.፱፡፩-፲፪
ማቴ.፳፫፡፴፫-፴፱	ዮሐ.፰፡፲፪-፳	ኢሳ.፵፡፱-፴፩
		ዳን.፮፡፪-፳፰
		መዝ.፳፭፡፩-፪
		ማቴ.፳፬፡፫-፴፭

ረቡዕ

ዘ፩ ሰዓት	ዘ፫ቱ ሰዓት	ዘ፮ቱ ሰዓት	ዘ፱ቱ ሰዓት
ዘፀ.፲፯፡፩-፯	ዘፀ.፲፫፡፲፯-፳፪	ዘፀ.፲፬፡፲፫-፴፩	ዘፍጥ.፳፬፡፩-፱
ኢሳ.፪፡፩-፲፩	ሚራ.፳፪፡፩-፲፭	ሚራ.፳፫፡፩-ፍጻ.	ዘኍ.፳፡፩-፲፫
ምሳ.፫፡፩-፲፭	መዝ.፵፩፡፮-፯	መዝ.፵፩፡፭-፮	ምሳ.፩፡፲-፴፫
ሆሴ.፭፡፲፫-፲፭	ሉቃ.፳፪፡፩-፮	ሉቃ.፯፡፴፮-፶	መዝ.፹፫፡፪-፫
መዝ.፹፫፡፭-፮			ማቴ.፳፮፡፩-፲፮
ዮሐ.፲፩፡፴፮-፶፬			

ኃሙስ

ዘ፩ ሰዓት	ዘ፫ ሰዓት	ዘ፮ቱ ሰዓት	ዘ፱ቱ ሰዓት
ዘፀ.፲፯፡፰-፲፮	ዘፀ.፴፪፡፴-፴፭	ኤርም.፯፡፫-፲፫	ዘፍጥ.፳፪፡፩-፲፱
ግ.ሐ.፩፡፲፭-፳	ዘፀ.፴፫፡፩-፫	ሕዝ.፳፡፴፱-፵	ኢሳ. ፰፩፡፩-፯
መዝ.፶፭፡፳፩-፳፪	ሚክ.፪፡፫-፲፫	ሚክ.፪፡፯-፲፫	እዮብ ፳፯፡፩-፳፫
ሉቃ.፳፪፡፩-፲፬	ሚራ.፳፬፡፩-ፍጻ.	ሚክ.፫፡፩-፯-፲፰	ኢዮብ ፳፰፡፩-፲፫
	መዝ.፶፬፡፳፩-፳፪	ሰፎ.፩፡፩-፯-፲፰	ሚል.፩፡፱-፲፬
	ማቴ፳፮፡፲፯-፲፱	ሚራ.፲፪፡፩-ፍጻ.	ሚል.፪፡፩-፰
		መዝ.፴፩፡፲፫-፲፬	መዝ.፳፫፡፪-፪
		ማር.፲፬፡፲፪-፲፮	ሉቃ.፳፪፡፩-፲፫

ድሕሪ ንባባት ብሉይን ወንጌልን አብ ገጽ 38-39 ዘሎ ስእለታት ወይ ልመናታት «በእንተ ጽንዐ ዛቲ» ዚብል ከም ሥርዓቱ የብጽሑ ድሕሪኡ፡-

(ብየማን ዘለዉ ይበሉ)

ክርስቶስ አምላክነ ዘመጽአ ወሐመ በእንቲአነ
በሕማማቲሁ ቤዘወነ።

(ብፀጋም ዘለዉ ይመልሹ)

ንሰብሖ ወናልዕል ስሞ ኀቡረ እስመ ውእቱ ገብረ
መድኃኒተ ለዓለም ዓለም።

*(ነዚ ዚስዕብ አብ ክልተ ወገን ተሽፈሎም፤ክልተ ግዜ
እናተሽታተሉ፤ሓደ ግዜ ከአ እናተቐባበሉ የዚሙ።)*

ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን
»	»	እብኖዲ ናይናን	»
»	»	ታኦስ »	»
»	»	ማስያስ »	»
»	»	ኢየሱስ »	»
»	»	ክርስቶስ »	»
»	»	ኣዶናይ »	»
»	»	ኣማኑኤል »	»
»	»	ጻበኦት »	»
»	»	ደስቡጣ »	»

*(በብወገናም ብሓደ ወገን ዕሥራ ግዜ፤በቲ ካልእ ወገን
ድማ ዕሥራን ሓደን ስለዚ 41 ግዜ «ኪርያላይሶን» የዚሙ)*

ጸሎተ ቡራኬ

ኦማኅበራኒሁ ለክርስቶስ እለ ተጋባእክሙ ውስተ ዛቲ ኤላሙ
በእንተ ላሐ ሕማሙ፤ወበእንተ ስቅለቱ ወሞቱ ወርግዘተገቦሁ ወክ
ዕወተደሙ ለሕዝበ ኢይሁድ በፋሲካሆሙ አመ አግብእዎ እሉ ው
ስተ እደ ኃጥኣን በቅንኣቶሙ።ይትወከፍ እግዚአብሔር ድካመክሙ
ወጸሎተክሙ ወመዝሙረክሙ ወኵሎ ጻማክሙ እምኅሊናሥጋ
ወኅሊና መንፈስ ኵሎ ኀሠሣቲክሙ በሥምረቱ ይፈጽም ለክሙ።
ተስፋትንሣኤ የሀብክሙ፥ቃለፍሥሓ ያስምዕክሙ፥በሣህሉ ወበምሕ
ረቱ ይክድንክሙ።በከመ ሐወጾሙ ለአርዳኢሁ የሐውጽክሙ ለይሱቅ
ትንታኔክሙ፤ወይናዝዝ ትካዘክሙ ወያጽንዕ ድካመክሙ።ምስለ ኣ
ነ እኁክሙ ጥቡዕ ለመልእክትክሙ።ወምስለ ኵሎሙ እለ ተማሕፀኑ
ዘርሑቅ ወዘቅሩብ በኀይለጸሎትክሙ፡ከመ ይደመሩ አመ ይመጽእ
እግዚእክሙ በዕለተመርዓሁ ምስሌክሙ ውስተ ጉባኤሆሙ ለአበዊክ
ሙ በየማኑ ያቅምክሙ ቤተተድላሁ ያብእክሙ ለዓለመ ዓለም።
ይ.ሕ.፡- አሜን።

(ወይ ከአ እዚ ዚስዕብ ጸሎተ ቡራኬ)

ይ.ካ. ነዋ በግዑ ለእግዚአብሔር ዘያአትት ኃጢአተዓለም ዘፆረ ሕ
ማማተ መስቀል በእንቲአነ፤ወአግዐዘነ እምኣርዑተ ኃጢአት፤ወአንገፈነ
እም እደሠይጣን በደሙ ክቡር ወበመስቀሉ ማሕየዊ፤ተወከፍ ኀቤከ

Scanned with CamScanner

ጻማን ወተወከፍ እንከ ጸሎተነ።ወቀጥቅጥ ኃይሎ ለጸላኢ ታሕተ እገሪ ነ፤ወብትክ እከየ መሣግሪሁ እንተትጸብአነ።ወአፈጽመነ ዛተ ሰሙነ በዳ ኅና ወበሰላም።ወአርእየነ ብርሃነ ትንሣኤከ ቅድስት በፍሥሓ ወበሓ ሤት በስእለታ ወበአስተብቍዖታ ለእግዝእትነ እንተ ትገብር በእንቲአ ነ፤ወበጸሎተ ኵሎሙ ቅዱሳን ወሰማዕት።

ይ.ሕ. አሜን።

ቡራኬ

(ብትግርኛ)

አብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኃበርኩምን አብዚ ዝተአከብኩምን አኅዋ ተይ፤ነቲ አይሁድ ብግዚ ፋሲካኦም ብቅንአት አሕሊፎም እንኪህቡዎ ጉይታና ዝተቐበሎ መከራ፤ጉድኑ መውጋእቱን ምፍሳስ ደሙን ሞቱን ብምሕሳብ ኢኹም ተአኪብኩም ዘሎኹም።

ስለዚ ድማ እግዚአብሔር ድኻምኩምን መዝሙርኩምን ጸሎትኩምን ስግደትኩምን ይቀበለልኩም፤ብኅሊና ሥጋን ብኅሊና መንፈስን እትምነዩዎ ሠናይ ኵሉ ብፍቓዱ ይፈጽመልኩም፤ተስፋ ትንሣኤ የሃብኩም፤ድምጺ ታሕጓስ የስምዕኩም፤ብሣህሉን ብምሕረቱን ይኸደንኩም፤ንደቀመዛሙርቱ ብጸጋኡ ከምዝበጽሖም ነአኻትኩምውን ብሞገሱ ይብጻሕኩም፤አብ ኃጢአት ንኸይትወድቁ ይደግፍኩም፤አብ ሓዘን የጽንዕኩም አብ ድኻ ም የበርትዕኩም።

ነአኻትኩም ንምግልጋል ስንድው ንዝኾንኩ ነአይ ሓውኹም ምስ ኵሎም አብ ርሑቕን ቀረባን ኮይኖም አብ ጸሎትኩም ዝተማሕፀኑ አኅዋትና፥ጉይታና ብደስታ ብዚመጸሉ ሰዓት ምሳኻትኩም ይጸንብሮም አብ የማኑ የቕምኩም፤አብ ናይ ታሕጓስ ቤቱ የብእኩም ንዘለዓለም ዓለም አሜን።

(ካልእ ጸሎተ ቡራኬ).

እነሆ እምበአር እቲ ናይ ዓለም ኃጢአት ዚድምስስ ናይ እግዚአብሔር በጊዕ ምእንታና መከራ ተቐቢሉ፤ካብ አርዑት፡ኃጢአት ሓራ አውጺኡና፤ ካብ ኢድ ሠይጣን መንዚዑውን በቲ ክቡር ደሙን፥መድኃኒት ዝኾነ መስቀሉን ፈዊሱና፣

ኦጉይታ፤ድኻምናን ጸሎትናን ተቐበለልና ንኃይሊ ጸላኢና ዲያብሎስ ብእግርና ከምእንረግጽ ግበረና፤እቲ ወትሩ ዚጸብአና ክፉእ መጻወድያታቱ አርሕቕልና፤ነዛ ሰሙንዚአ ኽአ ብሰላምን ብሓድነትን ብፍቕርን ብደ ሓን አፈጽመና።

ብናይ እግዝእትነ ማርያም ጸሎትን፥ብናይ ቅዱሳንን ሰማዕታትን አማልድነትን ቅድስቲ ብርሃነ ትንሣኤኻ ብፍሥሓን ብደስታን አርእየና። አሜን።

ጸሎተ ኃሙስ

ዘቅዳሴ

አብ ክንዲ«እግዚኦ ተሠሀለነ» «አቡነ ዘበሰማያት»ትብል።አብ ጸሎተሃይማኖት ድማ ክሳብቲ«ሐመ»ዚብል ጥራሕ ይድገም።

ንባባት፡፩ቆሮ.፲፩፡፳፪-፴። ፩ጴጥ.፪፡፲፪-፳፭። ግ.ሓ.፳፯፡፰-፴፫

ምስባክ፡(መዝ.፳፪)ወሠራዕከ ማእደ በቅድሜየ፤
በእንጻረሆሙ ለእለ ይሳቅዩኒ፤
ወአጽሓድከ በቅብእ ርእስየ።
ሉቃስ ፳፪፡፩-፴።
ቅዳሴ ዘኤጲፋንዮስ።

ዘሕፅበተ እግር (ዘ፱ቱ ሰዓት)

ካህናትን ሕዝብን ምስተአኻከቡ አብ ክልተ ዓበይቲ ሸሓኒ ማይ የስና ድዉ።እቲ ሓደ መሕፀብኢድ እቲ ካልእ ከአ መሕፀብእግሪ እዩ።

ሥርዓተቅዳሴ ይአትዉ።«አሓዱ...»ከይበልካ ትኽ ኢልካ«ተንሥኡ ለ ጸሎት...ነአኵቶ...»ተብጽሕ።ቀጺልካ ጸሎተዕጣን ደጊምካ ንባባተ መ ጻሕፍትን ጸሎተኪዳንን አኽቲልካ ወንጌል ይንበብ።

ንባባት፡፩ቆሮ.፲፩፡፳፫-፳፮። ፩ዮሓ.፭፡፭-፲። ግ.ሓ.፳፮፡፴፫-፴፰።

ምስባክ፡(መዝ.፶)ትነዝሓኒ በአዛብ ወእነጽሕ፤
ተሓፅበኒ ወእምበረድ እጸዓዱ፤
ታሰምዐኒ ትፍሥሕተ ወሓሤተ።
ዮሓ.፲፫፡፬-፲፮።

ድሕሪ ንባብወንጌል ካህን ነዚ እናደገመ ንማይ ይባርኽ(፫ተ ግዜ)፡-

-ቡሩክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ዓለም አምላክነ፤
-ወቡሩክ ወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እማርያም እምቅድስት ድንግል ለመድኃኒተ ዚአነ፤
-ወቡሩክ መንፈስቅዱስ ጸራቅሊጦስ መጽንዒ ወመንጽሒ ለኵልነ፡
-ስብሓት ወክብር ለሥሉስ ቅዱስ አብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም።

ይ.ሕ. አሜን።

ድሕርዚ ብልዑል ድምጺ«አሓዱ አብ ቅዱስ...»ካህንን ሕዝብን እና ተቐባበሉ ካህን ንማይ ብመስቀል የዓትቦ።አዚዎም ምስወድኡ፤ብካህናት ጀሚርካ ኵሉ ሕዝቢ ሥርዓት ሕፅበተእግር ይፍጸመሉ።

ብግዚ ሕፅበተእግር ዚዝየም፡-

Scanned with CamScanner

ክብር ይእቲ ዛቲ ለኵሉ ጻድቃኑ፤
ሓዋርያቲሁ ከበበ እግረ አርዳኢሁ ሐፀበ፤ኮኖሙ አበ ወእመ፣
ወመሀሮሙ ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ ለእግዚአብሔር በቅዱሳኑ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በጽንዐ ኃይሉ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በክሂሎቱ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በከመ ብዝኀ ዕበዩ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በቃለ ቀርን ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በመዝሙር ወበመሰንቆ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ...ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በከበሮ ወበትፍሥሕት ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ...ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በአውታር ወበእንዚራ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ...ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በጸናጽል ዘሠናይ ቃሉ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ...ጥበበ ሃሌሉያ፤
ሰብሑዎ በጸናጽል ወበ ይባቤ ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ኵሉ ነፍስ ይሴብሖ ለእግዚአብሔር ሃሌሉያ። ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ስብሓት ለአብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ ሃሌሉያ፣ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤
ለዓለም ወለዓለመ ዓለም ሃሌሉያ፤ ሓዋርያቲሁ.....ጥበበ ሃሌሉያ፤

በ፩ ሃሌሉያ፣ሐፀበ እግረ አርዳኢሁ ወይቤሎሙ አነኒ ሐፀብኩ
እገሪክሙ አንትሙኒ ከመዝ ግበሩ ለቢጽክሙ።



ዘዓርብ ስቅለት

ሰላም ዘመንፈቀ ሌሊት።

-ዘማርያም-

ሰላም ለኪ ማርያም ስብሕት ቀስተ መሐላሁ ለኖኅ፤
ውስተ ገጸ ምድር ዳግመ እምደመና ላሕ፤
ኢያንጠበጥብ ዝናመ አይኅ።- ሰላም ለኪ፤
ማርያም ጎሞር ወላዲተ ክርስቶስ መና፤
እንበለ ዘርእ በድንግልና፤
በገዳም ወበደብረ ሲና። - ሰላም ለኪ።
ለሊቀ ካህናት አሮን ማርያም ልብሱ፤
ወጸናጽለ ወርቅ ብኪ ዘይሰኪ በናእሱ፤
ከመ ትድምጺ ጊዜ ያንሶሱ።- ሰላም ለኪ።
ማርያም ገነቱ ለወልደ ኢያሬስ ወሬዛ፤
ዘተረክበ ብኪ ለድኂን ወቤዛ፤
ፍሬ ጻድቅ ምስለ መዓዛ። - ሰላም ለኪ።
ማርያም ርግብ ዘወደሰኪ መጽሐፍ፤
በሐመልማለ ወርቅ ጽሩይ ወብሩር ንጡፍ፤
ስርግው ምስለ አክናፍ። - ሰላም ለኪ።
ማርያም ባሕርይ ጽድልተ ንጻሬ ወዜና፤
እምጸዳለ ዕንቍ በማኅፀና፤
ዘትወልድ የፈ ብርጋና። - ሰላም ለኪ።
ማርያም ሀብኒ ልብሰ ትፍሥሕት ወተድላ፤
ከመ ወሀብኪዮሙ ቅድመ ምስለ መሐለ፤
ለደቅስዮስ ወለኒቆላ። - ሰላም ለኪ።
ቅድሜየ ቁሚ ማርያም ለለ ጊዜ እቀብጽ ተስፋ፤
የፈ ተአምርኪ ርግብ እንዘ ትሰፍሕ ክንፋ፤
ከመ ቆመት ቅድመ ከሊፋ። - ሰላም ለኪ።
ማርያም አብሕኒ ዘአባሕኪዮሙ ሶበ ኀቤኪ ጸልዩ፤
ለመነኮሳት ዘግብጽ መጠነ ኀለዩ፤
ሰይጣነ ከመ ይቅንዩ። - ሰላም ለኪ።
ወልድኪ ነፍሳተ ሶበ አርአየኪ በእሳተ ኵነኔ ዘሐሙ፤
ማርያም ትብሊ በእንቲአሆሙ፤
ቅትለኒ ለቤዛሆሙ። - ሰላም ለኪ።
ታስትዩዮ ማየ በአሣእንኪ ለጽሙእ ከልብ፤
ከመ ተራኅራኅኪ ቅድመ ማርያም ርግብ፤
ተራኅርኂ ለቤዛ ሕዝብ። - ሰላም ለኪ።
ማርያም ጸግዊ ለደቂቀ ዛቲ ምሥያጥ፤
እምንዋየ ጽድቅኪ ብዙኅ ወአኮ ኅዳጥ፤
ቅድመ ይፀራዕ መዋዕለ ሤጥ። - ሰላም ለኪ።

Scanned with CamScanner

ድካመ ጌጋይነ ትማእ ጽድት ዚአኪ በጽንዓI
* መዳልወ ጥበብ ሶበ መልአI
ሰማኒተ ነፍሳተ ወሰብዓI
ሕፍነ ማይ ኀየለ ሞገዐ። – ሰላም ለኪ

–ስብሐተ ክርስቶስ–

ስብሓት ለክ ተዘክርኩ በሌሊት ብዙኀ ትሕትናክ እንተየዐዱ እምዕትምI
ጊዜ የኣኀዙክ መጽኡ ሠገራተ ርምI
ኢየሱስ ንጉሠ ሰላም።– ስብሐት ለክ
እንተ ኀለፍክ ሌሊተ አመ የአምር ይሁዳI
ለጌቱሴማኒ ውስተ ዐፀዳI
ቅመ ትጹር ክበደ ዕዳ። – ስብሐት ለክ።
አመ የእኀዙክ መጽኡ በመኃትወ ጽጉ ወፓናI
ካህናተ አይሁድ ቀያፋ ወሐናI
በዘሠርዉ ምክረ ሙስና። – ስብሐት ለክ።
እንተ ትኄይስ እምኔሁ ፍቅዐታተ ምእመን ዐርክII
ስዕመተ ይሁዳ ኮነ አምሳለ ነሲክI
ኢየሱስ ወልደ አምላክ።– ስብሐት ለክI
ደዌነ ነሣእክ ወኀጢአተነ ጸርክ፥
ከመ ተኀበዩ ነቢያት በእንቲአክ፥
ኀጢአት እንተ አልብክ። – ስብሐት ለክ።
ሚመጠነ ተዐበዩ ውተዐየሩ ላዕሌክ፥
መኑ ኩርዐክ ርእሰክ፥
ተኀበይ እስክ ይብሉክ።– ስብሐት ለክ።
መንፈቀ ሌሊት ድኅረ ጊዜ ይክውን ወውዖ፥
* ቤተክ ነሀሉ በተጋብኦ፥
ሶበ ሰአልናክ በአስተብቁዖ፥
አርኀመነ እግዚኦ እግዚኦ። – ስብሐት ለክ።
ዘበሰማያት አቡነ ወዘበምድር ዓዲ፥
ግብተ እንበለ ታጕንዲ፥
ዘታብዕል ወዘታነዲ። – ስብሐት ለክ።
ይትቀደስ ስምክ እግዚኦ ዘኢትመውት ሕያው፥
በኦፈ ኮኑ ፍጥረት በበመታልው፥
በክሳሕ ወበንቃው። – ስብሐት ለክ።
መንግሥትክ ትምጻእ እግዚኦ ወትእምርትክ ሠናይI
በምድር እንተ በሰማይ፥
እግዚእ ወአዶናይ።– ስብሐት ለክ።
ሲሳየነ ኮኑ ወዘልብነ ይፈቱI
እግዚኦ ሀበነ ጸጋ በዘንቱI
ዘየአክል ለለዕለቱ። – ስብሐት ለክ።
አበሳነ ስረይ እግዚኦ ወዳኅኅቲነ እም ሕግI
ብዙኀ ምሕረት አንተ ከመ ማየ ዓይግI
ወየዋህ እንበለ ጹግ።– ስብሐት ለክ።
ከመ ንሕነኒ ንኅድግ አበሳ ዘቢጾነ አበሰI

ፍጥር ለነ ኀሊና ቅዱስI
ወልበ መስተዳግሥ። – ስብሐት ለክ።
ኢታብእነ እግዚኦ ውስተ መንሱት ብዙኀI
ዘኢትነውም ሕቀ ኖላዊ ትጉህI
በሠርክ ወበፍና ነግህ። – ስብሐት ለክ።
ኣድኅነነ ዘልፈ እግዚኦ ለመልኣከ ጽልመት እምቀትሉI
ወባልሐነ እምእኩይ ኮኑI
ለዓለም እንተ ትሄሉ። – ስብሐት ለክ።
ላዕለ ብዙኀ ኣድኅኖ ወዲበ ኮኑ ሰላምI
እስመ ዚአክ መንግሥት ግሩምI
ለዓለም ወለዓለም ዓለም። – ስብሐት ለክ።
ዘመሀረነ ወልድክ ጸሎተ ቅዱሳን እንግልጋI
* ሶበ ንጼሊ እንበለ ንትጋI
እግዚኦ ሀበነ ሞገሰ ወጸጋI
ያድኅነነ እምግባር ዘሥጋ። – ስብሐት ለክ።

–ስብሐተ ሥላሴ–

ስብሐት ለክሙ ሥሉስ ቅዱስ ኣዕማደ ብሩህ እሳትI
እስርኤልሀ እንበለ ዕቅፍትI
ዘመራሕክሙ ፍና ሌሊት። – ስብሐት ለክሙ።
ሰምሀሮ ሥልስት ሥላሴ በሌሊተ ጥምቀት ሐዲስ፡
ዘእስተርእይክሙ ውስተ ዮርዳኖስI
በእምሳል ዘይሄለስ። – ስብሐት ለክሙ።
ዐቀብተ ሶጥ ሥላሴ በኀይልክሙ ውዑይI
ሌሊት ይኩን ከመ መዓልት ውናይI
ወወርኀ ከመ ፀሐይ። – ስብሐት ለክሙ።
ኣዕይንተ ሰብእ ሥላሴ ከመ ኢይስፍን ጽልመትI
እለ ታብርሁ በኵላ ሌሊትI
ወርኀ ከመ ፀሐይ። – ስብሐት ለክሙ።
መኳንንተ ጽልመት ኣእላፍ እለ ኀቡረ ዐለዉI
* ይትትሉኒ ግብተ እስመ ፈተዉI
ውስተ ኣብያቲነ ሥላሴ እትዉI
ወምስሌነ ሀልዉ። – ስብሐት ለክሙ።

Scanned with CamScanner

ዓርብ ዘነግህ

ካህናትን ሕዝብን ምስተኣኻከቡ፡ዳዊት ውዳሴማርያም ናይ ዕለቱ የብጽሑ። ንዜማ ምቅብባል ምእንቲ ኪጥዕም ብኽልተ መሥርዕ ይሥርዑ፡ድሕርዚ መራሕን ተመራሕን ነዚ ዚስዕብ የዚሙ፤ሕዝቢ ከአ ደድሕሪኦም ይብል።

ይ.ካ. ይምሓረና ይሠህለና.....ብመስቀሉ ይትቤዘወና አቡነዘበሰማያት..

በ፱ ሃሌ ሃሌ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሃሌ ሃሌ ሉያ፡ ሃሌ ሃሌ ሃሌ ሉያ። ነአምን ነአምን ነአምን፤ሕማሞ ለዘኢየሐምም ርግዘተ ገቦሁ ነአምን፡ ወቅንዋተ እደዊሁ ነአምን፡ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ ነአምን ሞቶ ወትንሣኤሁ።

ብምቅብባል ፫ተ ጊዜ ይበሉ።

ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
አማኑኤል አምላኪየ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለም ዓለም።
ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
ኀይልየ ወጸወንየ እስመ ኮንከኒ ረዳእየ፤እብል በኣኰቴት፡አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ ትምጻእ መንግሥትከ ወይኩን ፈቃድከ፡ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር።ሲሳየነ ዘለለ ዕለትነ ሀበነ ዮም።ኀድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ፤ከመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘአበሰ ለነ።ኢታብኣነ እግዚኦ ውስተ መንሱት፤አላ አድኅነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩይ፥ እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት፤ኀይል ወስብሐት ለዓለመዓለም።

ለአምላክ	ይደሉ	ክብር	ወስብሐት	ወዕዘዝ	ለዓለም	ዓለም
ለሥሉስ	»	»	»	»	»	»
ለማሕየዊ	»	»	»	»	»	»
ለዕዘዙ	»	»	»	»	»	»
ለመንግሥቱ	»	»	»	»	»	»
ለምኵናኑ	»	»	»	»	»	»
ለኢየሱስ	»	»	»	»	»	»
ለክርስቶስ	»	»	»	»	»	»
ለሕማሙ	»	»	»	»	»	»

(፫ ጊዜ ይበሉ)

ለከ ይደሉ ኀይል፡ ለከ ይደሉ ስብሐት፡ ወለከ ይደሉ ኣኰቴት፡ ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም።

ንባባት ዘነግህ

እንካብ መጽሓፍ
ኦሪት ዘፍጥረት
(፩፡፳፬-ፍጻሜ)

አምላኽ ድማ«ምድሪ ሕይወት ዘለዎ በበዓይነቱ ፍጥረት እንስሳቤትን ለመምታን ኣራዊትምድርን በብዓይነቱ ተውጽእ»በለ ከምኡውን ኮነ። አምላኽ ከአ ኣራዊት ምድሪ፥ኵሉ ለመምታ ምድሪ ኸኣ በብዓይነቱ ገበረ።አምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረአየ።
አምላኽ ከአ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንፍጠር።ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳ-ቤትን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ።
አምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ፤ብመልክዕ አምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም።
አምላኽ ከአ«ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋን ምለኸዋን ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ እንስሳን ከአ ግዝኡ»እናበለ ባረኾም።አምላኽ ድማ«እንሆ ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዘሎ ዘርኢ ዘለዎ ሣዕርን ኣብ ውሽጡ ዚዝራእ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ናይ ኵሉ ኣእዋምን ሂበኩም ኣሎኹ እሞ ምግቢ ይኹንኩም።ሕይወት ንዘለዎ ንኹሉ ኣራዊትምድርን ንኹለን ኣዕዋፍሰማይ ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉን ኵሉ ለምለም ሣዕሪ ንምግቦም ሂበዮም ኣሎኹ»በለ።ከምኡ ድማ ኾነ።አምላኽ ከአ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ረአየ፥እንሆ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ።ምሸት ኮነ ጊሓትውን ኮነ፤ሳድሰይቲ መዓልቲ።

እንካብ መጽሓፍ
ኦሪት ዘዳግም
(፰፡፲፯-፲፰)

ብልብኹም«ብኃይልናን ጽንዓትኢድናን እዚ ኹሉ ሃብቲ ደለብና» ትብሉ ትኾኑ።ግናኸ ኸምዚ ናይ ሎሚ ነቲ ነቦታትኩም ዝመሓለሎም ኪዳን ኬቕውም ሃብቲ ኸትድልቡ ኃይሊ ዚህበኩምሲ ንሱ እዩሞ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ዘክርዎ።

Scanned with CamScanner

እንካብ መጽሓፍ
ኢሳይያስ ነብይ
በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
(፩፡፪-፲)

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ፡«አቱም ሰማያት ስምዑ!አቲ ምድሪውን ጽን በሊ!ውሉድ አዕቤኹን ተኸናኸንኩን ንሳቶም ግና ካባይ ዓለዉ።ብዕራይ ዋናኡ፡አድጊውን ዚበልዓሉ ስፍራ ይፈልጥ፡ሕዝቢ እሥራኤል ግና ነአይ አይፈልጡንን እዮም፡ሕዝበይውን አየስተውዕሉን እዮም።አቱም ዓሌት ኃጥአን፡በደል ዝመልአኩም ሕዝቢ፡ዘርኢ ገበርቲ እከይ፡ደቂጥፍአት ዝኾንኩም ሕዝቢ ወይለኹም!።ነአይ ንእግዚአብሔር ሓደግኩምኒ፤ነአይ እቲ ናይ እሥራኤል ቅዱስ ዝኾንኩ ነዓቕኩምኒ ንድሕሪት ድማ ተመለስኩም።ስለምንታይ እናዓሎኹም ትኸዱ አሎኹም?ገናዶ ኸትቅጽዑ ትደልዩ አሎኹም?እንሆ ርእስኹም ብቍስሊ ተኸዲኑ ልብኹምን አእምሮኹምን ድማ ሓሚሙ አሎ።ካብ ከብዲ እግርኹም ክሳብ መንበስበስታኹም አካላትኩም ጥዑይ የብሉን። ዘይተዘነነ ስምብራትን ቍስልን፥ደም ዚፈስስ ሓድሽ ማህረምትን መሊኡ አሎ።ቍስልኹም አይተፈወሰን፤ብፈውሲውን ከምዚሓዊ አይተገብረን»።

«ሃገርኩም ባዲማ፤ከተማታትኩም ብሓቂ ነዲደን አለዋ።አብ ቅድሚ ዓይንኹም ጓኖት ንግርሁኹም ይዘምትዎ፥ንኹሉ አብኡ ዘሎ ድማ የዕንውዎ አለዉ።ኢየሩሳሌም ከአ ኸምቲ መከላኸሊ ዘይብሉ አብ ማእከል አታኽልቲወይኒ ዘሎ ዋላን፥አብ ግራት ብርጭቕ ዘሎ አጕዶን ብጸላኢ ከምዝተኸበት ከተማ ኾይና ተሪፋ አላ።እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት ገለ ሒደት ትርፊ እንተዘይሓድገልናስ ከም ሰዶም ምኾንና ንገሞራ ኸአ ምመሰልና ነይርና»።

«አቱም ከም መራሕቲ-ሰዶም ዝኾንኩም መራሕቲ-ኢየሩሳሌም ነዚ እግዚአብሔር ዚብለኩም ዘሎ ስምዑ።አቱም ከም ሕዝቢ-ገሞራ ዝኾንኩም ደቂ ይሁዳ ናብ እግዚአብሔር አምላኽና ጽን በሉ»።

እንካብ መጽሓፍ
ኢሳይያስ ነብይ
በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
፴፫፡፭-፳፫)

እግዚአብሔር ልዑል እዩ አብ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ገዛኢ እዩ፡ንጽዮን ብፍትሕን ብጽድቅን መሊእዋ አሎ።ህድአትውን ኪህባ እዩ።ንሕዝቡ ኪሕልዎም ጥበብን ፍልጠትን ኪህቦም እዩ።ፈሪሃእግዚአብሔር ድማ ዝዓበየ ሃብቶም ኪኸውን እዩ።

እንሆ ጀጋኑ ዚረድኦም ደልዮም የእውዩ አለዉ፤እቶም ሰላም ኬምጽኡ ዝተላእኩ ኸአ አምሪሮም ይበኽዩ አለዉ።መንገድታት ባደመ ሓላፍ መንገዲ ተሳእነ።ኪዳን ፈረሰ፡መሰኻኽር ተናዕቁ፡ሕፉር ዚብሃል

ሰብ የልቦን።እታ ምድሪ ቃደረትን ባደመትን፡ዱር ሊባኖስ ነቐጸ፡ፈርያም ለሰ ሳሮን ከም ምድረበዳ ኾነ፤አብ ባሳንን እምባ ቀርሜሎስን ዘሎ አእዋም ድማ ቈጽሉ ረገፈ።

እግዚአብሔር ግና ነቶም አሕዛብ«ሕጂ ኸትንሥእ፥ሕጂ ኸኸብር ልዕል ክብል እየ፤ንስኻትኩም ከንቱ መደብ ትገብሩ፤ትገብርዎ ኹሉ ኸአ ኸንቱ ይኸውን፤ትንፋስኩም ከአ ዚበልዓኩም ሓዊ ኪኸውን እዩ።ንስኻትኩም ከምቲ ብሓዊ ዝነደደ ኖራ ኸትነዱ፤ከምቲ አብ ሓዊ ሞኹ ዚብል ቍጥቋጥእሾኹ ከአ ሞኹ ክትብሉ ኢኹም።አቱም አብ ርሑቕን አብ ቀረባን ዘሎኹም፥ዝገበርክዎ ስምዑ!ሥልጣነይውን ፍለጡ»ይብሎም አሎ።

አብ ጽዮን ዘለዉ ኃጥአን ይሰንብዱ አለዉ፤ንኽፉአት ሰባት ድማ ራዕዲ ይሕዞም አሎ«ካባናስ ምስ ፍርዲ እግዚአብሔር፡ምስቲ ዚባላዕ ሓዊ ኺነብር ዚክእል መን እዩ!ካባናኸ ምስ ናይ ዘለዓለም ባርዕ ኪነብር ዚኽእል መን እዩ!»ይብሉ አለዉ።እቲ ብጽድቂ ዚነብር ቅንዕና ዚዛረብ ገንዘብዓመፅ ዘይደሊ፥መማለዲ ዘይቅበል፥ምስቶም ሰብ ኪቐትሉ ዚመሓሓሉ ዘይጽንበር፥እከይ ከይርኢ እውን አዕይንቱ ዚዕምት ሰብ፥አብ በሪኽ ብሰላም ኪነብር፤አኻውሕ እምባታት ከአ ጸግዑ ኪኸውን፥እንጌራኡ ኺረክብ፥ማዩውን ንሓዋሩ አይኪነጽፍን እዩ።

ንጉሥ አዝዩ ሰፊሕ አብ ዝኾነ ሃገር ብክብሪ ነጊሡ ኸምብሓድሽ ክትርኢ ኢኻ።ብልብኻ ድማ«ባዕዲ ጸሓፊ አበይ አሎ?ተቐባል ቀረጽ አበይ አሎ?ሰላዪኽ አበይ አሎ?»እናበልካ ነቲ ቐደም ትፈርሆ ዝነበርካ ኸትዝክር ኢኻ።ነቲ ጨካን፡ነቲ ዘይርዳእ ባዕዳዊ ቓንቋ ዚዛረብ ነቲ ዘይስማዕ ወታእ ዝመልሓሱ ጓና ሕዝቢ አይክትርእዮን ኢኻ።ንጽዮን ነታ ኸተማ በዓላትና ተመልከታ፤እወ! ነታ ህድእቲ ማኅደር ዘይትዘናበል ድንኳን፡መታኽላ ንሓዋሩ ዘይምንቈስ፤አግማዳ ኸአ ዘይብተኽ ከተማ ኢየሩሳሌም ረአያ።አብአውን እግዚአብሔር ብግርማኡ ምሳና ኪኸውን እዩ።ንሕና ኸአ አብ ገማግም ዓበይቲ ሩባታትን ወሓይዝን ክንነብር ኢና።ብመቕዘፍ እትምራሕ መርከብ ወይ ዓባይ መርከብጸላኢ በአአ አይኪሓልፋን እየን።አግማደን ዘሊቐ ነቲ ደቐል አጽኒዑ አየትርሮን፥ ነቲ ጋንጽላ አይግትሮን፤ሽዑ ዘመተ ኪኸውን እዩ፤ንሕናውን ብርቱዕ ምርኮ ኸንመቅል ኢና፤ሓንካሳት ከይተረፉ ምርኮ ኺማርኹ እዮም። እግዚአብሔር ፈራዲና፥እግዚአብሔር ሠራዒ ሕግና እዩ፡እግዚአብሔር ንጉሥና እዩሞ ንሱ ኼድሕነና እዩ።

እንካብ መጽሓፍ
ኤርምያስ ነብይ
በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
(፳፡፩-ፍጻሜ)

ንሳቶም ከአ ኪዘምትዎ ማሪኾም ድማ ናብ ባቢሎን ኪወስድዎ እዮም።ንስኻ ጳስኮር ምስቶም አብ ቤትካ ዚነብሩ ኹላቶም ክትማረኽ፥

Scanned with CamScanner

ናብ ባቢሎን እውን ክትውሰድ ኢኻሞ፥ምስቶም ሓሶት ዝተነበኻሎም ኵሎም ፈተውትኻ አብኡ ኸትመውት አብኡውን ክትቅበር ኢኻ።

ኦ!እግዚአብሔር ንስኻ ጠበርካኒ አነውን ተጠበርኩ።ሓየልካኒ፡ ከምኡውን አሕመቕካኒ።ምሉእ መዓልቲ መላገጺ ኾንኩ፤ኵሎምውን የባጭዉለይ አለዉ።አብ ዘዝተዛረብኩሉ«ዓመጽን ጥፍአትን»ኢለ ኸጭ ርሕ እግደድ አሎኹ።ቃል እግዚአብሔር ምእዋጅ፥መዓልቲ ብምልእታ ንጸርፍን መላገጽን ኮነኒ።«ንእግዚአብሔር አይክዝክሮን እየ፤ደጊምሲ ብስሙ አይክዛረብን እየ»እንተበልኩኳ አበዕፅምተይ ተዓጽዩ አብ ልበ ይ ከምዚነድድ ሓዊ ኾነኒ።ክዓግቶ ተጋደልኩ ግና አይኮነለይን።ብዙኃ ት ኪሓምዩኒ እሰምዕ አሎኹ፡ብኹሉ ሸነኸይ ስንባድ ይኸበኒ አሎ። «ክሰስዎ!ንሕና ኸአ ኸንከሶ ኢና»ይብሉኒ አለዉ።ፈተውተይውን ውድቀተይ ይቃጸዉ፥«ምእንቲ ኸነሕምቕን ሕነ ኸንፈድዮንሲ ይጥበረልና ይኸውን»ይብሉ አለዉ።ግናኸ ንስኻ እቲ ሓያል ጅግና ዝኾንካ እግ ዚአብሔር ምሳይ ኢኻ።ስለዚ እቶም ሰጐጕተይ ተዓንቂፎም ኪወድቁ እዮም።ስለ ዘይሰለጦም አዝዮም ኪሓንኩ እዮም።ነውሮም ድማ ንሓዋሩ አይኪርሳዕን እዩ።

አታ! ንሰብ ብጽድቂ እትምርምር ልብን ሓሳብን እትርኢ እግዚ አብሔር ጐይታ ሠራዊት፥ነገረይ ናባኻ አማዕቀብ አሎኹሞ ነቲ እት ፍድዮም ሕነ አርእየኒ።ንመስኪን ካብ ኢድ ገበርቲ እከይ አድሒንዎ እዩሞ ንእግዚአብሔር ዘምሩ ንእግዚአብሔር ወድሱ።

ዝተወለድኩላ መዓልቲ ርግምቲ ትኹን፥እታ አደይ ንአይ ዝወለደትላ መዓልቲ አይትባረኽ።እቲ ነቦይ ወዲ ተወሊዱልካ ኢሉ ዘበሠሮ እሞ ዘሓጐሶ ሰብአይ ርጉም ይኹን።እቲ ሰብአይቲ ኸምተን እግዚአብሔር ከይነሓፈ ዝገልበጠን ከተማታት ይኹን።

ንግሆ አውያት፥ቀትሪ ድማ ጭድርታውግእ ይስማዕ።አደይ መቓብረይ ክትከውን ንሓዋሩ ኸአ ብጥንስታ ኸትነብርሲ፥ስለምንታይ አብ ማኅፀ ን ወላዲተይ ከሎኹ ዘይቀተለኒ!ድኻምን ሓዘንን ክርኢ ዕለተይ ከአ ብሕፍረት ክውድእከ ስለምንታይ ካብ ማኅፀን ወጻእኩ!።

እንካብ መጽሓፍ

ኤርምያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፲፪፡፩-፱)

ምስዚ ኹሉ ግና ብዛዕባ ፍትሒ ኸሓተካ እደሊ አሎኹ«ስለምንታይ እዮም ክፉአት ሰባት ዚህብትሙ?ስለምንታይከ ኹሎም ጠለምቲ ዚሰ ልጦም?ንስኻ ተኸልካዮም እሞ ሱር ሰደዱ፡ዓበዩ ፍረውን ፈረዩ።ብአፎም ኵሉ ግዜ የልዕሉኻ ልቦም ግና ካባኻ አዝዩ ርሑቕ እዩ።ነአይ ግና ኦ!እግዚአብሔር ትፈልጠኒ ኢኻ፤እወ!እንታይ ከም ዝገብር ትርኢ፤ መጠን ክንደይ ከምዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢኻ።ነዞም ክፉአት ሰባት እዚአቶም ከምተን አባጊዕ ንማሕረዲ ጓትቶም።ንመዓልቲ ማሕረዲውን ፍለዮም፤ኸሳዕ መአዝ ክትነቅጽ እያ?ሣዕሪመሮርከ ክሳዕ መአዝ ኪነቅጽ

እዩ? ንሳቶም«እግዚአብሔር እንታይ ከም እንገብር አይፈልጥን እዩ» ብምባሎም፤ብሰሪ እከይ እቶም አብአ ዚነብሩ ሕዝብን እንስሳን አዕ ዋፍን ይሞቱ አለዉ።

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ፡«አታ ኤርምያስ!ምስ አጋር ተ ቕዳዲምካ ኻብ ደኸምካ፥ከመይ ኢልካ ደአ ምስ አፍራስ ክትቀዳደም ኢኻ? አብ ሰጣሕ ጐልጐል ደው ምባል ካብ ሰአንካ፥አብ ዱር ዮርዳ ኖስ ደአኸ እንታይ ክትገብር ኢኻ?እንሆ አኅዋትካን ቤትአቦኻን እኳ ጠሊሞሙኻ እዮም።ኺቕትሉኻ ድማ ደድኅሬካ አፎም መሊኦም ይጭ ድሩ አለዉ። ስለዚ ብጥዑም ቃል እንተተዛረቡኻውን አይትእመኖም።

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ«ነቶም ዝሓረኹዎም ሕዝቢ ደር በኹዎም እሥራኤል ሓደግክዎም፡ነቶም ሕዝቢ አብ ኢድ ጸላእቶም አሕሊፈ ሃብክዎም።እቶም ዝሓረኹዎም ሕዝቢ አባይ ተላዕሉ፤አብ ዱር ከምዘሎ አንበሳ ኾይኖም ስለ ዝጓዘሙለይ ከአ ጸላእኩዎም።እቶም ዝመረጽኩዎም ሕዝቢ፥ብኹሉ ዙርያኡ ጋማት ኸም ዚምንጭትዎ ዓ ንጦዓንጦራይ ሽላ ኾኑ፤ኪዱ ንኹሎም አራዊትመሮር ጸውዕዎም ምስ ኦም ኪበልዑ አኪብኩም አምጽኡዎም።

እንካብ መጽሓፍ

ጥበብ ሰሎሞን

(፪፡፲፪-ፍጻሜ)

እዚ ጻድቕዚ ይኸብደና፥ንስራሓትና ብምቅዋም ከዓ ይግሥፀናን፡ ክፍአትና ይገልጸልናን፡ጕድለት ትምህርትና ይዛረብን አሎሞ፡ንቕተ ሎ።«ንእግዚአብሔር እፈልጦ እየ»ይብል ንርእሱውን ወዲ እግዚአብሔር ይገብር።ንሱ ንዓና ዓብይ ተግሣፅ እዩ።ክንርእዮ ጥራሕ እኳ ይኸብ ደና፤ከመይ ሕይወቱ እንካብ ናይ ካልኦት ሕይወት ዝተፈልየ እንኪኸ ውን መንገዱውን በይኑ እዩ።ንሕና በአኡ ዝተጸየፍናን ዝተነዓቕናን ኮና፤ንሱ እንካባና ይርሕቕ ንግብርና ከዓ ከም ክፉእ ይጽየፎ።ናይ ጻድቃን ሞት መወዳእታኣ ብፅዕነት ከምዝኾነት ይምስክር(የጽድቕ) እግዚአብሔር አቦኡ ከምዝኾነ ከዓ ይምስክርን ይሕበንን።ነገሩ(ኵነቱ) ሓቂ እንተኾነስ ንመልከትሞ መወዳእታኡ ክንርኢ ኢና።ብሓቂ ጻድ ቕ ወዲእግዚአብሔር እንተደአ ኮይኑ እግዚአብሔር ኬድሕኖን ካብ ኢድ ጸላእቱ ናፃ ኬውጽኦን እዩ።ብጸርፍን ሕማምን ንሳቕዮም ሽዑ ትዕግሥቱ ክንዕዘብ ኢና።ግን ትዕሥግቱ ብክፉእ ንፈትኖ፡ከምቲ ቃ ሉ ረድኤት ሓገዝ ዚረክብ እንተደአኮይኑስ ንክፉእ ሞት ንፍረዶ። ብኸፍኣቶም ዓዊሮም ከምዚ እናበሉ ሓሰቡን ተጋገዩን።ንሳቶም ናይ እግዚአብሔር ምሥጢራት አይፈልጡን፤ናይ ጽድቂ ደሞዝ ከምዘሎ አይትስፈዉን ቅዱሳትን ንጹሓትን ነፍሳት ዓስቢ ከምዘለወን ከዓ አይአ ምኑን።እግዚአብሔር ግን ንሰብ ብፍጽምና ፈጠሮ ብአምሳሉ ከዓ ገበ ሮ ብናይ ዲያብሎስ ቅንአት ሞት ናብ ዓለም አተወት፤እቶም ነአኡ ዚኸተሉዎ ከዓ ጥዒሙዎም አለዉ።

Scanned with CamScanner

እንካብ መጽሓፍ

ዘካርያስ ነብይ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፲፩፡፩-፯)

ኣቲ ሊባኖስ ነእዋም ጽሕድታትኪ ሓዊ ምእንቲ ኼንድዶ ደጌ ታትኪ ኽፈቲ።ኣታ ጽሕዲ ዘግባ ሊባኖስ ወዲቑ ዋይዋይ በል።ክቡራት ኣእዋም በሪሶም እዮም እሞ ኣቱም ኣውሒ ባሳን፡እቲ ብርቱዕ ዱር ተቈሪጹ እዩሞ ዋይዋይ በሉ።ንሶት እቲ ሃብታም መንሰይ. ኦም ዝነደ ደ ኽቦኽዩ ይስምዑ ኣለዉ።ሽደናት ኣናብስ እቲ ብርቱዕ ዱር ዮርዳኖ ስ ስለዝበረሰ ብሓዘን ይንዝሙ ኣለዉ።

እግዚኣብሔር ኣምላኽይ«ነተን ኣባጊዕ ማሕረዲ ንስየን።እቶም ተ ሻየጥተን ይሓርድወን፤በዚኽኣ ኽም በደልቲ ኣይቕጸሩን።እቶም ሸ የጥተን ከኣ፡ኣነስ ሃብቲመ እየ እግዚኣብሔር ይመስገን፡ይብሉ።ንሶተን እኳ ኣይንሕፍወንን ኢሉ»ተዛረበኒ።«እምበኣርሲ ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ድሕርዚ ኣይክንሕፎምን እየ፤ኤረ ኣነስ እንሆ ንነፍስወከፍ ሰ ብ ኣብ ኢድብጻዩን ኣብ ኢድንጉሡን ክውፍዮ እየ፤ንሳቶም ከኣ ነታ ሃገር ኬባድሙዋ እዮም፡ኣነውን ካብ ኢዶም ኣይከናግፎምን እየ»ይብል እግዚኣብሔር።"ሸው ነተን ኣባጊዕ ማሕረዲ፡እወ ነተን መሳኺን መንሰ ኣባጊዕ ንሰኽውን።ክልተ በትሪ ድማ ወሰድኩ፤ነታ ሓንቲ«ጸጋ»ነታ ካልኣይቲ ኽኣ«ሥምረት»ኢለ ሰመይኩወን፤ነተን መንሰ ኣባጊዕውን ንሰኽ-ወን።

እንካብ መጽሓፍ

ሚክያስ ነብይ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፯፡፪-፬)

ኣብ ምድሪ ጻድቕ ዚብልዎ የልቦን፤ኣብ ማእከል ደቂሰብ ድማ ቕ ዕ የልቦን።ኩላቶም ሰብ ኪቕተሉ የድብዩ።ነፍስወከፍ ከኣ ንኃዉ የሃ ድኖ።ክሱእ ንምግባር ዕሉማት እዮም፤መስፍን«ሃቡኒ»ይብል ፈራዲ ኽኣ ንረብሓኡ ይፈርድ፡በዓልሥልማንውን ብህርሩን ይዛረብ፤በሓደ ኽይኖም ድማ ኽፍኣት ይጉንጕኑ፡ካባኻትኩም እቲ ዝሓሸ ተኽሮባ እዩ፤እቲ ቕኑዕ ዚብሃል ኽኣ ካብ ሓጹር እኾኹ ይገድድ።በቶም ሓለ ውቱ ዝኾኑ ነብያት ከም ዘጠንቀቕም እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዚቕጽዓ ሉ ግዜ እንሆ ይመጽእ ኣሎ።እንሆ ንሳቶም ዚገብርዎ ጠፊኡዎም ኣሎ።ንብጻይካ ኣይትእመኖ ብፈታዊኻ ድማ ኣይትተኣመን ምስታ ሰበ ይትኻ ኽትዛረብ ክሎኻ እውን ተጠንቀቕ።በዚ ዘመን እዚ ደቂ ንወለዶም ኪንዕቁ፡ንል ምስ ኣዲኣ ክትበኣስ፡መርዓት ከኣ ምስ ሓማታ ኽት ጻላእ እያ፤ንሰብ ጸላእቱ ቤተሰቡ ኪኾኑ እዮም።ኣነ ግና ናብ እግዚኣብሔር ክጥምት ናብ ኣምላኽይ ድማ ተስፋ ኽገብር እየ።ንሱ ኼድሕ ነኒ ኣምላኽይ እውን ኪሰምዓኒ እዩ።ኣቱም ጸላእትና እንተወደቕና

እኳ ኽንትንሥእ፤ኣብ ጸልማት እንተተቕመጥናውን እግዚኣብሔር ብ ርሃንና ኪኸውን እዩሞ፤ብኣና ኣይትተሓጐሱ።ንእግዚኣብሔር በዲልናዮ ኢናሞ ንሱድሪ ቕጥዓኡ ኽንጽመም ይግብኣና እዩ።ደሓር ግና ፍት ሒ ኼውጽኣልናን ኪከላኽለልናን እዩ።

እንካብ መጽሓፍ

ኣሞፅ ነብይ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፪፡፩-ፍጻሜ)

እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ«ሕዝቢ ሞኣብ ደጋጊሞም ኃጢ ኣት ስለዝገበሩ ብርግጽ ክቕጽዖም እየ።ንሳቶም ነዕዕምቲ ንጉሥ ኤዶ ም ሓመኹኽቲ ክሳዕ ዚኸውን ኣንዲዶም ኣርከስዎ።ስዚ ኣነ ናብ ም ድሪ ሞኣብ ሓዊ ኽሰድድ እየ፤ንዕርድታት ከተማ ቂርያት ከኣ ሞኹ ከብሎ እየ።ሞኣብ ድማ ኣብ ውግእ ብዚግበር ዕግርግን ቕድርታን ብምስማዕ ደሃይመለኽትን ክትመውት እያ።ንንጉሥ ሞኣብን ንኹሎም መሳፍንታን ክቕትሎም እየ።ኣነ እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎ።

እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ሕዝቢ ይሁዳ ደጋጊሞም ኃጢ ኣት ስለዝገበሩ ብርግጽ ክቕጽዖም እየ።ንሳቶም ንሕገይ ነዓቕም ንትእ ዛዛተይ ክኣ ኣይሓለውዎን።እቲ ኣቦታቶም ዜገልገልዎ ዝነበረ ጣዖት ሓሰት ድማ ኣስሓቶም።ስለዚ ናብ ይሁዳ ሓዊ ኽሰድድ እየ ኑቲ ዕ ርድታት ኢየሩሳሌም ክኣ ሞኹ ክብሎ እየ።እግዚኣብሔር ከምዚ ይ ብል ኣሎ፤ሕዝቢእሥራኤል ደጋጊሞም ኃጢኣት ስለዝገበሩ ብርግጽ ክቕጽዖም እየ።ንሳቶም ኑቲ ጻድቕ ብብሩር ኑቲ ድኻ ኽኣ ብሓንቲ ድምጺ ሚእኒ ንባርነት ሸጥዎም።ንድኻ ረጊጾም ምስ ሓመድ ይጽንብርዎ ንመስኪን ክኣ ፍትሒ የጥፍእ።ኑቲ ቅዱስ ስመይ ክርክሰዎ ኽኣ ኣቦን ወድን ምስ ሓንቲ ገረድ ብግብረሥጋ ይራኹቡ።ኣብቲ ኺሰግዱሉ ዚኾዱ ቤተመቕደስ ኑቲ ብታሕዚ ዝተቕበልዎ ኽዳውንቲ ተነጺፎምዎ ይድቅሱ፤ኑቲ ኻብ በዓልዕዳኦም ዝተቕበልዎ ወይኒካሕሳ ድማ ኣብ ቤ ት ኣምላኾም ኮይኖም ይሰትይዎ።ኣነ ግና ኣ!ሕዝበይ ኑቶም ቀ-መቶም ከም ጽሕዲ-ሊባኖስ፡ምጽናዎም ድማ ከም ኣውሊፅ ዝነሩ ሕዝቢ ኣሞ ራውያን ምእንታኹም ኢለ ኣጥፋእኩዎም።እወ!ንፍራኡም ካብ ላዕሊ ኣጥፋእኩዎ፡ንሥራውሮም ከኣ ኻብ ታሕቲ መንቈስኩዎ።ካብ ሃገር ግ ብፂ ኣውጻእኩኹም ኣርብዓ ዓመት ድማ ኣብ ምድረበዳ መራሕኩኹም። ናታትኩም ምእንቲ ኽትክውን ከኣ ምድራኣሞራውያን ሃብኩኹም።ካብ ደቅኹም ነብያት ካብ ኣጥባዝኩም ከኣ ናዝራውያን ኣተንሣእኩልኩም።

ኣ!ሕዝቢ እሥራኤል እዚ ሓቂዶ ኣይኮነን እዩ!ኣነ እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ።ንሳኻትኩም ግና ነቶም ናዝራውያን ዜስክር ስኮት ኣ ስተኹምዎም ንነብያት ከኣ«ኣይትነበዩ»ኢልኩም ክልከልኩምዎም። እንሆ ኣነ ኣልዒለ ናብ ምድሪ ከስግደኩም እየ።ንስኻትኩም ከኣ ከም ታ ብንዳእቲ መሊኣ ዝተሰንዶት ዓጠኖ እትብል ዓረብያ ኡይ!ክትብሉ ኢኹም።ጕየይቲ ምህዳም ይስእኑ፤ብርቱዓት ሰባት ድማ ምብርታዖም ይጠፍእ፤ጀጋኑ ኽኣ ዝእ ርእሶም ኣየድሕኑን።በታ መዓልቲ እቲኣስ

Scanned with CamScanner

እቶም ጀጋኑ ተዋጋእቲኪ ኣጽዋሮም ደርብዮም ኪሃድሙ እዮም»ይ ብል እግዚኣብሔር።

እንካብ መጽሓፍ

ኣሞፅ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፫፥፩-፰)

ኣ!ደቂ እሥራኤል ኣብ ልዕሌኹምን ኣብ ልዕሊቶም ካብ ግብፂ ዘውጻእኩዎም ወገን ኩሎምን እግዚኣብሔር ዝተዛረቦ ቃል ስምዑ፤«እነ ካብ ኩሎም ዓሌታት ምድሪ ንዓኹም ንበይንኹም ፈለጥኩኹም፤ስለዚ ብሰሪ ኃጢኣትኩም ክቐጽዓኩም እየ።ክልተ ሰብዶ ክይተሰማምዑ ብ ሓንሳብ ይመላለሱ እዮም?ኣንበሳኽ ግዳይ ዘይብሉዶ ኣብ ዱር ይንዝ ም እዩ?ሽደን ኣንበሳኽ ገለ ክይሓዘዶ ካብ ጕድጓዱ የድሂ እዩ?»

እንካብ መጽሓፍ

ሆሴዕ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፲፥፪-፮)

ሽዑ«ንእግዚኣብሔር ስለዝፈራህናዮ፥ንጉሥ የብልናን።ንጉሥከ እ ንታይ ኪገብረልና እዩ?»ኪብሉ እዮም።ከንቱ ዘረባ ይዛረቡ፤ብሓሶት ይምሕሉ፤ዘይፍጸም ኪዳን የኣትዉ።ስለዚ ፍርዲ ዓመጽ ኮነ፥ከም መ ርዛም ሣዕሪ ድማ ኣብ ነግሒ ግራት በቐለ።እቶም ኣብ ከተማ ሰማር ያ ዚነብሩ ሕዝቢ ስለቲ ኣብ ቤትኣዌን ዘሎ ብወርቂ ዝተሰርሐ ቢ ተይ ኪፈርሑ እዮም።ክብረቱ ካብኡ ስለዝኸደ፥ነኣኡ የሓዝኑ፤ እቶም ነኣኡ ዜገልግሉ ካህናት ድማ ስለኡ ኪንቀጥቅጡ እዮም።እቲ ጣዖት ነቲ ዓብይ ንጉሥ ኪወሃብ ናብ ኣሦር ኪውሰድ እዩ።እሥራኤል ነቲ ምኽሪ ስለዝሰዓብ ኪሓፍር እዩ።ሰማርያ ምስ ንጉሣ ኸም ሓሰር ኣብ ልዕሊ ማይ ጸብለል እናበለት ክትጠፍእ እያ።እቲ እሥራኤላውያን ኃጢኣት ዚገብሩሉ በረኸቲ ቤትኣዌን ኪፈርስ እዩ፤ኣብ ልዕሊ መ ሠውዒኣም እሾኽን ተኹርባን ኪበቑል እዩ።ንሳቶም ከኣ ነኽራን«ሕ ብኡና»ንኹርባታት«ክደኑና»ኪብሉዎም እዮም።

ካብ ፬ይ ድርሳን

ዘዮሓንስ ኣፈወርቅ

ብዛዕባቲ«ካብ መላእኽቲ ቁሩብ ኣትሕት ኣበሉ»ዚብል ቃል፥ኢየ ሱስ ክርስቶስ ብሕማማቱን ሞቱን ስለዝፈጸሞ፤ክብርን ምስጋናን ተኽ ለለ።ንቃልትንቢት ከዓ ብጽቡቕ ፈጸመ።

ፍቁር ሓወይ!ትርእዮዶ ኣሎኻ?ንኹሉ ባዕሉ ተቐቢሉዎ፤እሞ እቲ ውርደትስ ንመን ኮነ?መንከ ተቐበሎ?እቲ ንሠለስተ መዓልቲ ኣብ ሲኦል ዝተቐመጠ ምእንታና ዝተዋረደዶ ኣይኮነን።ስለዚ ክብርን ም

ስጋናንሲ ነቲ ንሓዋርያት ኣብነት ኪኸውን ዝተሰቐለ ደኣምበር ንዓ ና ኣይምሰልካ።ኢየሱስ ንሓዋርያት ክልተ መንገድታት ኣርኣዮም።እዚ ኣተን ከዓ ሓንቲ ነታ ኪኸደላ ዝነበሮ እትሕብር፤እታ ካልኣይቲ ከዓ ንርእሱ እቲ መላእኽተእግዚኣብሔር ዚሰግድሉኪ ምእንታና ካብ መ ላእኽቲ ዝነአሰ ተባሂሉ ኪጽዋዕ ዝደለየስ፥ንሓዋርያት ኣብነቶምን መምህሮም ተኽቲሎም ብትብዓትን ታሕንስን መስቀሎም ኪጸሩ ለኣ ኽም።እሞኽ ደኣ ስለምንታይ ንሕና ምእንቲ ኃጢኣትና መስቀልና ዘ ይንጸውር?«ስቓያተመስቀል ክብርን ምስጋናን እዩ»ምእንቲ ኪበሃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንታይ ከምዝበለሞ ስማዕ!

«ሕጂ እታ ወድሰብ ዚምስኽላ(ሰዓት)ግዜ በጺሓ እያ፤እግዚኣብሔር እውን በኣኡ ኪምስገን እየ»በለ።ፍቁር ሓወይ!ትርኢዶ!!ነቲ ምእንቲ ባሮቱ ኢሉ ስቓያተመስቀል ዝተቐበለሉስ ምስጋና ቢሉ ይሰምዮ!ንስኻ ግዳ ምእንታኡ ቢልካ፥ክንደይ ክትሳቐ ዘይግብኣካ!ሕማማትመስቀል ከ መይ ዝበለ ጠቕሚ ከምዝገበረስ ርኢኻዮዶ?እምበኣርከስ ንስቓያተመ ስቀል መርምሮሞ፥ኣስተውዕለሉውን፤ብዙሕ ረብሓ ከምዘለዎ ፈሊጥካ ከዓ ኣይትንዓቆ።

እነሆ እምበኣር ሓዋርያ ጳውሎስ ብጸጋኣምላኽ«ንሞት ኩሉ ጠዓ ሞ፤እግዚኣብሔር ንሓደ ወዱኺ ከይነሓፈ ምእንቲ ኩልና በኻ ኪኸው ን ሃበና»ብምባሉ ተጋድሎ እንታይ ከምዚርከቦ፤እንታይውን ከምዚ ጠቅም ኣማሂዱ ይነግረካ ኣሎ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብብዝሒ ምሕረቱ ደኣ እዚ ኩሉ ገበ ረልና እምበር ዘገደዶ ኣይነበሮን።እነሆውን ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብሮሜ እንኪጽሕፍ«ከመይ ቢሎም ብዙሓት ብሰንኪ ሓደ ሰብኣይ (ኢየሱስ ክርስቶስ)ብዙሕ ጸጋን ህያብን ጽድቂኣምላኽን ይቐበሉ» ቢሉ ኣድንቆኡ ይገልጽ፤እዚ እንኪብል ንገለ ቀሩባት ሰባት ዘይኮነስ ንመላእ ዓለም እዩ ዝተዛረቦ።ምኽንያቱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኩሉ እዩ ዝሞተ።

ንሱ ክብሩ ይሰፋሕ፥ምእንቲ ኩልና ክንዲ ዝተጋደለን ዝተሰቐለን ኮላቶም ሕዝቢኺ ብኣኡ እንተዘይኣመኑ ንጐይታና ዘዋርዶ ነገር የብ ሉን።ሓዋርያ ጳውሎስ ነቶም ዘይኣምኑ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተገዲዱ ዝሞተ ከይመስሎም ቢሉ«ምእንቲ ኩሉ ንሞት ጠዓማ»ደኣ በለ እምበር«ብግዲ ኪመውት ነበሮ»ክምዘይበለ ኣስተውዕል።ንሞት ዘይዓቀናን ዘይጠዓማን ክይመስሎም ኢሉ ክዓ«ንሞት ጠዓማ ንሕይወቱ ባዕሉ ኣሕጸራ፥ብተሎውን ተንሥአ»በለ።ናብ ሞት ዘብጽሕ ስቓይ እ ንኪብል ኣብ ዓለም ዘሎ ሞት የመልክት፤መሊሱ«እንካብ መላእኽቲ ልዕል በለ»እንኪብል ከዓ ብዛዕባ ትንሣኤ፤ካልእ ዝወሰኽ ክብሪ ስለ ዘይብሉ ከዓ «በኣኡ ተመስገኑ» እንተበልኩኻ ክብሪ ዝወሰኽ ኣይም ሰልካ።

ምስባክ፥—ተንሥኡ ላዕሌየ ሰማዕተ ዐመፃ፥
ወዘኢየአምር ነበቡ ላዕሌየ፥
ፈደዩኒ እኪተ ህየንተ ሠናይት።

Scanned with CamScanner

ይ.ካ፡- ወንጌል ቅዱስ ዘዜነዉ ማቴዎስ ወማርቆስ ሉቃስ ወዮሐንስ ቃለ ወልደ እግዚአብሔር።
ይ.ሕ፡- ስብሓት ለከ ክርስቶስ እግዚእየ ወአምላኪየ ኵሉ ጊዜ።

ወንጌል ማቴዎስ
(፳፯፡፩-፲፬)

ምስወግሐ ኵሎም ሊቃነካህናትን ሽማግለታትን ሕዝብን ንኢየሱስ ኪቐትልዎ ተማኸሩ።አሲሮም ወሰድዎሞ ንጲላጦስ ነቲ ገዛኢ አሕሊፎም ሃብዎ።ሽዑ እቲ ዘትሓዞ ይሁዳ ንኢየሱስ ተፈሪድዎ ምስ ረአየ፤ተጣዒሱ«ንጹሕ ሰብ ንሞት አሕሊፈ ብምሃበይ በዲለ»እናበለ ነቲ ሠላሳ ቕርሺ ብሩር ናብ ሊቃነካህናትን ሽማግለታት ሕዝብን መለሶ።ንሳቶም ግና«ንሕና እሞ እንታይ ገዲሱና ባዕልኻ ትፈልጥ»በልዎ።ንሱ ኸአ ነቲ ሠላሳ ቕርሺ ብሩር ናብ ቤትመቕደስ ደርብዩዎ ወጽአ፤ከይዱውን ተሓንቀ።

እቶም ሊቃነካህናት ግና ነቲ ገንዘብ ወሲዶም«ዋጋደም ስለዝኾነ አብ መቐበል ምጽዋት ከነእትዎ አይግባእን እዩ»በሉ።ተማኺሮም ከአ በአኡ ንመቓብርኢጋይሽ ዚኸውን ግራት ሰራሕመሬት ዓደጉሉ ስለዚ እታ ግራት ክሳዕ ሎሚ«ግራት-ደም»ትበሃል አላ።እቲ ብነብይ ኤርምያስ«ነቲ ደቅእሥራኤል ዋጋኡ ዝገምገሙሉ ዋጋቲ ኸቡር ሠላሳ ቕርሺ ብሩር ወሰዱ።ከምቲ እግዚአብሔር ዝአዘዘኒውን ንግራት ሰራሕመሬት ሃብዎ»ኢሉ ዝተነግረ ቃል ተፈጸመ።
ኢየሱስ አብ ቅድሚ እቲ ገዛኢ ቆመ።እቲ ገዛኢ ድማ«ንስኻ ንጉሥ አይሁድዶ ኢኻ?»ኢሉ ሓተቶ።ኢየሱስ ከአ«ንስኻ እኳ ትብል አሎኻ»በሎ።ሊቃነካህናትን ሽማግለታት ሕዝብን ኪኸስዎ ኸለዉ ድማ ሓንቲኳ አይመለሸን።ሽዑ ጲላጦስ«ብኸንደይ ነገራት አብ ልዕሌኻ ዚምስክሩ ኸምዘለዉዶ አይትሰምዕን ኢኻ?»በሎ፤ ኢየሱስ ግና እቲ ገዛኢ አዝዩ ኸሳዕ ዚግረም ሓንቲ ቓልኳ አይመለሸሉን።
እቲ ገዛኢ ብበዓል ነቶም ሕዝቢ ዝደለዩዎ ሓደ እሱር ኪፈትሓሎም ልማድ ነበሮ።በርባን ዝተባህለ ሓደ ውሩይ እሱር ድማ ነበሮም።ጲላጦስ ከአ ንኢየሱስ ብቕንአት ከምዘትሓዙዎ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ እቶም ሕዝቢ ምስተአከቡ ንመኖም ክፈትሓልኩም ትደልዩ በሎም።አብ መንበርፍርዲ ተቕሚጡ ኸሎ ድማ ሰበይቱ «ሎሚ ለይቲ ብሕልሚ ብዛዕብኡ ብዙሕ ተሳቕየ እየሞ አብ ልዕሊ እቲ ጻድቕ ሓንቲ ኸይትብድል ተጠንቀቕ»ኢላ ለአኸትሉ።

ይ.ካ፡-ወጸቢሖ ተማከሩ ሊቃነካህናት ይስቅልዎ ለኢየሱስ በቀራንዮ መካን።
(ተመራሒ ምስ በለ፡ሕዝቢውን ደድሕሪኡ ይብል)

ወንጌል ማርቆስ
(፲፭፡፩-፭)

ምስ ወግሐ ብኡብኡ ሊቃነካህናት ምስ ሽማግለታትን መምህራን ሕግን ብዘሎ እቲ መጋብእያን ምኸሪ መኸሩ፤ንኢየሱስ አሲሮም ወሰድዎ፤አሕሊፎም ከአ ንጲላጦስ ሃብዎ።ጲላጦስ ድማ ንኢየሱስ «ንስኻዶ ንጉሥ አይሁድ ኢኻ?»ኢሉ ሓተቶ።ንሱ ኸአ«ንስኻ ባዕልኻ እኳ ትብል አሎኻ»ኢሉ መለሸሉ።እቶም ሊቃነካህናት ድማ ብብዙኅ ነገር ከሰስዎ፤ንሱ ግና አይመለሸን።ጲላጦስ ከአ «እንሆ ብኸንደይ ነገራት ይኸሱኻ አለዉ፤እኳዶ ሓንቲ ነገር አይትምልሸን ኢኻ»እናበለ ደጊሙ ሓተቶ።ኢየሱስ ግና ጲላጦስ ክሳዕ ዚግረም ሓንቲኳ አይመለሸን።

ይ.ካ፡-ወጸቢሖ ተማከሩ ሊቃነካህናት ኀመይዎ ለኢየሱስ ወመጠውዎ ለጲላጦስ።
(ሕዝቢ እውን ከምኡ ይደገም)

ወንጌል ሉቃስ
(፳፪፡፷፯--፳፫፡፲፪)

ምድሪ ምስ ወግሐ ዓበይቲ ሕዝብን ሊቃነ ካህናትን መምህራን ሕግን ተአኪቦም«ንስኻ እቲ ክርስቶስ እንተኾይንካስ እስከ ንገረና»እናበሉ ናብ መጋባእያኦም ወሰድዎ።ንሱ ኸአ«እንተነገርኩኹም አይትአምኑን እንተሓተትኩኹም ድማ አይትምልሹን አይትፈትሑንን እውን ኢኹም።ወድሰብ ግና ካብ ሕጂ አብ የማን ኃይሊአምላኽ ኪቕመጥ እዩ»በሎም።ኵሎም ከአ«እምበአርከስ ንስኻስ ወዲ አምላኽ ኢኻ»በሉዎ።ንሱ ኸአ«አነ ኸምኡ ከምዝኾንኩ ንስኻትኩም እኳ ትብሉ አሎኹም»በሎም።
ንሳቶም ከአ«ባዕላትና ኻብ አፉ ካብ ሰማዕናኽ ደጊም እንታይ ምስክር የድልየና»በሉ።ሽዑ ኵላቶም እቶም አብኡ ተአኪቦም ዝነበሩ ተንሢኦም ንኢየሱስ ናብ ጲላጦስ ወሰድዎ።ንሳቶም ከአ«እዚ ንሕዝብና ኪስሕቶም ንቄሣር ግብሪ ኸይግብሩ ኸአ ኪኸልክሎም፡ ባዕሉ ክርስቶስ ንጉሥ እየ፥ኢሉውን ኪዛረቦም ከሎ ረኺብናዮ» እናበሉ ኪኸስዎ ጀመሩ።

Scanned with CamScanner

ጲላጢስ ከአ«ንስኻ ንጉሥአይሁድ ዲኻ?»ኢሉ ሓተቶ ንሱ ድማ«ንስኻ ባዕልኻ ትብል አሎኻ»ኢሉ መለሸሉ።ጲላጦስ ድማ ንሊ ቃነካህናትን ነቶም ሕዝብን«አብዚ ሰብአይ እዚ ሓንቲ በደል እኳ አይረኸብኩም»በሎም።ንሳቶም ግና«ካብ ገሊላ ሒዙ ክሳብ አብዚ አብ ብዘላ ይሁዳ እናመሀረ ንሕዝቢ የባዕድ አሎ»እናበሉ አዕገርገሩ።ጲላጦስ ከአ ገሊላ ኪብሉ ምስ ሰምዐ ገሊላዊ እንተኾይኑ ሓተተ።ካብ ግዝአት ሄሮድስ ምኳኑ ምስ ፈለጠ ድማ ናብ ሄሮድ ስ ሰደዶ፤ንሱውን በቲ ቅንያት እቲ አብ ኢየሩሳሌም ነበረ።

ሄሮድስ ብዛዕባ ኢየሱስ ብዙሕ ነገር ሰሚዑ ስለዝነበረ ካብ ነዊሕ እዋን ሒዙ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ፤ንሱ ዚገብሮ ተአምራትውን ኪርኢ ይምነ ነበረሞ ምስረእዮ አዝዩ ተሓጐሰ።ብዙኅ ነገራት ከአ ሓተቶ፤ንሱ ግና ሓንቲ እኳ አይመለሸሉን።ሊቃነካህናትን መምህ ራን ሕግን ከአ ደው ኢሎም ብብርቱዕ ይኸሱዎ ነበሩ።ሄሮድስ ድማ ምስ ገላውኡ ኾይኑ አቃለሎን÷አላገጸሉን ጽቡቕ ክዳን ክብ ሪ ኸዲኑ ኸአ ናብ ጲላጦስ መሊሱ ሰደዶ።ጲላጦስን ሄሮድስን ቀደም ጽልእ ነይሮምሲ በታ መዓልቲ እቲአ ተፋቐሩ።

ይ.ካ.፡-ወጸቢሖ ተማከሩ ሊቃነካህናት አውጽእዎ ለኢየሱስ ውስተ ዐውደ ምኵናን።

(ሕዝቢውን ከምኡ ይበሉ)

ወንጌል ዮሓንስ

(፲፰፡፳፰-ፍጻሜ)

ሽዑ ንኢየሱስ ካብ ቀያፋ ናብ ቤተ መንግሥቲ ወሰድዎ ንግ ሆ ድማ ነበረ።ንሳቶም ግና ድራር ፋሲካ ኪበልዑ ስለ ዘለዎም ም እንቲ ከይረኸሱ ናብቲ ቤተመንግሥቲ አይአተዉን።ስለዚ ጲላጦስ ናብአቶም ወጺኡ÷አብ ልዕሊ እዚ ሰብአይ እዚ ዘሎኩም ክሲ እንታይ እዩ በሎም።ንሳቶም ድማ«እዚ ገባር ክፉእ እንተዘይከውንሲ ናባኻ አይመምጻእናዮን ነይርና»ኢሎም መለሹሉ።ሽዑ ጲላጦስ «ንስኻትኩም ውሰድዎ ከምቲ ሕግኹም ጌርኩምውን ፍረድዎ» በሎም።እቶም አይሁድ ከአ«ነአናስ ንሓደ እኳ ኸንቀትል ከቶ አ ይተፈቕደልናን»በልዎ።እዚ ኸአ እቲ ኢየሱስ በየናይ ሞት ኪመ ውት ከምዘለዎ ኬመልክት ኢሉ ዝበሎ ቓል ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

ጲላጦስ ከምብሓድሽ ናብ ቤተመንግሥቲ አተወ፤ንኢየሱስ ጸ ዊዑ ኸአ«ንስኻ ንጉሥ አይሁድ ዲኻ?»በሎ።ኢየሱስ ድማ«እዚ እትዛረቦ ዘሎኻ ካብ ባዕልኻ ዲኻ እትዛረቦ ዘሎኻ?ወይስ ብዛዕባይ

ካልኦት ነጊሮሙኻ እዮም»ኢሉ መለሸሉ።ጲላጦስ ከአ«አነሞ አይ ሁዳዊዶ ኾይነ ሕዝብኻን ሊቃነካህናትን እዮም ናባይ ዘምጽኡኻ፤ እንታይ ጌርካ ኢኻ»ኢሉ ሓተቶ።ኢየሱስ ከአ«ካብዛ ዓለም እዚአ እንተትኸውንሲ ብአይሁድ ከይተሓዝ ጊላዎተይ ምተዋግኡለይ ነ ይሮም።ሕጂ ግና መንግሥተይ ካብዛ ዓለም እዚአ አይኮነትን»ኢሉ መለሸ።ጲላጦስ ድማ «እምበአርከስ ንስኻ ንጉሥ ኢኻ?»በሎ። ኢየሱስ ከአ«ንጉሥ ምኳነይ ንስኻ እኳ ትብል አሎኻ።አነ ንሓ ቂ ኸምስክር እየ ዝተወለድኩ ምእንትዚውን እየ ናብ ዓለም ዝመ ጻእኩ፤ወገን ሓቂ ዘበለ ኹሉ ኸአ ድምፀይ ይሰምዕ እዩ»ኢሉ መለሸሉ።ጲላጦስ ከአ«ሓቂኸ እንታይ እዩ»በሎ።እዚ ኢሉ ኸአ ከምብሓድሽ ናብ አይሁድ ወጺኡ«አነስ ሓንቲ በደል እኳ አይረ ኸብኩሉን።እንተኾነ ንአኻትኩም በብፋሲካ ሓደ እሱር ክፈት ሓልኩም ልማድ አሎኩም።እምበአርሲ ነዚ ንጉሥ አይሁድ ክፈ ትሓልኩምዶ ትደልዩ ኢኹም?»በሎም።ሽዑ ንሳቶም ከምብሓድ ሽ«ንበርባን ደአምበር ነዝስ አይንደልን»እናበሉ ጨደሩ።በርባን ግን ከታሪ ዝነበረ እዩ።

ይ.ካ.፡- ወጸቢሖ ተማከሩ ሊቃነ ካህናት አውጽኡዎ አፍአ ለኢየሱስ ወነበሩ ዐውደ ሶቤሃ።

(ሕዝቢውን ከምኡ ይድገም)



Scanned with CamScanner

ስእለታት

ጸልዩ በእንተ ጽንዐ ዛቲ መካን ወኵሎን መካናት እንተ አበዊነ ቅዱሳን ወገዳማት ወአእሩግ እለ የኀድሩ ውስቲቶን ወዕቅበተ ዝንቱ ዓለም በምልኡ ከመይ ይዕቀቦሙ እግዚእ እምኵሉ እኩይ ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ አበዊነ ወአኃዊነ ድዉያን ወበእንተ ኵሉ ደዌ እለ ውስተ ዛቲ መካን ወእለ በኵሉ መካናት ከመ ያሠኒ እግዚእ ላዕሌነ ወላዕሌሆሙ በጥዒና ወበሕይወት ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ አበዊነ ወአኃዊነ እለይነግዱ እመሂ በባሕር ወእመሂ በአፍላግ ወእመሂ በኵሉ ፍናዋት ወበኵሉ ገጽ ከመ ይምርሖሙ እግዚእ ወያግብኦሙ ኀበ ማኅደሪሆሙ በፍሥሓ ወበሰላም ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ ከመ ክርስቶስ አምላክነ ይጸግወነ ምሕረተ ወሣህለ በቅድመ ምኵናን መኳንንት ወያራኅርኅ ልቦሙ ላዕሌነ በኂሩት በኵሉ ጊዜ ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ.፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ ንጉሥነ ..... ወኵሉ ታዕካሁ ወኵሉ ሠራዊቱ ከመ ይዕቀቦሙ በሰላም ወየኀሊ ሠናየ በእንተ አብያተክርስትያናት ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ አበዊነ ወአኃዊነ እለኖሙ ወአዕረፉ በሃይማኖተ ክርስቶስ እምቀዳሚ አበዊነ ቅዱሳን ሊቃነ ጳጳሳት ወአበዊነ ጳጳሳት ወአበዊነ ኤጲስ ቆጶሳት ወአበዊነ እልቆሞሳት ወአበዊነ ቀሳውስት ወአኃዊነ ዲያቆናት ወአበዊነ መነኮሳት ወአበዊነ ሕዝባውያን ወኵሎሙ እለ አዕረፉ እምክርስትያን ከመ ያዕርፍ እግዚእ ነፍሳቲሆሙ ወይምሓሮሙ ወኪያነሂ ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡-እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ ንኡስ ክርስትያን ሕዝብነ፥ለይባርክ እግዚአብሔር ላዕሌሆሙ ወያጽንዖሙ በሃይማኖት ርትዕት እስከ እስትንፋስ ደኃሪት ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ ሰላመ ቤተክርስትያን ቅድስት አሓቲ ጉባኤ እንተ ሓዋርያት ወመድኀኒተ ሕዝብ ወዕቅበተ ኵሉ መካን ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።
ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ልመናታት

ይ.ካ፡-እዚ ቦታዚ ምእንቲ ኪጸንዕን፤ብስም ቅዱሳን አቦታትና ዝተሰምዩ ቦታታትን ገዳማትን፥አብኦም ዚነብሩ ሽማግለታትን ብሓፈሻውን መላእ ዓለም ምእንቲ ኪሕሎ፥ጐይታውን ካብ ክፉእ ኪኸውሎም፥ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-አብዚ ቦታዚ ኮነ አብ ካልእ ቦታታት ዚርከቡ ብነፍስን ብሥጋን ምእንቲ ዝሓመሙ አቦታትናን አደታትናን አኃትናን፥ነአና ኮነ ንአ አቶም፤ጐይታ ሕይወትን ጥዕናን ሂቡ ሠናይ ምእንቲ ኪገብር፥ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-ብባሕሪ ብምድሪ፡ብአፍላጋትን ቀላያትን፥ብኻልእ መንገድታትን ምእንቲ ዚገሹ አቦታትናን አኅዋትናን፥ጐይታ ብቅኑዕ መንገዲ መሪሑ ብሰላምን ብራህዋን ናብ መንበሪኦም ምእንቲ ኪመልሶም ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-ናይ ግራውትን አእዋምን ወይንታትን ፍርያት ከምኡውን ኵሉ ዜፍሪ ተኸሊ ዘበለ፥ጐይታ ባሪኹ አኻዕቢቱ ካብ ምጥፋእ አድሒኑ ናብ ፍጻሜ ምእንቲ ከብጽሖን፥ኃጢአትናውን ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-አብ ቅድሚ አመሓደርትን ፈረድትን(ደያኑን)ጐይታ ምሕረቱን ይቕረታኡን ምእንቲ ኪህበና ልባቶምውን ብሕያውነቱ ከራኅርኃልና፥ኃጢአትናውን ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-አብ ክርስቶስ አሚኖም ምእንቲ ዝሞቱ አቦታትና ሊቃነጳጳሳትን ጳጳሳትን አቦታትና ኤጲስቆጶሳት፡ቆሞሳትን ቀሳውስትን፥አኅዋትና ዲያቆናትን መነኮሳንን አቦታትና ምእመናን ካልኦት ካብ ወገን ክርስትያን ዘዕረፉ ኵሎም፥ጐይታ ዕረፍቲ-ነፍሲ ኪህቦም፥ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡-እምነት ክርስትና ንምቕባል ዚሰናደዉ አኅዋትና ጐይታ ኪባር ኾምን፥ክሳብ መፈጸምታውን አብ ቅንዕቲ ሃይማኖት ከጽንዖምን፥ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

Scanned with CamScanner

ጸልዩ በእንተ ሕይወቱ፡ ወንብረቱ ለአቡነ ቅዱስ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት አባ ....ወብዑዕ ጳጳስነ አባ.....ከመ ይዕቀብ ሕይወቶሙ ወያጽንያሙ ዲበ መናብርቲሆሙ ዓመታተ ብዙኀ ወአዝማነ ዘበሰላም ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ ዝንቱ ማኅበርነ ወኮሉ ማኅበረ ሕዝበ ክርስትያን ርቱዓ ነ ሃይማኖት ከመ ይዕቀቦሙ እግዚእ ወያጽንያሙ ወይርድኦሙ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ እለ ያበውኡ መባእ ለቤተክርስትያን ቅድስት እምነ ሰብእ ወእንስሳ ከመ ይባርኮሙ እግዚእ ወያፈጽሞሙ በሰላም ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ ኮሉ ነፍስ እለ ይጸምዉ ወይዜኩሩ ቤተክርስትያን በኮሉ መካን ርቱዓነ ሃይማኖት ከመይ ይበርኮሙ እግዚእ ወይዕስዮሙ ወይግበር ላዕሌሆሙ ምሕረተ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ እለ ይኔልዩ በቀኖቢኖት ወዕጣናት ወዘይት ወመጻሕፍት ለእንብቦ ወበኮሉ ንዋየ ቤተመቅደስ ከመ ይዕስዮሙ እግዚእ በዘይኔይስ በኢየሩሳሌም ሰማያዊት ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ መላህቅት ወሊቃውንተ ቤተ ክርስትያን እለእዘኩ ከመ ንዝክሮሙ ለለአሓዱ በበእሲማቲሆሙ ለይባርክ እግዚእ ላዕሌሆ ሙ ወየሀበሙ ፍቅረ በቅድመ ምኮናነ መኳንንት ወወበይት ወሥልጣናት ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ ድኩማን ወምስኪናን ወመዓስባን ወእጓለ ማውታ· ወፅ ጹባን ወዘራእያን ወሓረሳውያን ወእለ ይሠይጡ ወኮላ ነፍስ ዕጽብት በኮሉ መካን ከመ ይምሐሮሙ እግዚእ ወይሠህል ላዕሌነ ወላዕሌሆሙ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ እለ ይትመነደቡ በቤተሞቅሕ ወእለ ውስተ ፃዋዌ ወእ ለሂ ተሰዱ ወእለሂ ተአሰሩ በማእሰረ ሠይጣን ከመ ይፍትሖሙ እግዚ እ ወያድኀኖሙ ወይምሐሮሙ ወኪያነሂ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ጸልዩ በእንተ ኮሉ ነፍስ እለ ተጋብኡ ውስተ ዝንቱ መካን ቅዱስ ከመ ይኅሥሡ ምሕረተ ለነፍሶሙ ለይርከቡሙ ምሕረተ እግዚእ ኣም ላከነ ፍጡነ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተማህለነ።

ይ.ካ፡-ምእንቲ ሰላም ናይዛ ሓንትን ቅድስትን ሓዋርያዊትን አብ ኮሉ እትርከብን ቤተክርስትያን፡ምእንቲ ድሕነት ኩሉ ቦታን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ምእንቲ ብፁዕ ወቅዱስ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት አቦና----ዘም ኡውን ብፁዕ ጳጳስና አባ--ጐይታ ሕይወቶም ብምሕላው አብ መንበረ ስብከቶም ክጽንያም፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ምእንቲ ሓድነት ማኅበርናን ናይ ኮሉ ማኅበረ ክርስትያን ሓ ድነትን፡ጐይታ ብሰላም ኣጽሊሉ ክሳብ ፍጻሜ ክብጽሓናን፡ኃጢአትና እውን ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- አብ ቅድስቲ ቤተክርስትያንክብ ሰብ ኮ ካብ እንስሳ መባእ ዚቕርቡ፡ጐይታ መባእም ኪቕበለሉምን ኪባርኽለሙምን፡አብ ጽቡቕ ስ ራሓቶም ንኽጸንዑ ኪሕግዞምን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ። ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- አብ ኮሉ ቦታን ስፍራን ንሠናይ ዘደኽሙን ንዚተክርስትያን ዚሓስቡን ዚዝክሩን ሰብ ቅኑዕ ሃይማኖት ጐይታ ባረኹ ዓስበም ኪህቦ ምን ምሕረቱ ኪጽግፃምን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸ ልዩ። ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ንቀኖቢኖን ዚኽውን ስርናይን ዘቢብን ዕጣናትን መጻሕፍትን ካልእ ናይ ቤተመቕደስ ኣቕሑትን ዚሓልዩ ሰባት ኮሉም፡ጐይታ ዝበለ ጸ ዓስቢ አብ መንግሥቱ ሰማይ ኪህቦም፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ። ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ንነፍስወከፈም በብስሞም እናሰመና ክንዝክሮም ንዝተሳበዉና ናይ ቤተክርስትያን ሊቃውንትን ኩሎም ዓበይትን፡ጐይታ ኪባርኾምን አብ ቅድሚ ዙፋምንትን መኻንንትን ሰበሥልጣናትን ፍቕርን ክብርን ከውህቦም፡ነአናውን ንኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ብሕማም ሥጋ ዝደኸሙ ብሕማምነፍሲ ዝተሸገሩ፡ረዳኢ ዘይ ብሉም ኣረገውትን መበለታትን ዘኻትምን ድኻታትን ኩሉም መሳኺንን ሰብ-ዘራኢትን ሓረስቶትን ዚሸጡን ዚሻየጡን ኩሉም ጽጉማትን፡ጐይ ታ ኪርኀርኃሎምን ይቕረ ኪብለሉምን ክርህወሎምን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።
ይ.ሕ. አ! ጐይታና ይቕረ በለልና።

Scanned with CamScanner

ጸልዩ በእንተ ዝናማት ወዕርገተ ማያተ ባሕር ወአፍላግ ዘዝንቱ ዓመት ከመ ክርስቶስ አምላክነ ዘበአማን ይባርኮሙ ወያዕርጎሙ እስከ መስፈርቶሙ ወያጽንዕ ለኵሉ ዘሥጋ ወይጸጉ መድኀኒተ ለእንስሳ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ።

ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ ፍሬ ገራውህ ወአእዋም ወአውያን ወኵላ ዕፅ እንተ ትፈሪ ፍሬ ውስተ ዓለም ከመ ይባርኮሙ እግዚእ ያብዝኖሙ ወያፈጽሞሙ በሰላም ዘእንበለ ሙስና ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ።

ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ እለ ይቤሉነ ወአዘዙነ ከመ ንዘከሮሙ በጸሎትነ ከመ እግዚአብሔር ይዘከሮሙ በሠናይ ወይምሐሮሙ በኵሉ ጊዜ ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ በእንተ ዛቲ ሰሙን ከመ እግዚእ ያፈጽመነ በሰላም ወያሰስል እምኔነ ተቃርኖቶ ለፀራዊ ወያድኅን ነፍሳተነ ወይምሓረነ ወይስረይለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡- እግዚኦ ተሣህለነ።

ጸልዩ ከመ እግዚእ አምላክነ ይምሐረነ ወይሠህለነ ወይትወከፍ ስእለተነ ወያፈጽመነ ዛተ ፋሲካ በሰላም ወያርእየነ ብርሃነ ትንሣኤሁ በፍሥሓ ወበሰላም ወይስረይ ለነ ኀጣውኢነ። ይ.ሕ፡-እግዚኦ ተሣህለነ።

መስተበቍዕ በእንተ ድዉያን

ይ.ካ፡-ወካዕበ ናስተበቍዕ ዘኵሎ ይእኅዝ እግዚአብሔር አብ ለእግዚእ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ።በእንተ ድዉያን አኃዊነ ከመ ኵሎ ደዌ ወኵሎ ሕማመ ያሰስል እምኔሆሙ መንፈስ ደዌ ስዒር ሕይወተ የሀቦሙ ዘለኵሉ ፈውስ ሥልጣን ቦቱ እግዚአብሔር አምላክነ።

ይ.ዲ፡-ጸልዩ በእንተ ድዉያን።

ይ.ካ፡-እግዚአብሔር ዘኵሎ ትእኅዝ ንስእለከ ወናስተበቍዐከ ለድዉያን አኃው ሕይወተ ሎሙ ጸጉ መንፈስ ደዌ ሰዐር ኵሎ ደዌ ወኵሎ ሕማመ እምላዕሌሆሙ አኅልፍ ፍጡነ ይርከበነ ሣህልከ እግዚኦ።

ይ.ዲ፡-ንበል ኵልነ።

ይ.ሕ፡-እግዚኦ ተሠህለነ።

ይ.ካ፡-መፈውሰ ነፍስ ወመፈውሰ ሥጋ ሐዋጺሁ እንተ ለኵሉ ዘሥጋ ወለእለ እምኀበ መናፍስት ርኩሳን ይጼዐሩ አግዕዝ ነፍስ ምንድብት ወጥውቅት ሀብ ሣኅተ ወሀብ ዕረፍተ ኵሎ ደዌ ስድድ እምዝንቱ ቤት ወእም እለ ይጼውዑ ቅዱሰ ወቡሩክ ስመከ ወለለኍልቈ ነፍሳቲነ እንከ ደዌ ፈዊ ሰከ ፍጹመ መድኃኒተ ጸጉ።በ፩ ወልድከ ዘቦቱ ለከ ምስሌሁ ወምስለ ቅዱስ መንፈስ ስብሓት ወእኂዝ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም።

ይ.ሕ፡-አሜን።

ይ.ካ፡- አብ ቤትማእሰርቲ ዘለዉን፡አብ ስደትን ብናይ ምርኮ ውርደትን ዚሳቐዩን፡ብኢጋንንቲ ዝተታሕዙን ኵሎም፡ጐይታ ካብዚ ኵሉ ማእሰርቲ ሥጋን ማእሰርቲመንፈስን ሓራ አውጺኡ ምሕረቱ ኪህቦም፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ምሕረትአምላኽ ደልዮም አብዚ ቅዱስን ክቡርን ቦታዚ ዝተአከቡ ኵሎም ናይ አምላኽናን ጐይታናን ይቕረታን ምሕረትን ቀልጢፉ ኪመጽኦም፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ናይዚ ዓመትዚ ዝናማትን ወሓይዝትን ቀላያትን፡ክርስቶስ አምላኽና በረኸቱ ሂቡ ክሳብ አፋቶም ኪመልኦም፡ንምድሪውን ለምለምን ደለምን ገቢሩ ከፈሥሓ፡ንኵሉ ፍጡር አጽኒዑ፡ንእንስሳን ጥሪትን እውን ኬድሕን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- አብ ጸሎትና ክንዝክሮም ዘተሓሳሰቡናን ሓደራ ዝበሉናን ሰባት ኩሎም፡እግዚአብሔር ብጽቡቕ ኪሓስቦምን፡በብግዚኡ ኽአ ይቕረታኡ ኪህቦምን፡ነአናውን ኃጢአትና ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ነዛ ሰሙንዚአ ጐይታ ብሰላም ከፈጽመና፡ካብ ሕሱም ተኸራኻርን ክፉእ መኻርን አድሒኑ ከአ ይቕረ ኪብለልናን ኃጢአትናውን ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።

ይ.ካ፡- ጐይታናን አምላኽናን ኪርኅርኃልናን ይቕረ ኪብለልናን ልመ ናናውን ተቐቢሉ ብርሃነትንሣኤኡ ብደስታን ብሓሴትን ከርእየናን ንፋ ሲካ ብሰላም ንምፍጻም ከብቅዓና፡ኃጢአትናውን ምእንቲ ኪሓድገልና ጸልዩ።

ይ.ሕ. አ!ጐይታና ይቕረ በለልና።



Scanned with CamScanner

(ብየማን ዘለዉ ይበሉ) ክርስቶስ አምላክነ ዘመጽአ ወሐመ በእንቲ
አነ በሕማማቲሁ ቤዘወነ።

(ብፀጋም ዘለዉ ይመልሹ) ንሰብሖ ወናልዕል ስሞ ኀቡረ እስመ
ውእቱ ገብረ መድኀኒተ ለዓለመ ዓለም።

(ነዚ ዚስዕብ አብ ክልተ ወገን ተሽፈሎም፤ክልተ ግዜ
እናተሽታተሉ፤ሓደ ግዜ ክአ እናተቕባበሉ የዚሙ።)

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን

» » እብኖዲ ናይናን »
» » ታኦስ » »
» » ማስያስ » »
» » ኢየሱስ » »
» » ክርስቶስ » »
» » ኣዶናይ » »
» » ኣማኑኤል » »
» » ጻበኦት » »
» » ደስቡጣ » »

(በብወገኖም፤ብሓደ ወገን ዕሥራ ግዜ፤በቲ ካልእ ወገን
ድማ ዕሥራን ሓደን ስለዚ 41 ግዜ «ኪርያላይሶን» የዚሙ)

ሰ ላ ም ዘ ነ ግ ህ

ሰላም ለኪ ማርያም ድንግል፤ዘመዐዛ ኣፋኪ ኮል፤
እንተ ትጼንዊ በገዳም ወሓቅል፤
ወልታ ረዲኦትየ በውስተ ቀትል። - ሰላም ለኪ።
ዘተሰፍዎ ባዕድ ኣልብየ፤ዘእንበሌኪ ምክሕየ፤
በኢመንኖ በልኒ ገብርየ ገብርየ፤
ዘተሣየጥኩከ በንዋይየ። - ሰላም ለኪ።
ኣትሮንሰ ሰሎሞን ኣንቲ፤ለሐና ባሕርያ፤
ንግሥታት ስሳ ወዕቁባት ሰማንያ፤
ወደሳኪ እንዘ ያገንያ። - ሰላም ለኪ።
አመ ይከውን ድኅረ፤ዕለተ በቀል ወፍዳ፡

ወአመ ኢታድኅን እም ዘወለደት ወልዳ፡
ባልሕኒ እሞተ ዕዳ። - ሰላም ለኪ።
በከመ ልማድኪ በሊ፤ኀበ ወልድኪ ከሃሊ፤
* ኦርኅሩኅ፤ኢተበቃሊ፤
ያጠፍኦኑ፤ለሥዕሉ ሠዓሊ፤
ኪነተከ ዘትካት ኀሊ። - ሰላም ለኪ።
ከመ ንንግር ኵሉ ስብሓተከ በኣናቅጺሃ ለጽዮን፤ማኅደረ ብዙኅ ሰላም፤
ዘኣንቃሕከነ እምነ ንዋም፤
ኢየሱስ ወልደ ማርያም። - ስብሓት ለከ።
ላዕለ ጻድቃን ወኃጥኣን፤ብርሃነ ጸጋ ምዉቅ፤
ዘታሠርቅ ለነ እምነ ምሥራቅ፤
ኢየሱስ ፀሓየ ጽድቅ። - ስብሐት ለከ።
ለዘመጠነዝ ገበርከ ላዕሌሆሙ፤ፍድፍድና ጸጋ ወሀብት፤
ፈደዩከ እፎ እኪተ ህየንተ ሠናይት፤
ኢየሱስ ንጉሠ ስብሐት። - ስብሐት ለከ።
ኢየሱስ ኀሙይ በእንቲኣነ፤ኢየሱስ ሙቁሕ፤
እንተ አቀሙከ ውስተ ዐውደ ፍትሕ፤
ጊዜ ኮነ ጎሐ ጽባሕ። - ስብሓት ለከ።
ከመ የዋህ በግዕ ወከመ ላሕም መግዝእ፤
መሥዋዕተ መድኃኒት ትኩን ለቤዝዎ ሰብእ፤
ዘኀለፍከ ዐፀደ ፍግዕ። - ስብሐት ለከ።
እምልብነ ኣግሕሥ እግዚኦ፤ነገረ ጸላኢ መስሕት፤
ዘአግሐሥከ ለነ ጽልመተ ሌሊት፤
ኢየሱስ ብርሃነ ሕይወት። - ስብሐት ለከ።
ኣኰቴተ ስብሐት ወትረ፤ለመንግሥትከ ስቡሕ፤
* ጊዜ እምንዋምነ ንነቅሕ፤
ናቂርብ ለከ በቃለ ክላሕ፤
ወንፌኑ ለከ ስብሐተ ዘነግህ። - ስብሐት ለከ።
ስብሐት ለክሙ ሥሉስ ቅዱስ፤መዋዕያነ ክልኤ ኣእምሮ፤
ለብርሃን በነግህ ዘፈጠሮ፤
ቃልክሙ በተናግሮ። - ስብሓት ለክሙ።
እምነ ብርሃን ብርሃነ፤መጠነ ኣሓቲ ሥርናይ
እለ ኣልበስክሙ ነገሥተ ሰማይ፤
ለወርኅ ወለፀሓይ። - ስብሓት ለክሙ።
ሰዓተ ሌሊት ሥላሴ፤ዘወሰንክሙ በጎሕ፡
እንዘ ታከብሩ፤በጸዳል ብሩህ፡
ፀሐየ እምነ ወርኅ። - ስብሐት ለክሙ።
ኀበ ርኅራኄክሙ በዝኅ፤ወኀበ ኣልቦቱ መስፈርት፤
እለ ትሰመዩ፤በስመ ብእሲት፡
ሥላሴ ዕደወ ምሕረት። - ስብሓት ለክሙ።
ከመ ኀብረ ለይ ቀይሕ፤ኀጢኣትየ ቄሐ፤
*ሓዘን ብየ ኣምጣነ በዝኅ፤
ሥላሴ ዘዮም ወዘኣሚሃ፤

Scanned with CamScanner

በጽባሕ ሀቡኒ ፍሥሐ። - ስብሓት ለክሙ

ስብሓት ለእግዚአብሔር ኪያነ ዘፈጠረ ከመ ናምልኮ፡
ስብሓት ለማርያም እመ አምላክ እግዝእትነ ወመድኀኒትነ
ስብሓት ለመስቀለ ክርስቶስ ዕፀ መድኀኒት ኀይልነ ወጸወንየ።

(ሕዝቢ ይበል)

ነአምን በአሓዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ገባሬ ሰማ ያት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።ወነአምን በአሓዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘሀልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም።

ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእምአምላክ ዘበአማን፥ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ።ዘዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁስ አልቦ ዘኮነ ወኢምንተኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ወተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ እማርያም አምቅድስት ድንግል ኮነ ብእሴ።ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ሐመ።

(ሕዝቢ ኮፍ ይብል፤ካህን ተንሢኡ ናብ ሕዝቢ ገጹ ኮይኑ ነዚ ዚስዕብ ጸሎተ ቡራኬ የብጽሕ)

ጸ ሎ ተ ቡ ራ ኬ

(ናይ ትግርኛ እንተደለኻ አብ ገጽ 18 ረአ)

አ ማኅበራኒሁ ለክርስቶስ እለተጋባእክሙ ውስተ ዛቲ ኤላሙ በእንተ ላሐ ሕማሙ ወበእንተ ስቅለቱ ወሞቱ ወርግዘተ ገቦሁ ወክዕወተ ደሙ ለሕዝበ አይሁድ በፋሲካሆሙ አመ አግብኡዎ እሉ ውስተ እደ ኃጥአ ን በቅንአቶሙ።

ይትወከፍ እግዚአብሔር ድካመክሙ ወጸሎተክሙ ወመዝሙረክሙ ወኵሎ ጻማክሙ እምኅሊና ሥጋ ወኅሊና መንፈስ ኵሎ ኀሠሣቲክሙ በሥምረቱ ይፈጽም ለክሙ።ተስፋ ትንሣኤ የሀብክሙ፤ ቃለ ፍሥሓ ያስምዕክሙ፤ በሣህሉ ወበምሕረቱ ይክድንክሙ።በከመ ሐወጾሙ ለአ ርዳኢሁ የሐውጽክሙ፤ ለይሱቅ ትንታኔክሙ ወይናዝዝ ትካዘክሙ ወያ ጽንዕ ድካመክሙ።

ምስለ አነ እኁክሙ ጥቡዕ ለመልእክትክሙ፤ ወምስለ ኵሎሙ እለ ተማሕፀኑ ዘርሑቅ ወዘቅሩብ በኃይለ ጸሎትክሙ።ከመ ይደመሩ አመ ይመጽእ እግዚእክሙ በዕለተ መርዓሁ ምስሌክሙ ውስተ ጉባኤሆሙ ለአበዊክሙ በየማኑ ያቅምክሙ ቤተተድላሁ ያብእክሙ ለዓለመ ዓ ለም።

ይ.ሕ.፡- አሜን።

ይ.ዲ.፡- ሑሩ በሰላም ወእግዚአብሔር የሀሉ ምስሌክሙ ወተመየጡ በጊዜ ሠለስቱ ሰዓት።

ዘ፫ቱ ሰዓት

ካህናት አብ እግሪ መንበረታቦት ዓራት ይግበሩ፤ ብአልባስ ከአ ይኸ ደኑ ም፤ ጽጌረዳ ይንስንሱሉ፡ ብላዕሊ ብየማንን ብጸጋምን ከአ መሳቕል የቕምጡ፤ ብሩህ ሽምዓ ይውስኹ።ወንጌለ ምስኡውን ጽዋዕ አብ መንበ ረ ታቦት የንብሩ።

ይ.ካ. ይምሓረና ይሠሀለና...ብመስቀሉ ይትቤዘወና አቡነዘበሰማያት..

(ይበል መራሒ)

በ፱ አርዑተ መስቀሉ ጾረ፡ አርዑተ መስቀሉ ጾረ፡ ይስቅልዎ ሖረ ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ ከመ ኪያነ ይቤዙ እግዚእ ኮነ ገብረ።

(ብምቅብባል ፫ተ ጊዜ ይበሉ)

ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።

አማኑኤል አምላኪየ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለም ዓለም።

አእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።

ኃይልየ ወጸወንየ እስመ ኮንከኒ ረዳእየ እብል በአኰቴት፡አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ ትምጻእ መንግሥትከ፤ ወይኩን ፈቃድከ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር።ሲሳየነ ዘለለ ዕለትነ ሀበነ ዮም፤ ኀድ ግ ለነ አበሳነ ወጊጋየነ፤ ከመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘአበሰ ለነ፤ ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት፤ አላ አድኅነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩይ። እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት፤ ኃይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።

ለአምላክ	ይደሉ	ክብር	ወስብሐት	ወዕዘዝ	ለዓለም	ዓለም
ለሥሉስ	»	»	»	»	»	»
ለማሕየዊ	»	»	»	»	»	»
ለዕዘዙ	»	»	»	»	»	»
ለመንግሥቱ	»	»	»	»	»	»
ለምኵናኑ	»	»	»	»	»	»
ለኢየሱስ	»	»	»	»	»	»
ለክርስቶስ	»	»	»	»	»	»
ለሕማሙ	»	»	»	»	»	»

፫ ጊዜ ይበሉ

Scanned with CamScanner

ለክ ይደሉ ኃይል፡ለክ ይደሉ ስብሐት፡ወለክ ይደሉ ላኰቴት፡ አእማዚአየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም።

ንባባት ዘቅቱ ሰዓት

እንካብ መጽሐፍ

አሪት ዘፍጥረት

(ማኟ፡፩-፲፰)

ድኅሪ ቅሩብ እዋን ንዮሴፍ«እንሆ አቦኻ ሓሚሙ»በልዎ።ዮሴፍ ከአ ንኽልቲኦም ደቁ ንምናሴን ኤፍራምን ሒዝዎም ከደ።ንያዕቆብ ድማ«እንሆ ወድኻ ዮሴፍ መጺኡ»ኢሉም ነንሩዎ።ያዕቆብ ከአ ተጋዲሉ አብ ዓራቱ ኮፍ በለ።ንዮሴፍ ከአ ከምዚ በሎ«እቲ ኽሉ ዚኽእል አምላኽ አብ ኵሉ አብ ምድሪ ከነአን ተራእየኒ፤ከምዚ ዚስዕብ እናበለ ኽአ ባረኽኒ-እነሆ አነ ኽፍርየካን ክብዝሓካን ብዙሕ ሕዝቢ ኽአ ኽንብረካን እየ ብድሕረኻ ድማ እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ርስቲ ዘለዓለም ገይረ ክህቦ እየ»።

«-ሕጂ ኽአ እቶም አነ ናባኻ ናብ ግብጺ ከይመጻእኩ አብ ምድሪ ግብጺ ዝተወልዱልካ ኽአቲኣም ደቅኻ ናተይ እዮም።ኤፍራምን ምናሴን ከም ሮቤልን ስምኦንን ኪኾኑ እዮም።ብድኅረኦም እትወልዶም ውሉድ ግና ነአኻ ይኹኑ።አብ ርስቶም ከአ ብስም አኀዋቶም ኤፍራምን ምናሴን ይሰመዩ።ካብ ሶርያ-መሶጰታምያ ከምለስ ከሎኹ አ ብ ምድሪ ከነአን ንኤፍራታ ቕሩብ ምስተረፈኒ አብ መንገዲ ኽሎኹ አዴኻ ራሔል ሞተትኒ።አብ መንገዲ ኤፍራታ ማለት አብ ቤተልሔም ከአ ቐበርኩዋ።»

ያዕቆብ ድማ ንደቅዮሴፍ ምስረአዮም«እዚኦቶም እንታዮት እዮም?» ኢሉ ሓተተ።ዮሴፍ ከአ ነዮሉ«እዚኦቶም አምላኽ አብ ግብጺ ዝሃበኒ ደቀይ እዮም»በሎ።ያዕቆብ ድማ«ከምርቆምሲ እስከ ናባይ አቕርቦም» በሎ።አዕይንቲ እሥራኤል ከአ ካብ እርግና ዝተሳዕሰ ስለ።ንሱን ነበራእሞ ኪርኢ አይክእልን ነበረ።ዮሴፍ ድማ ናብ አቦኡ አቕረቦም።ያዕቆብ ከአ ሓቖፉ ሰዓሞም።ያዕቆብ ድማ ንዮሴፍ«ገጽካ ኽርኢ እየ ኢለ አይሓሰብኩን ነይረ፥አምላኽ ከአ እነሆ ንዝርእኻውን አርእዩኒ» በሎ።ዮሴፍ ከአ ንደቁ ካብ ሑቖፉ አቦኡ አግልስ አቢሉ ብገጹ ናብ ምድሪ ሰገደ።

ዮሴፍ ድማ ንኽልቲኦም ደቁ ወሲዱ ንኤፍራም ብየማኑ ገይሩ ናብ ጸጋም ያዕቆብ ንምናሴ ኽአ ብጸጋሙ ገይሩ ናብ የማን አቕረቦ ም።ምናሴ በኽሪ ኤፍራም ከአ ምንኣሉ ነበረ።ያዕቆብ ግና አእዳዉ አመሓላሊፉ የማነይቲ ኢዱ አብ ርእሲ ኤፍራም ጸጋመይቲ ኢዱ ድማ አብ ርእሲ ምናሴ አንበረ።ንዮሴፍ ከአ ኽምዚ ዚስዕብ እናበለ መረቆ፤«እቲ አቦታተይ አብርሃምን ይስሓቅን ዘገልገልዎ አምላኽ ነዞ ም ደቂ እዚኦም ይባርኽ።እቲ ካብ ዝውሰድ ጀሚሩ ክሳዕ እዛ መዓልትዚኣ ዝንሰየኒ አምላኽ ይባርኾም።እቲ ኻብ ኵሉ ኽፉእ ዘድሓነኒ አምላኽ ይባርኾም።ስመይን ስም አቦታተይ አብርሃምን ይስሓቅን አቶም ይጸዋዕ።አብ ማእከል ምድሪ ድማ ይብዝሑን ይስስኑን»።ዮሴፍ ክአ አቦኡ የማነይቲ ኢዱ አብ ርእሲ ኤፍራም ክም ዘንበረ ርእዩ ጉሃየ፤ ካብ ርእሲ ኤፍራም አልዓሉ ናብ ርእሲ ምናሴ ኪሕልፋ ኽአ ንኢድአቦኡ ሓዛ።ዮሴፍ ድማ ነቦኡ«አቦየ ክምኡ አይኮነን እቲ በኽሪ እዚ እዩ ምነይትኻ አብ ርእሱ አንብር»በሎ።አቦኡ ግና አበዮ «ፈሊጠ አሎኹ ወደየ! ፈሲጠ አሎኹ።ዘርኢ ምናሴ ድማ ዓብይ ሕዝቢ ኪኸውን እየ፤እቲ ንእኽቶይ ኃዉ ግና ኻብኡ ኪዓቢ እየ፤ ዘርኡውን ብዙኅ ሕዝብታት ኪኸውን እዩ»በሎ።

እንካብ መጽሐፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(ጀ፤፫-፮)

እዚ ኻብታ ኤዶም ዘላ ኽተማ ቦጽራ፡ግምኛ ለቢሱ ዚመጽእ ዘሎ መን እዩ?እዚ ብኽዳውንቱ ዘገደ ምስ ምሉእ ኃይሉን ጉልበቱን ሸነን እናበለ ዚመጽእ ዘሎ መን እዩ?አነ እቲ ንምድንን ምሉእ ሥልጣን ዘሎኒ ዓወት ዘበሥር እግዚኣብሔር እየ።ስለምንታይ ደሉ ኽዳንካ ቐይሕ?ስለምንታይከ አልባስካ ነቲ ናይ ረገጽዘቢብ መሰለ?አነ በይነይ ነኣዛብ ከም መጽመቕ፡ወይኒ ገይረ ረገጽክዎም ዝሓገዚ ኽአ ሓደኺ አይነበረን።ብኽሪይ ረገጽክዎም፡ብነድሪይ ድማ ጨፍለቕክዎም።ክዳውንተይ ከአ ብደሞም ተዓለሰ፡ከምኡውን ቀይሐ።ንሕዝበይ ዘድኅነላ ዓመት መጺኡ፤ንጸላእቶም ዝብቀለላ መዓልቲ ኽአ በጺሐ እያ።ዘሕሚኺ ኽምዘይነበረ ዚድግፈኒ ድማ ሓደኺ ኽምዘየልቦ ምስረአኹ ገረመኒ፤ ሽዑ ነድሪይ ደገፈኒ፡ዓወት ከአ ረኽብኩ።ብኽሪይ ንሕዝብታት ረገጽኩ ምም፡ብነድሪይ ድማ ፈጺመ አጽነትክዎም፤ንደሞም ክአ አብ ምድሪ ኽዓው።ኩ።

እግዚኣብሔር ንዘለዓለም መሓሪ ከምዝኾነ ኽዘንቱ እየ።ብቲ ዝገበረልና ኽሉ ውርደ ነገር ኽመስግኖ እየ፤ከም መጠን ዘለዓለማዊ ምሕረቱን ዕቢቱን ንሕዝቢ እሥራኤል ዓብይ ግብሪ ገበረሉ-ም።እግዚኣብሔር «ሕዝበይ ብሓቂ ዘይጠልሙ እዮም»በለሞ መድኃኒአም ኮነ።እዉ ካብ ኵሉ ጸበባእም አድኃኖም፡መልእኽ ልኢኹ ዘይኮነ ባዕሉ አድኃኖም። ብናኽሩን ብለውሃቱን ተበጀዎም፡ብዝንሰፈ ዘመናት ኵሉ ሓብሖቦምን ተኽናኽኖምን።ንሳቶም ግና ኻብኡ ዓለዉ፤ንቐዱስ መንፈሱ ኽአ ኣሃዘ፤ስለዚ ጸላኢአም ኮነ ባዕሉውን ተዋግአም።

ሽኢሉም ግና ነቲ ቐደም ዝነበረ ዘመንን ንሙሴን ንሕዝቡን ዘኸሩ እቲ ንመራሕቲ ሕዝቡ ኻብ ባሕሪ ዘድኃኖም እግዚኣብሔር ሕጂ አበ ይ አሎ?እቲ ንቐዱስ መንፈሱ አብ ሙሴ ዘንደረ እግዚኣብሔር አበ ይ አሎ?እቲ ብሙሴ ገይሩ ንርእሱ ዘለዓለማዊ ስም ምእንቲ ኽገብር ብድኃኑ ንማያትባሕሪ አብ ክልተ ዝመቐለ እግዚኣብሔር አበይ

Scanned with CamScanner

አሎ ? እቲ ኸም ፈረስበረኻ አብ ዓሚቕ ንማያት ባሕሪ ኸይተዓንቀ ፉ ኺሓልፉ ዝገበረ እግዚአብሔር አበይ አሎ?ኢሎም ሓተቱ።ከምቲ ከብቲ ናብ ለስ ወሪደን ዜዕርፋ፡ከምኡ እግዚአብሔር ንሕዝቡ ዕረፍቲ ሃቦም።እወ ንርእሱ ኸቡር ስም ኪገብርሲ ንሕዝቡ ኸምኡ ገይሩ መር ሖም።

ኦ!እግዚአብሔር ካብ ሰማይ ረአ፡ካብቲ ብቕድስናን ብኸብርን ጸኒዕካ እትነብረሉ ማኅደርካ ናባና ጠምት፡ኃይልኻ አበይ አሎ፡እቲ አባና ዘሎካ ዓብይ ሓልዮት አበይ አሎ?ርኅራኄን ምሕረትካንከ አበይ አሎ?ኦ!እግዚአብሔር አይትኅደገና።አቦና ንስኻ ኢኻ።አብርሃም አይ ፈልጠናን እዩ፤ያዕቆብውን አየለልየናን እዩ።አቦናስ ንስኻ እቲ ኻብ ዘለዓለ ዝተብጆኻና እግዚአብሔር ኢኻ።ኦ!እግዚአብሔር ካብ መንገድኻ ኸንዘብል ዝገደፍካና ስለምንታይ ኢኻ? ከይንፈርሃካ ድማ ልብና ኺ ተርር ዝሓደግካና ስለምንታይ ኢኻ? ስለባሮትካ ስለ ነገድ ርስትኻ ኢ ልካ ተመለስ።

ንሕና ንቕዱሳት ሕዝብኻ ነታ ምድሪ ንሓጻር ዘመን ጥራይ ተረ ስተናያ፡ሕጂ ግና ጸላእትና አሳጐጉና ንቤትመቕደስካ ኸአ ረገጽዋ። ቀደም ንጉሥና ኸም ዘይነበርካ ኮንካ፡ንሕና ድማ ሕዝብኻ ኸም ዘይነ በርና ኾንና።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፷፬፡፩-ፍጻሜ)

አየ!ንሰማያት ጨንዲሕካ እንተትወርድ፡አኸራን ንአኻ ርእዮም ብፍርሂ መንቀጥቀጡ።ስምካ አብ ጸላእትኻ ምእንቲ ኺፍለጥ፡ ከምቲ ሓዊ ንቐሸም ዜንድዶ ንማይውን ዜፍልሖ አሕዛብ አብ ቅድሜኻ ራዕ ራዕ ምእንቲ ኺብሉስ ነዓ ውረድ።ዘይተጸቤናዮ ዜገርም ግብሪ ዝገ በርካሉ እዋን ነይሩ እዩ፡አኸራንውን ነአኻ ርእዮም ብፍርሂ አንቀጥ ቀጡ።ነቶም ዚጽበዩዎ፡ኸምቲ ንስኻ ዝገበርካሎም ዚገብር ካልእ አም ላኽ ካብ ጥንቲ አይተሰምዐን፤ከምኡውን ከቶ አይተራእየን።ነቶም ተ ሓጉሶም ጽድቂ ዚገብሩን ከም ፍቓድካ ዚነበሩን ትቀባበሎም።ንሕና ግና ኃጢአት ገበርና፡ንስኻ ድማ ኰረኻልና፤ንሕና ኸአ አብ ኃጢአትና ነዊሕ ዘመን ነበርና፡ከመይ ኢልና ደአ ኸንድኅን? ኮላትና ብኃጢአትና ረኸስና ጽድቅናውን ከም ጨርቂ መርገም ኮነ፡ብሰሪ ኃጢአትና ኸአ ኸምቲ ንፋስ ንየው ነጀው ዚብቀጽ ንቕጽ ቈጽሊ ኾንና።ገጽካ ኸዊ ልካልና፡ብሰሪ አበሳና ኸአ ደርቢኻና ኢኻሞ፡ብጸሎትን ንአኻ ዚጽውዕ ን ክትሕግዞ ኢሉ ናባኻ ዜእውን ሓደ እኳ የልቦን።ሕጂ ግና ኦ!እግ ዚአብሔር ንስኻ አቦና ኢኻ።ንሕና ኸም መሬት ኢና ንስኻ ድማ ኸ ም ሰራሕ መሬት ኢኻ፡ኵልናውን ግብሪ ኢድካ ኢና።ኦ!እግዚአብሔር እምብዛ አይትቈጣዕ፤ንአበሳናውን ንሓዋሩ አይትዘክሮ።ራኅርኃልና፡ ንልምነካ አሎና፡ኵልና ሕዝብኻ ኢና።ኵለን ቅዱሳት ከተማታትካ ኸም ምድረበዳ ኾና፡ጽዮን ማለት ኢየሩሳሌምውን ከይተረፈት ዓነወ ትን ባደመትን።እታ አቦታትና ነአኻ ዜመስግኑላ ዝነበሩ ቅድስትን ከ

ብርትን ቤትመቕደስካ ብሓቂ ነደደት፡እቲ ኸቡር ጥሪትናውን ብዘሎ በረሰ።ኦ!እግዚአብሔር ካንዶ አይትርኅርኃልናን ኢኻ? ካንዶ ስቕ ክ ትብል እሞ ብዘይመጠን ክትቀጽዓና ኢኻ!!

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፷፡፱-፲፯)

እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት ከምዚ ኺብል ከሎ ሰማዕክዎ«ኸሉ እዚ ዓበይትን ጽቡቕን አባይቲ ኺዓኑ እዩ፡ዚነብሮ ዘይብሉ ኪኸውን እዩ።ካብ ዓሠርተ ድምጺ ዜውዕል አታ ኸልቲ ወይኒ ሸሞንተ ሊትር ነቢት ጥራይ ኪርከብ እዩ።ሚእትን ኪሎግራም ዘርኢ ኸአ ዓሠርተው ሸሞንተ ኪሎግራም እኸሊ ጥራይ ኺህብ እዩ።

አቱም ብርቱዕ መስተ ምእቲ ኸትሰትዩ ወጋሕታ አንጊህኩም እት ትንሥኡ፡ነቢት ክሳዕ ዜርስነኩም ድማ አዚኹም እተምስዩ፡ ወይለኹም!! መሰንቆን ጭራን ከበሮን እምብልታን ነቢትን አብ ድግስኩም አሎ፡ ንተግባር እግዚአብሔር ግና አይተስተብህልዎን፡ነቲ ግብሪ አእዳው ኸ አ አይትርእይዎን ኢኹም።ስለዚ ሕዝበይ ሰአን ፍልጠት ተማሪኸኩም ክትውሰዱ ኢኹም፡ክቡራትኩም ብጥሜት ኪሞቱ፡ሰብኩም ድማ ብጽምኢ ኪውድኡ እዮም።ስለዚ ሲኦል ብህርፋን አፋ ብዘይልክዕ ሃህ አቢላ አላ፡ነቶም ክቡራት ኢየሩሳሌምን ምስኦም ድማ እቲ ተአኪቡ ወኻዕ ዚብል ሕዝቦምን ትውሕጦም አላ።

እቲ ማንም ሰብ ለጠቕ ኪብል፡እቲ ምርኡይ ከአ ኺዋረድ እዩ፡ አዕይንቲ ኸሩዓት ድማ ኺዋረዳ እየን።እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት ግና ብምግባር ዕቤቱ የርኢ፡ንሕዝቡ ብምፍራድ ከአ ቕድስናኡ ይገል ጽ።ሽዑ አብቲ ዝፈረሰ ኸተማታት ዕያውቲ ኪጓሰያ እየን።መሓስእ ድ ማ ሣዕሪ ኺረኸባ እየን።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፶፡፬-ፍጻሜ)

ንድኹም ብቓል ገይረ ምጽንናዕ ምእንቲ ኸፈልጥሲ፡እግዚአብሔር አምላኽ ናይ ምሁራት ልሳን ሃበኒ።አብ ጸጽባሕ የንቅሓኒ፡ከም ተመ ሃራይ ምእንቲ ኸሰምዕ ከአ እዝነይ ከፈተለይ።

እግዚአብሔር አምላኽ ምእንቲ ኸሰምዕ እዝነይ ከፈተለይ፡አነውን አይአቢኹን፡አየድሓርሓርኩን።ዝባነይ ንገረፍቲ፡ምዕጕርተይ ከአ ንነጸይቲ ፀጕሪ ሃብኩ።ኪጸርፉንን ጡፍ ኪብሉለይን ከለዉን ገጸይ አይከወልኩን። ልዑል እግዚአብሔር ስለዝረድአኒ፡ብጸርፎም ተጓእ አይበልኩም።ንገ ጸይ ከም እምኒዓረ ገበርክዎ፡ከም ዘይሓፍር ከአ እፈልጥ እየ።ከመይ እግዚአብሔር ቀረባ እዩ፡ጻድቕ ከም ዝኾንኩ ኸአ ኪምስክረለይ እዩ። ኪማጐተኒ ዚደሊ እንተሎ ይምጻእሞ ብሓደ አብ ፍርዲ ንቐም።መንከ

Scanned with CamScanner

እዩ ተጻራርየይ፡ጭብጡ ሒዙ ይቕረብ።እንሆ፡እግዚአብሔር አምላኽ ረዳእየይ እዩ፡ዚኾንነኒ ደአ መን እዩ? እንሆ ኾላቶም ከም ዓለባ ኺ በልዩ፡ባልዕውን ኪበልዖም እዩ።አቱም ንእግዚአብሔር እትፈርሁ ንድምዊ ባርያኡውን እትሰምዑ፡ሽሕ እኳ መንገድኹም ብርሃን ዘይብሉ ጸልማት እንተኾነ፡አብ እግዚአብሔር ተወከሉ፡አብ አምላኽኩምውን ተጸግዑ። አቱም ንኽተዕንዉ ሓዊ እተንድዱ ኵልኻትኩም ንኽተጥፍኡ ኽአ እያድ እትሕዙ፡በቲ ሃልሃልታ ሓውኹምን ዘንደድኩምም እያድን ክት ጠፍኡ ኢኹም።ነዚ እግዚአብሔር ባዕሉ ኺገብሮ እዩ፡አብ ስቓይ ክትእለኹ ኢኹም።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፫፡፱-፲፮)

አቕዲሞም ብጊጋ ኽምዚፈርዱ አብ ገጾም ይንበብ፡ከም ሕዝቢ ሰዶም አብ ገዛእ ርእሶም ጥፍአት ዜምጽአሎም፡ከይሓብኡ ብጋህዲ ኃጢአት ይገብሩ አለዉሞ ወይልኦም!!

ጻድቃን ፍረ ጻማኦም ኪበልዑ እዮምሞ«ተዓዊትኩም!»በልዎም። ክፉአት ሰባት ግና እኩይ ኪረኽቦም እዩ፡ከም ግብሪ ኢዶም ከአ ኺፍ ደዩ እዮምሞ ወይልኦም።

ንሕዝበይ ብሓረጣ ዜለቅሑ ሰባት ይጭቁንዎም አለዉ፡እቶም ዜለ ቅሑዎም ከአ የጠፋፍኡዎም አለዉ።ኦ!ሕዝበይ፡እታ እትኸደላ መንገዲ ምእንቲ ኸይትፈልጣ መራሕትኻ የጋግዩኻ አለዉ።

እግዚአብሔር ኪምጕት ይትንሥእ ንሕዝቡውን ኪፈርዶም ይቕውም። እግዚአብሔር ነቶም ናይ ሕዝቡ ዓበይትን መራሕትን ኪፍረዱ አቕረ ቦም።ከምዚ ዚስዕብ ኢሉ ድማ ኸሰሶም«አታኸልቲ ወይኒ ወለድኩም፡ አባይትኹም ከአ በቲ ኻብ ድኻታት ዝዘረፍኩምዎ መሊኡ አሎ።ንሕ ዝበይ እትረግጽዎም፡ንድኻታት ከአ እትደቕስዎምሲ ስለምንታይ ኢ ኹም?አነ እግዚአብሔር ጐይታሠራዊት ተዛሪበ አሎኹ»ድማ በሎ።

እግዚአብሔር ድማ መሊሱ አዋልድ ኢየሩሳሌም ኰሪዐን፡ከሳውደን ገቲረን በዕይንተን ቅምጽ እናበላ፡ግንትእ ብዚብል አረጋግጻን፡ሽዋሕ ዋሕ ብዚብል ስልማትእግርን ይኸዳ አለዋ።

እንካብ መጽሓፍ

ሚክያስ ነብይ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፯፡፱-ፍጻሜ)

አነ ግና ናብ እግዚአብሔር ክጥምት ናብ አምላከይ ድማ ተስፋ ኸገብር እየ።ንሱ ኸድኅነኒ፡አምላኸይ እውን ኪሰምዓኒ እዩ።

አቱም ጸላእትና እንተወደቕናኳ ኸንትንሥእ፡አብ ጸልማት እንተ ተቕመጥናውን እግዚአብሔር ብርሃንና ኪኸውን እዩሞ በአና አይትተ ሓጐሱ።ንእግዚአብሔር በዲልናዮ ኢናሞ፡ ንነድሪ ቕጥዓኡ ኸንጽመም

ይግብአና እዩ።ደኃር ግና ፍትሒ ኼውጽአልና ኪከላኸለልና እዩ።ናብ ብርሃን ከውጽአና እዩ።ኪድኅነና ኸሎውን ከንርእዮ ኢና።ሸዑ እቶም «እግዚአብሔር አምላኸኩም አበይ አሎ?»እናበሉ ዜላግጹልና ዝነበሩ ጸላእትና ነዚ ርእዮም ኅፍረት ኪኸደኑ እዮም።ተሳዒሮም ከም ጭቃ መንገዲ ኺርገጹ ኸለዉ ኸአ ኸንርኢ ኢና።

አቱም ሕዝቢ ኢየሩሳሌም መካበብያ እታ ኸተማ ኸምብሓድሽ ዚስርሓሉ ጊዜ ኺመጽእ እዩ።በቲ ግዜ እቲ ዶብኩም ኪሰፍሕ እዩ። ሕዝብኹም ካብ ኵሉ ወገን ማለት ብወገን ምብራቅ፡ካብ አሶርን ካብ ፈለግ ኤፍራጥስን፡ብወገን ደቡብ ከአ ኻብ ግብጺ፡ከምኡውን ካብ ር ሑቕ ባሕርን እምባታትን ኪምለሱ እዮም።እታ ሃገር ግና ብሰሪ እከ ይ እቶም አብአ ዚነብሩ ሕዝቢ ኸትባድም እያ።

ኦ!እግዚአብሔር ነቶም ዝሓሬኻዮም ሕዝብኻ ነቶም አብ ዱር፡ አብ ማእከል ፈርያም መውዓልእንስሳ ንበይኖም ዚነብሩ ዘለዉ መጓስ ርስትኻ ብበትርኻ ጓስዮም።ከምቲ ናይ ቀደም ዘመን አብቲ ፈርያም ዝኾነ አብ ባሳንን አብ ጊልዓድን ጓስዮም።ከምቲ ኻብ ሃገር ግብጺ ኸተውጽአና ኸሎኻ ዝገበርካዮ፡አብ ማእከልና ተአምራት ግበር።አሕዛብ ሸሕ እኳ ኃያላት እንተኾኑ ነዚ ኵሉ ርእዮም ኪሓንኩ እዮም፡ካብ ምግራሞም ዝተላዕለ ኸአ አፎም ኪሕዙ እዝኖምውን ኪዓጽዉ እዮም። ከም ተመን ሓመድ ኪልሕሱ፡ከም ለመምታ ምድሪ እናንቀጥቀጡ ኻብ ቤቶም ኪወጽኡ፡ብፍርሂ ራዕራዕ እናበሉ ናብ እግዚአብሔር አ ምላኽና ኺመጽኡ እዮም።

ኦ!እግዚአብሔር አበሳ ዚሓድግ፡በደል እቶም ዝተረፉ ርስቱ ዝኾ ኑ ሕዝቢ ዜሕልፍ፡ከማኻ ዝበለ አምላኽ የልቦን።ነአና ኸትምሕር ባህ ስለዚብለካ ቀጥዓኻ ንሓዋሩ አይጸንሕን።መሊስካ ኸትርኅርኃልና፡ንአበ ሳና አብ ትሕቲ እግርኻ ኸትረግጾ፡ንኾሉ ኃጢአትና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ኸትድርብዮ ኢኻ።ነቲ ኻብ ትንቲ ዘመን ጀሚርካ ነቦታትና፡ንያ ዕቆብን ነብርሃምን ዝመሓልካሎም ነአና ንደቆም፡እሙን ምኳንካን ዘ ለዓለማዊ ምሕረትካን ከተርእየና ኢኻ።

እንካብ መጽሓፍ

እዮብ

በረኽቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመዓለም አሜን።

(፳፱፡፳፩-ፍጻሜ)

ከዛረብ ከሎኹ ጽን ኢሎም ይሰምዑኒ፡ንምኸረይ ከአ ይቕበልዎ ነበሩ።አነ ምስተዛረብኩ ዚዛረብ አይነበረን፡ቃላተይ ድማ ኸም ነጥቢ ዝናም ይሠርፆም ነበረ።ከምቲ ዝናምጽብሓት ዚጽበ ሓረስታይ አፎም ሃህ አቢሎም ቃለይ ኪሰምዑ ይጽበዩኒ ነበሩ።ፍርሃት ምስሓዞም ከምስ እብሎም ነበርኩ፡ፍሕሽዊ ገጸይ ርእዮም ከአ ይተባብዑ ነበሩ።ከም ሓ ለቓኦም ኮይነ መገዶም እመርሕ ነበርኩ፤አብ ማእከል ሠራዊቱ ኸም ዚቕመጥ ንጉሥ ነበርኩ አብ ሓዘኖም ድማ አጸናንዖም ነበርኩ።

Scanned with CamScanner

ድርሳን አብ ልዕሊ ቃል ቅዱስ ጳውሎስ

ሓዋርያ ጳውሎስ«ነቲ ናይ እምነትና ምንጪ ዝኾነ ፍጹም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንከተሎ ንስዓቦ»ይብል።እዚ ማለቱ ከዓ ከምቲ ባዕሉ ጐይታና«አነ ሓረኹኩም እምበር ንስኻትኩም አይኮንኩምን ዝ ሓረኹምኒ»ዝበሎ ባዕሉ ሓርዩና ማለት እዩ።እምበኣር ምስጋና ይብ ጽሓዮ፤ናይ ክብሩ ፍጻሜስ ካብ ባዕሉ እዩ።

ነዚ ዚጽበዮ ዘሎ ክብሪ ሓሲቡውን ውርደት መስቀል ብትዕግሥቲ ተ ቐበለ፤ንውርደት ከዓ ነዓቓ።እዚ ማለት ከዓ ብዘይድላዩ አይተሳቐየን፤ ዘይደለ እንተዝኸውን አይምተሳቐየን ነይሩ ማለት እዩ።ከመይ ከምቲ አቐዲሙ አብ ቅዱስ ወንጌል«ጐይታዚ ዓለምዚ ኪመጽእ እዩሞ አብ ልዕለይ ገለኳ ዘዛርብ ወቐሳ አይኪረክብን እዩ»ብዝበሎ ቃል፣ዝገበሮ በደልን ዝተዛረቦ ሓሶትን የብሉን፤እነሆ እምበኣር ዘይደለዮ እንተዝኸውን አብ መስቀል አይምተሳቐየን ነበረ።«አነ ንነፍሰይ ብፍቓደይ አሕሊፈ እህባ ከንብራን ከልዕላን ከአ ሥልጣነይ እዩ»በለ።ንሱኳ ዝገደዶ ዘይ ብሉ ምእንታና ካብ ተሰቐለስ፥ንሕና ደአ ንዝኾነ ይኹን መከራታት ብኸመይ ዝበለ ትዕግሥትን ጽንዓትን ክንጸሮ ዘይግብአና!«ነቲ ዚጽ በዮ ክብሪ ኪረክብ ስቓያትመስቀል ተቐበለ።ንውርደት ከዓ ንዒቹ ተቐበለ»ዚብል ቃል ናይ ባዕሉ ምኸንያት ወይ ጐድልነት ዘይብሉ እንከሎ ንሞት ሓረየ፤መከራን ውርደትን ከዓ ተቐበለን መረጸን ማለት እዩ።ከምቲ ንሱ ንውርደት ንዒቹ ዝተቐበላ፤ንሕና ከዓ ክብሪ ሰብ ክንዕቕ ከምዘይግብአና አምሂሩና።«ንምንታይከ እዩ ንሕፍረት ነዓቓ ዚብልስ፤ንመከራ ነዓቓ ዘይብል?»ቢሉ ዚሓትት እንተሎ ሽሕኳ እን ተሓመመን እንተሓዘነንስ ንስቓያት መስቀል ተገዲዱ ዝተቐበሎ ከም ዘይኮነ ይፍለጥ።ብድሕሪኡኸ እንታይ ኮነ?ቢሉ ንዚሓትት ከዓ«አብ የማን እግዚአብሔር ተቐመጠ»ዚብል ምላሽ ይወሃቦ።

ፍቁር ሓወይ!ብፁዕ ጳውሎስ«ምእንትዚ እግዚአብሔር ክብ አበሎ አዕበዮ ኮሉ ብርኪ ንኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋ ለቢሱ ንኹሉ ዚኸውን መንገዲ ራህዋ ከም ዘምጽአን ከምዝኸፈተን ይነግረካ አሎ። እምበኣር ነቲ አብዚ ዓለምዚ ዝተገፍዔን ዝተዋረደን ዝተጸርፈን እናሰ ምዐ ከዓ አብ ቅድሜኡ«ጋኔን ሓዲሩዎ አሎ»እናበሉ አዋረድዎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እናጠመተና ብመንገዲ መከራ እንተደአ ተመላሊስና እዚ ኪበሃል ዘይከአል ዓስቢ አሎና።አብ ርእስዚ ኮሉ ጸርፊ ገሊአቶም«መስሓቲ ሕዝቢ»«ብብዔልዘቡል በቲ ሓለቓ ኢጋንንቲ ነጋንንቲ የውጽኦም አሎ» በሉዎ።ገሊኦም ከዓ እዚ መስሓቲ እዚ ብሕይወቱ እንከሎ«አብ ሣልሳይ መዓልቲ ክትንሥእ እየ» ከምዝበለ ዘኪርና እናበሉ አላገጽሉ።እዚ ኩሉ እንከ ብሕይወቱ እንከሎ እናሰ ምዔ እንከሎ ተአምራት እናፈጸመን ንሕሙማት እናሕወየን ተግባር ስራሑ እግዚአብሔር ክንዲ ዘርአዮም እዩ።እዚ ኮሉ ኪብልዎ ሰሚ ዑ፤ተአምራት ዘየርአዮም እንተዚኸውን ዘደንቕ አይምኾነን ነበረ።ግና

መስሓቲ ኪብሉዎ እናሰምዐ ናብ መንገዲ ሓቂ ይመርሖም ነበረ።ጋኔን አለዎ እናበሉዎ ከዓ ንሕሙማቶምን ንምውታቶምን የሕውየሎም ነበ ረ።መጣፍኢ መስሓቲ እናበልዎ ከዓ፥ነቶም ብሓቂ ዚቃወሙዎ ጐይታና የምህሮም ነበረ።ሓደ ብልኃተይና ሓኪም ዝኾነ ንሕሙማት መድኃኒት ቅድሚ ምሃቡ ንርእሱ ይጥዕሞን ይዕቅኖን።ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከዓ አቐዲሙ ንሞት ጠዓሞን ዓቀኖን፣ከምቲ ባዕሉ ጐይታና«ናይዚ ዓለምዚ ጐይታ ኪመጽእ እዩ»ዝበሎ ቃል ነቶም ሞት አፍሪሑዎም፥ ንሞት ዚሃድሙሉን በአኡ ዚማረኹን ሰባት፣ብትብዓት ንሞት ኪጸረርዎ ከምዚግብኦም ከርእዮም ቢሉ ዝገደዶ ዘይብሉ፥ርኅሩኅ ስለዝኾነ ምእ ንቲ ፍቕሪሰብ ንሞት ጠዓሞ።

ጳውሎስ ሓዋርያ«ንሞት ጠዓሞ»ንዚብል ቃል ኪትርጉም እቲ ንኹሉ ዝፈጠረ ምእንቲ ኩሉ ሞቱ ናብታ ጥንታዊት ናብራኦም ኪ መልሶም ቢሉ ከዓ ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ ጸውዖም ይብል።

ፍቁር ኃወይ!እግዚአብሔር አቦ ንወዱ ምስኡ ከምዘመዓራረዮን ከም ዝነአዶን ከምዘመስገኖንከ ርኢኻዶ? ወልድ ካብ እግዚአብሔር አቦ ዚንእስ እንተዝኸውን ብዛዕባ ወልድ ከምዚ ዝበለ ቃል አይምተዛረበን። ትርጕሙ ከምዚ እዩ፤ንበኹሪ ወዱ ምእንቲ ፍቕሪሰብ ኢሉ ለአኾ፤እዚ ብምግባሩ ካብ ኮሉ ዚዓቢ ክብርን ምስጋናን ገለጸልና።ንኻልኦት አ ብነት ኮይኑውን ከምሓደ ብርቱዕ ተዋጋአይ በዓል ምሉእ ዓቕሚ ኮ ይኑ ተራእየ።«ናብ ጥንታዊ ሕይወቶም መለሶም»ብምባሉ ከዓ«ናይ ሕይወቶምን ድሕነቶምን ምኸንያት ኮነ»ከም ማለት እዩ።አብ መንጎናን አብ መንጎ ወልድን ዘሎ ፍልልይሞ አስተውዕል!ንሱ ብሓቂ ንአቦ ወዲ ባሕርዩ እዩ፤ንሕና ግና ደቂጸጋ ኢና።ንሱ መድሕን እዩ፤ንሕና ከዓ በአኡ ዝደሓንና ኢና።

ርአ እሞ!«ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ ጸውዖም»ብምባሉ ናይ ውሉድ መሰል ሂቡ ምስኡ የመዓራርየና፤«ናብ ጥንታዊት ሕይወቶ ም ከመልሶም»ዝበሎ ከዓ ካብ ወልድ ፍሉያት ምኻናን ብስቓያቱ ናብ ሕይወትን ድኅነትን ከምዘብጽሓና የረጋግጽ።

ሃየ!እምበኣር ርአ፡ስቓይንን መከራን ምቅባል ናይ ስኑፋትን ንዑ ቓትን፥ናይ ርጉማትን ከምዘይኮነ ተረዳእ።ከመይሲ፡እግዚአብሔር ክብሩ ይስፋሕ!ንናይ ወዱ ስቓያት«ክብርን ምስጋናን»ቢሉ እዩ ዝሰመዮ። ምኸንያቱ ከዓ እግዚአብሔር፥ካብቲ ንዓለም ካብ ዘይነበረ ምፍጣሩ፥ ምእንቲ ፍቕሪ ሰብ ቢሉ ብናይ ወዱን ሥጋዊን ስቓይን ዝገበረልና ዚዓቢ ክንዲ ዝኾነ እዩ።ርግጽ እዩ!አምላኽ ንዓለም ብምፍጣሩውን ንሰብ ክንደይ ከምዘፍቀሮ ይገልጽ።እንተኾነ ግን ሓዋርያ ጳውሎስ ና ብ ሰብኤፌሶን እንክጽሕፍ«ነቶም ዝመሓረና አብ ዚመጽእ ሕይወት ሃብቲ ጸጋኡ ምእንቲ ክርእየና፣ብክርስቶስ አተንሥአና፤አብ ሰማያት ከዓ ምስኡ አንበረና»እናበለ ስቓያት ክርስቶስ ዝበለጸን ዝኸበረን ም ኻኑ አብሪሁ ይዛረብ።ደጊሙ ከአ«ብስቓያቱ ናይ ጥንቲ ሕይወቶም ፍጻሜ ኮነ»ቢሉ ይትርጕሞ።

እዚ ኮሉ ከዓ እግዚአብሔር አቦ ንሕይወቶም ከመሓይሽን ኪሠ

Scanned with CamScanner

ርዕን ወዱ በኝ ብዙሓት ኪሳቐ ደለየ።«ብስቓያቱ ናብ ድሕነቶም ኪመልሶም ወሰነ»ማለት ከዓ ምእንቲ ድሕነት አዳም ደአምበር ምእ ንቲ ርእሱ ከምዘይኮነ የረጋግጽ።እቲ ክብሪውን ንሰብ ደአ ኮነ እም በር ንዓኡ አይኮነን።ሓዋርያ ጳውሎስ ንልቢ ምእመናን ከጸናንዕ ከነ ቓቕሕን ቢሉ«ክርስቶስ ምእንቲ ስቓያትአዳም ቢሉ ብዝረኸቦ መከራ ተመስገነ በለ»።እዚ እዩምበአር እቲ ናይ መወዳእታ ዘደንቕ።ካልእ ንነፍሲ ዘተክዝን ዘጕህን ውርደትን ጸርፍንከ ክትሰምዕዶ ትደሊ?ነዚ ዚብልዎ ዝነበሩ ከስ ስማዕ«እዝስ እቲ አቦኡን አዲኡን እንፈልጦም ወዲ ዮሲፍ ጸራባይዶ አይኮነን?አሕዋቱስ ምሳናዶ አየለዉን?»ይብልዎ ነበሩ።ክርስቶስ ካብ ቤተልሔም ከምዚመጽእ መጽሓፍ ይነግር።ስለዚ አስተውዕል ካብ ገሊላ ነብይ ከምዘይመጽእ ፍለጥ በልዎ።ብክንደይ ጸ ርፍታትን ውርደታትንከ ምዘላገጽሉንከ ክትፈልጥዶ ትደሊ?እቶም ሰ ባት እቲአትም ናብኡ ቀሪቦም ሰገድሉ፤ዘበጥዎ«መን እዩ ዝጸፍዓ ካ?»እናበሉ ከዓ ተጻወትሉ።መጺጽ አስተዩዎ ወዲ እግዚአብሔር እን ተ ደአ ኮይንካስ እስኪ ካብ መስቀልካ ውረድ እናበሉውን ተሳለቹሉ።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ከአ እቲ መገልገሊ ሊቀካህናት ጸፍዖ፤ጕይታና ከአ«ክፉእ ተዛሪበ እንተኾይነ አመስኪርካ ክሰሰኒ፤ብዝተረፈ ጽቡቕ እ ንተተዛሪበ ኮይነ ንምንታይ ትዘብጠኒ?»በሎ።ቀይሕ ባርኖስ አልቢሶም ተሳለቹሉ።አብ ገጹ ጡፍ በሉሉ፤አብ ማእከል መጋብእያ ከአ ይፍት ንዎ ነበሩ።«ንስኻትኩምከ ክትስዕብዎዶ ትደልዩ አለኹም?»ምስ በ ሎም ካብ ተኸተልቱ ከይተረፈ ብግህዶ ኮነ ብሕቡእ ጸረፍዎ«ሠይጣን አሎካውን»በልዎ።

ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይወናጨፍ ነበረ፤እና ሓንሳብ ናብ እምባታት እናሓንሳብ ከዓ ናብ ምድረይሁዳ ናብ ገሊላ እናተመላለሰ አብ ግዜ ብጽሕነቱ መከራ ጸገበ፤ብንእስነቱ እንከሎ ከዓ አደኡ ክሳብ ምድሪ ግብጺ አህደመቶ።በዙ ምኸንያትዚ ሓዋርያ ጳው ሎስ ነቲ ዚጽበዮ ዝነበረ ክብሪ ኪረክብ፥ስቓይን ውርደት መስቀልን ብትዕግሥቲ ንዝተቐበሎ አብ የማን እግዚአብሔር ንዝተቐመጠ ፍጹ ም ኢየሱስ ክርስቶስ መራሒና ንከተሎ በለ።

(ካህናት በብተራ ተሳቢሶም ዕጣን ሒዞም፤አብ መካነምቅዋም ኮይኖም ሠለስተ ግዜ ትእምርተመስቀል እናገበሩ፤በብሓደ ነዚ ዚስዕብ የዚሙ ሕዝቢ ከአ ይኸተሎም።)

ግፍዖሙ እግዚኦ ለእለ ይገፍዑኒ።
ጸብኦሙ እግዚኦ ለእለ ይጸብኡኒ።
ግፍዖሙ እግዚኦ ለእለ ይገፍዑኒ።

(ዲያቆን ድማ ነዚ ናይ መዝሙር ፴፬ ንባብ በብ12 መሥመር መቓቒሉ ይደግሞ፤አብ ነፍስወከፍ መበል 12 መሥመር ከአ ካህን «ግፍዖሙ»የዝይም፡ሕዝቢ ይስዕቦ።)

መዝሙር ፴፬

***ንሣእ** ወልታ ወኮናተ ወተንሥእ ውስተ ረዲአትየ።-ምላሕ ሰይፈከ ወዕግቶሙ ለእለ ሮዱኒ፡-በላ ለነፍስየ፡እነ ውእቱ ረዳኢኪ። -ለይትኀፈሩ ወይኅሰሩ ኵሎሙ እለ የኀሥዋ ለነፍስየ፡-ለይግብኡ ድኅሬሆሙ ወይትኀፈሩ እለመከሩ እኩየ ላዕሌየ።-ለይኩኑ ከመ ጸበል ዘቅድመ ገጸ ነፋስ ወመልአከ እግዚአብሔር ለይሣቅዮመ።-ለትኩን ፍኖቶሙ ዳኅፀ ወጽልመተ፡-ወመልአከ እግዚአብሔር ይለስድዶሙ።- እስመ በከንቱ ኀብኡ ሊተ መሥገርተ ያጥፍኡኒ፡ -ወበከንቱ አመንዘዝዋ ለነፍስየ።-ለትምጽኦሙ መሥገርት እንተ ኢያእመሩ።

***ወተአኀዞሙ** መሥገርት እንተኀብኡ፡-ወይደቁ ውስተ ይእቲ መሥገርት፡-ነፍስየሰ ትትፌሣሕ በእግዚአብሔር፡-ወትትሐሠይ በአ ድኅኖቱ።-ኵሉ አዕፅምትየ ይብሉከ፡-እግዚኦ መኑ ከማከ፡- ታድኅኖ ለነዳይ እምእደ ዘይትዔገሎ፡-ለነዳይ ወለምስኪን እምእደ ዘይመሥ ጠ።-ተንሥኡ ላዕሌየ ሰማዕተ ዓመፃ፡-ወዘኢየአምር ነበቡ ላዕሌየ።- ፈደዩኒ እኪተ ህየንተ ሠናይት፡-ወአኅጥእዋ ውሉደ ለነፍስየ።-ወአንሰ ሶበ አስርሑኒ ለበስኩ ሠቀ።

***ወአሕመምክዋ** በጾም ለነፍስየ፡-ወጸሎትየኒ ገብአ ውስተ ሕ ፅንየ።-ከመ ዘለአኃውየ ወለቢጽየ ከማሁ አድሎኩ፡-ከመ ዘይላሑ ወይቴክዝ ከማሁ አትሓትኩ ርእስየ።-ተጋብኡ ላዕሌየ ወተፈሥሑ፡- ተማከሩ ይቅሥፋኒ ወኢያእመርኩ፡-ተሰብሩሂ ወኢደንገፁ።-ፈተኑኒ ወተሣለቁ ላዕሌየ ወሰሓቁኒ፡-ወሓቀዩ ስነኒሆሙ ላዕሌየ።-እግዚኦ ማእዜኑ ትፈትሕ ሊተ አድኅና ለነፍስየ እምእከየ ምግባሮሙ።

***ወእምአናብስት** ለብሕቱትየ።-እገኒ ለከ እግዚኦ በውስተ ማ ኅበር ዓብይ፡-ወእሴብሐከ በውስተ ሕዝብ ክቡድ።-ወኢይትፌሥሑ ላዕሌየ እለ ይጸልኡኒ በዓመፃ፡-እለ ይፃረሩኒ በከንቱ ወይትቃጸቡኒ በአዕይንቲሆሙ።-እስመ ሊተሰ ሰላመ ይትናገሩኒ፡-ወይመክሩ በቍ ጽር ያመንስዉኒ።-ወአብቀዉ አፉሆሙ ላዕሌየ፡-ወይቤሉ እንቋዕ እንቋዕ ርኢናሁ በአዕይንቲነ።-ርኢ እግዚኦ ወኢታርምም፡-እግዚኦ አ ትርሓቅ እምኔየ።-ተንሥእ እግዚኦ ወአጽምዕ ፍትሕየ።

***አምላኪየ** ወእግዚእየ ውስተ ቅሥትየ።-ፍታሕ ሊተ እግዚኦ አ ምላኪየ በከመ ጽድቅከ፡-ወኢይትፈሥሑ ላዕሌየ፡-ወኢይበሉ በልቦሙ እንቋዕ እንቋዕ ላዕለ ነፍስየ፡-ወኢይበሉ፡ውሕጥናሁ።-ለይትኀፈሩ ወይኅሰሩ እለይትፌሥሑ በሕማምየ፡-ወይልበሱ ኀፍረተ ወኀሳረ እለ ያዐብዩ አ ፉሆሙ ላዕሌየ።-ለይትፈሥሑ ወይትሐሠዩ እለ ይፈቅድዋ ለጽድቅየ፡- ወይበሉ በኵሉ ጊዜ ዐቢይ እግዚአብሔር፡-እለ ይፈቅዱ ሰላመ ገብ ርከ።-ልሳንየ ያነብብ ጽድቀከ፡-ወኵሎ አሚረ ስብሓቱከ።

Scanned with CamScanner

ምስባክ፡ ዐገቱኒ ክለባት ብዙኃን፡
ወአኀዙኒ ማኅበሮሙ ለእኩያን፡
ቀነውኒ እደውየ ወእገርየ።

ወንጌል ማቴዎስ

(፳፯፡፲፭-፳፩) 26:15-21

እቲ ገዛኢ ብበዓል ነቶም ሕዝቢ ዝደለይዎ ሓደ እሱር ኪፈትሓሎም ልማድ ነበሮ።በርባን ዝተባህለ ሓደ ውሩይ እሱር ድማ ነበሮም።ጲላጦስ ከአ ንኢየሱስ ብቕንአት ከምዘትሓዝዎ ይፈልጥ ስለዝነበረ እቶም ሕዝቢ ምስ ተአከቡ«ንመኖም ክፈትሐልኩም ትደልዩ?ንባርባንዶ ወይ ነዚ ክርስቶስ ዚበሃል ኢየሱስ»በሎም።አብ መንበር ፍርዲ ተቕሚጡ ኸሎ ድማ ሰበይቱ«ሎሚ ለይቲ ብሕልሚ ብዛዕብኡ ብዙኅ ተሳቕየ እየ እሞ አብ ልዕሊ እቲ ጻድቕ ሓንቲ ኸይትብድል ተጠንቀቕ»ኢላ ለአኸትሉ።ሊቃነካህናትን ሽማግለታትን ግና «በርባን ይፈታሕ፤ኢየሱስ ግና ይሰቕል»ኢሎም ኪልምኑ ነቶም ሕዝቢ«ሕራይ!»አበልዎም።ሽዑ እቲ ገዛኢ«ካብ ክልቲኦም ንመኖም ክፈትሓልኩም ትደልዩ?»ኢሉ ሓተቶም።ንሳቶም ድማ «ንበርባን» በልዎ።

ይ.ካ. ጊዜ ፫ቱ ሰዓት አኅዝዎ ለኢየሱስ ወወሰድዎ ይስቅልዎ።
(ሕዝቢ ይኸተሎ)

ወንጌል ማርቆስ

(፲፭፡፮-፲፮) 15:4-17

እንሆ ኸአ ብበዓል ንሳቶም ዝለመንዎ ሓደ ኻብቶም እሱራት ይፈት ሓሎም ነበረ።ምስቶም ህውከት ዝገበሩን አብቲ ህውከትውን ነፍሲ ዝቕተሉን በርባን ዚብሃል ሰብአይ ተአሲሩ ነበረ።እቶም ሕዝቢ ድማ ደይቦም ከምታ ልማዶም ኪገብረሎም ኪልምንዎ ጀመሩ።ጲላጦስ ከአ እቶም ሊቃነካህናት ብቕንአቶም አሕሊፎም ከምዝሃብዎ ፈሊጡ ነበረ እሞ«ነቲ ንጉሥ አይሁድ ክፈትሐልኩምዶ ትደልዩ ኢኹም?» ኢሉ ሓተቶም።እቶም ሊቃነካህናት ግና ንበርባን ምእንቲ ኪፈትሓሎም ኪ ልምኑ ነቶም ሕዝቢ አለዓዓልዎም።ስለዚ ጲላጦስ ከም ብሓድሽ«ነዚ ንጉሥ አይሁድ እትብልዎ ደአ እንታይ ክገብሮ ትደልዩ?»ኢሉ ሓተ ቶም።ንሳቶም ከአ«ስቕሎ!»ኢሎም ከምብሓድስ ጨደሩ።«እንታይ ክፉእ ስለዝገበረ?»በሎም ንሳቶም ግና አመና ዓው ኢሎም«ስቕሎ!» በሉ።ጲላጦስ ከአ ነቶም ሕዝቢ ኺሓጕሶም ስለ ዝመደበ ንበርባን ፈት ሓሎም ንኢየሱስ ከአ ኺሰቕልዎ ገሪፉ ሃቦም።

እቶም ወተሃደራት ድማ ናብ ውሽጢ እቲ አደራሽ ማለት ናብቲ ቤትፍርዲ አእተውዎ ንብዘሎ እቲ ሠራዊት ድማ አከብዎ።

*ጊዜ፫ቱ ሰዓት አሕየወ ሎሙ፡በርባንሀ ወወሀቦሙ ኢየሱስሀ ይስቅሉ።

ወንጌል ሉቃስ

(፳፫፡፲፫-፳፮) 23:13-26

ጲላጦስ ግና ንሊቃነ ካህናትን ንሽማግለታትን ንሕዝብን ብኃባር ጸዊዑ ኸምዚ በሎም።«ነዚ ሰብ እዚ ሕዝቢ የስሕት አሎ ኢልኩም ናባይ አምጺእኩምዎ እንሆ አብ ቅድሜኹም መርሚረዮስ በዚ እትኸ ሰዎ ዘሎኹም ነገር አብዚ ሰብዚ ሓንቲ በደል እኳ አይረኸብኩን፤ ሄሮድስውን ከምኡ መሊሱ ናባይ ሰደዶ እንሆ እምበአር ናብ ሞት ዜብጽሕ ነገር ሓንቲ እኳ አይገበረን።ስለዚ ገሪፈ ኸፈትሖ እየ»በሎ ም።ብበዓል ግና ሓደ እሱር ኪፈትሓሎም ንቡር ነበረ።እቶም ሕዝቢ ድማ ኮሎም«ነዚ ንየው በሎ!ንበርባን ደአ ፍትሓልና»እናበሉ ሓቢ ሮም ጨደሩ።በርባን ብምብዓድ ከተማን ብምቕታል ነፍስን ተአሲሩ ዝነበረ እዩ።ጲላጢስ ድማ ንኢየሱስ ኪፈትሖ ደልዩ ከም ብሓድሽ ተዛረቦም።ንሳቶም ግና ስቕሎ!ስቕሎ!እናበሉ ጨደሩ።ጲላጦስ ከአ ሣልሳይ ጊዜ«እንታይ ክፉእ ገበረ ናብ ሞት ዜብጽሕ ምኸንያት አይረኸብኩሉን ስለዚ ገሪፈ ኸፈትሖ እየ»በሎም።ንሳቶም ግና አዝ ዮም ዓው ኢሎም ኪስቀል አጽኒያም ለመንዎ ቃሎምውን ሠዓረ። ጲላጦስ ድማ ልማኖኦም ኪፍጸመሎም ፈረደ።ነቲ ዝለመኑሉ ብምብዓ ድን ብምቕታልን ተአሲሩ ዝነበረ በርባን ፈትሓሎም ንኢየሱስ ግና ከም ድላዮም ኪገብርዎ አሕሊፉ ሃቦም።

ንኢየሱስ ሒዞምዎ ኪኸዱ ኸለዉ ኸአ ንስምዖን ቀሬናዊ ካብ በረ ኻ ኺአቱ ኸሎ ሓዝዎ፤ነቲ መስቀል አሸኪሞም ከአ ደድኅሪኡ ከም ዚስዕብ ገበርዎ።

ይ.ካ.ጊዜ፫ቱ ሰዓት ወሰድዎ ለኢየሱስ ውስተ ዐውደ ምኵናን።

ወንጌል ዮሓንስ

(፲፱፡፬-፲፫) 19:4-13

ብድኅርዚ ጲላጦስ ንኢየሱስ ወሲዱ ገረፎ።እቶም ወተሃደራት ከአ አኸሊል እሾኹ ተኒጎም አብ ርእሱ ደፍኡሉ።ቀይሕ ባርኖስውን ከደን ዎ።መመጺኦም ከአ«ኦ!ንጉሥ አይሁድ!ሰላም ነአኻ»እናበሉ ገጹ ይ ጸፍዕዎ ነበሩ።ጲላጦስ ከምብሓድሽ ናብ ደገ ወጺኡ«እዚ ሰብአይ እዚ ሓንቲ በደልኳ ከም ዘይረኸብኩሉ ክትፈልጡ እንሆ ናብ ወጻኢ አውጽአልኩም አሎኹ»በሎም።ሽዑ ኢየሱስ አኸሊል እሾኹ ደፊኡን ቀይሕ ባርኖስ ተኸዲኑን ናብ ደገ ወጽአ።ጲላጦስ ድማ«እንሆ እቲ ሰብአይ!»በሎም።ሊቃነካህናትን እቶም ገላውኦምን ምስ ረአይዎ ኸአ ስቕሎ! ስቕሎ!እናበሉ ጨርሑ።ጲላጦስ ከአ«ባዕላትኩም ደአ ወሲድኩ ም ስቕልዎ እምበር አነ ሓንቲ በደልኳ አይረኸብኩሉን»በሎም።አይሁድ

Scanned with CamScanner

ድማ«ንሕና ሕጊ አሎና ከም ሕግና ኸአ ንሱ ንርእሱ ወዲ አምላኽ ስለዝገበረ ኪመውት እዩ ዚግብኦ»ኢሎም መለሱሉ።ጲላጦስ እዚ ዘረባ እዚ ምስሰምዐ አዝዩ ፈርሀ።ከምብሓድሽ ናብ ቤተመንግሥቲ አተወ እሞ ንኢየሱስ«ካበይ ኢኻ?»በሎ።ኢየሱስ ግና መልሲ አይሃቦን። ጲላጦስ ከአ«ነአይውንዶ አይትዛረበንን ኢኻ?ክሰቕለካን ክፈትሓካን ሥልጣን ከም ዘሎኒዶ አይትፈልጥ ኢኻ?»በሎ።ኢየሱስ ከአ«ካብ ላዕሊ ሥልጣን እንተዘይወሀበካስ አባይ ሥልጣን አይምሃልወካን ነይሩ። ስለዚ እቲ ናባኻ አሕሊፉ ዝሃበኒ ዝገደደ ኃጢአት አለዎ»ኢሉ መለሰሉ።

ካብኡ ንደኃር ጲላጦስ ኪፈትሖ ደለየ።አይሁድ ግና«ነዚ እንተፈታ ሕካዮ ፈታውቂሣር አይኮንካን።ንገዛእ ርእሱ ንጉሥ ዚገብር ዘበለ ኹሉ መቐናቕንቲ ቄሣር እዩ»ኢሎም ጫውጫው በሉ።ጲላጦስ ነዚ ዘረባዚ ምስሰምዐ ንኢየሱስ ናብ ወጻኢ ወሲዱ አብቲ ብዕብራይጢ ገበታ ዚብሃል ጸፍጸፍ አብ መንበር ፍርዲ ተቕመጠ።

ይ.ካ.ጊዜ፫ቱ ሰዓት ቀሠፎ ጲላጦስ ለኢየሱስ ወመጠዎሙ ይስቅልዎ።

(ድሕርዚ እቲ አብ ዘነግህ ዝተገብረ ጸሎት ማለት«ጸልዩ በእንተ ጽንዐ ዛቲ መካን...»ዚብል ስእለታት ካህን እንተደለዮ ይገብሮ፤እንተደኺሞም ግን ኪሓድጉዎ ይኸእሉ)

(ብየማን ዘለዉ ይበሉ)

ክርስቶስ አምላክነ ዘመጽአ ወሐመ በእንቲአነ በሕማማቲሁ ቤዘወነ።

(ብፀጋም ዘለዉ ይቕበሉ)

ንሰብሖ ወናልዕል ስሞ ኅቡረ እስመ ውእቱ ገብረ መድኃኒተ ለዓለም ዓለም።

(ነዚ ዚስዕብ አብ ክልተ ወገን ተኸፊሎም፤ክልተ ግዜ እናተኸታተሉ፤ሓደ ግዜ ከአ እናተቕባበሉ የዚሙ።)

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን

» » **እብኖዲ ናይናን** »
» » **ታኦስ** » »
» » **ማስያስ** » »
» » **ኢየሱስ** » »
» » **ክርስቶስ** » »
» » **አዶናይ** » »

» » **አማኑኤል** » »
» » **ጻበኦት** » »
» » **ደስቡጣ** » »

(በብወገኖም፡ብሓደ ወገን ዕሥራ ግዜ፤በቲ ካልእ ወገን ድማ ዕሥራን ሓደን ስለዚ 41 ግዜ «ኪርያላይሶን» የዚሙ)

ሰላም ዘ፫ቱ ሰዓት

ሰላም ለኪ ማርያም ርግብ፤ሰማያዊት፤-ሰላም ለኪ
ወንስር መንፈሳዊት፤-ሰላም ለኪ፤
ሥምረተ አብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ መላኪ፤-ሰላም ለኪ
እምትካት ዘኀረየኪ። - ሰላም ለኪ
ጊዜ ጸልዮትኪ በጽሐ፤ከመ ኢይሙት ገብርኪ፤
* ቅድሜሁ ስግዲ ወአስተብርኪ፤
እንዘ ታዘክሪዮ፤እምጻማ ንግደትኪ፤
ርግብየ ለየዋህ ወልድኪ። - ሰላም ለኪ
ስብሓት ለከ እኤምኅ አኢጋረከ በጊዜ፫ቱ ሰዓት፤ቅድመ ጲላጦስ ዘቆማ፤
ኢየሱስ ጠቢብ፤ወንጉሠ ፈማ፤
ዘአድከምከ ኀይለ መስቴማ። - ስብሓት ለከ።
እንዘ ይሰልቡ ልብሰከ፤ወክዳነከ ጸዓዳ፤
እንተ አልበሱከ ከለሚዳ፤
ኢየሱስ ንጉሠ ይሁዳ። - ስብሓት ለከ።
ተፈጸመ ብከ እግዚኦ፤ቃለ ዳዊት ንጉሥ፤
ሶበ ተካፈሉ በዕፃ ወፋስ፤
ልብስከ ልብሰ ሞገስ። - ሰላም ለከ።
ማኅበራነ አይሁድ አሜሃ፤አዕፅምቲከ ኍለቁ፤
ወዲበ ገጽከ ምራቀ ወረቁ፤
ላዕሌከ እንዘ ይሣለቁ። - ስብሓት ለከ።
እፎ መጦከ ዘባነከ፤ለጥብጣቤ መቅሠፍት መጽዕቅ፤
ገጽከኒ ተወክፈ ኀፍረተ ምራቅ፤
ዘእኣሩግ ወዘደቂቅ። - ስብሓት ለከ።
አዕርግ ለነ እግዚኦ፤በጊዜ ሠለስቱ ሰዓት፤
ዘአቅረብነ ለከ መሥዋዕተ ስብሓት፤
ሕገ ሠርዑ ሓዋርያት። - ስብሓት ለከ።
ኀበ ሓዋርያት ኀብሩ፤በጽርሐ ጽዮን እንግልጋ፤
* ዘፈኖከ ሎሙ መንፈሰ ጸጋ፤
ፈኑ ለነ እንበለ ንትጋ፤
ያኅድገነ ምግባረ ዘሥጋ። - ስብሓት ለከ።

Scanned with CamScanner

ሰላም ለክሙ ሥሉስ ቅዱስ፤ጠበብተ ስድስቱ ዕለት፤
አዳምሀ በሣልስ ሰዓት፤
ዘፈጠርክሙ እንበለ ሞት። - ስብሓት ለክሙ።
ድኅረ ተፈጥሮቱ ለሰብእ፤በኁልቈ ዕለታት አርብዓ፤
እለ ታብዕሉ ወታነድዩ ሰብአ፤
መጽሓፍ ከመ አይድዐ። - ስብሓት ለክሙ።
ሓዋርያተ ጽድቅ ሥላሴ፤በጊዜ ሰዓት ሠለስቱ፤
በሰብዓ ልሳን ወክልኤቱ፤
ሥላሴክሙ ዘትክሥቱ። - ስብሓት ለክሙ።
ለጸላዔ ብርሃን ሰብእ፤ከመ ዘእኩይ ምግባሩ፤
እንዘ ትሬእዩ ወተአምሩ።
ሥላሴክሙ ዘትምህሩ።-ስብሓት ለክሙ።
ድኅረ ስብኮ ላሕም አቀመ፤በደብረ ኮሬብ መካን፤
*ካህን አሮን ወምእመን፤
ዘመሓርክምዎ ለአሮን ካህን፤
መሓሩኒ ሥላሴ ኄራን። - ስብሓት ለክሙ።
ስብሓት ለእግዚአብሔር ኪያነ ዘፈጠረ ከመ ናምልኮ፣
ስብሓት ለማርያም እመ አምላክ እግዝእትነ ወመድኃኒትነ
ስብሓት ለመስቀለ ክርስቶስ ዕፀ መድኃኒት ኀይልነ ወጸወንነ።

(ሕዝቢ ይበል)

ነአምን በ፩ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ፤ገባሬ ሰማያት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።ወነአምን በአሓዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘሀልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም።

ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘአምአምላክ ዘበአማን ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ።ዘዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንተኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ። ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ወተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ እማርያም አምቅድስት ድንግል።ኮነ ብእሴ።ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ሐመ።

(ሕዝቢ ኮፍ ይብል፤ካህን ተንሢኡ ናብ ሕዝቢ ገጹ ኮይኑ ነዚ ዚስዕብ ጸሎተ ቡራኬ የብጽሕ)

ጸሎተ ቡራኬ

(ናይ ትግርኛ አብ ገጽ 18 ረአ)

አ!ማኅበራኒሁ ለክርስቶስ እለ ተጋባእክሙ ውስተ ዛቲ ኤላሙ በእንተ ላሐ ሕማሙ ወበእንተ ስቅለቱ ወሞቱ ወርግዘተ ገቦሁ ወክዕ ወተ ደሙ ለሕዝበ አይሁድ በፋሲካሆሙ አመ አግብእዎ እሉ ውስተ

እደ ኃጥአን በቅንአቶሙ።

ይትወከፍ እግዚአብሔር ድካመክሙ ወጸሎተክሙ ወመዝሙረክሙ ወኵሎ ጻማክሙ እምኅሊና ሥጋ በኅሊና መንፈስ ኵሎ ኀሠሣቲክሙ በሥምረቱ ይፈጽም ለክሙ።ተስፋትንሣኤ የሀብክሙ ቃለ ፍሥሓ ያስ ምዕክሙ በሣህሉ ወበምሕረቱ ይክድንክሙ።በከመ ሐወጸሙ ለአርዳኢሁ የሓውጽክሙ፥ለይሱቅ ትንታኔክሙ፥ወይናዝዝ ትካዘክሙ፥ወያጽንዕ ድካመክሙ።

ምስለ አነ እኁክሙ ጥቡዕ ለመልእክትክሙ።ወምስለ ኵሎሙ እለ ተማሕፀኑ ዘርሑቅ ወዘቅሩብ በኀይለ ጸሎትክሙ።ከመ ይደመሩ አመ ይመጽእ እግዚእክሙ በዕለተ መርዓሁ ምስሌክሙ ውስተ ጉባኤሆሙ ለአበዊክሙ በየማኑ ያቅምክሙ ቤተተድላሁ ያብእክሙ ለዓለመ ዓ ለም።

ይሕ፡- አሜን።

ይዲ፡- ሑሩ በሰላም ወእግዚአብሔር የሀሉ ምስሌክሙ ወተመየጡ በጊዜ ስድስቱ ሰዓት።



Scanned with CamScanner

ዘ፮ቱ ሰዓት

ይ.ካ.ይምሓረናን ይቕረ ይበለልናን፣
ብስቕለቱን ሞቱን...ይትቤዘወና...ንበል አቡነዘበሰማያት.....

በ፱ ተሰቅለ ተሰቅለ ተሰቅለ ወሐመ ቤዛ ኵሉ ኮነ ዬ፣ ዬ፣ ዬ፣ በመስቀሉ ቤዘወነ እሞት ባልሓነ።

(ብምቅብባል ፫ተ ጊዜ ይበሉ)

ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
አማኑኤል አምላኪየ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለም ዓለም።
ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለከ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም።
ኀይልየ ወጸወንየ እስመ ኮንከኒ ረዳእየ እብል በአኰቴት፣አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ፥ትምጻእ መንግሥትከ ወይኩን ፈቃድከ፤ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር።ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም፤ኀ ድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ፤ከመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘአበሰ ለነ፤ኢታብ አነ እግዚኦ ውስተ መንሱት፤አላ አድኅነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩ ይ።እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት ኀይል ወስብሐት ለዓለመ ዓ ለም።

ለአምላክ	ይደሉ	ክብር	ወስብሐት	ወዕዘዝ	ለዓለም	ዓለም
ለሥሉስ	»	»	»	»	»	»
ለማሕየዊ	»	»	»	»	»	»
ለዕዘዙ	»	»	»	»	»	»
ለመንግሥቱ	»	»	»	»	»	»
ለምኵናኑ	»	»	»	»	»	»
ለኢየሱስ	»	»	»	»	»	»
ለክርስቶስ	»	»	»	»	»	»
ለሕማሙ	»	»	»	»	»	»

፫ ጊዜ ይበሉ

ለከ ይደሉ ኀይል፣ ለከ ይደሉ ስብሐት፣ ወለከ ይደሉ አኰቴት፣ ኦእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም።

ንባባት ዘ፮ቱ ሰዓት

እንካብ መጽሓፍ

ኦሪት ዘኍልቍ

(፳፩፡፩-፲)

እቲ አብ ደቡባዊ ከነአን ዚነብር ናይ አራድ ንጉሥ ከነአናዊ ደቂ እሥራኤል ብመንገዲ አታሪም ከምዝመጽኡ ምስ ሰምዐ ምስ ደቂ እ ሥራኤል ተዋግአ፤ካብአቶም ከአ ገለ ምርኮ ማረኸ።ሽዑ ደቂ እሥራኤል ነዚ ሕዝቢ እዚ አብ ኢድና አሕሊፍካ እንተሂብካናስ ንኸተማታቶም ከንሓርመን ኢና ኢሎም ንእግዚአብሔር መብጽዓ አተዉሉ።እግዚአ ብሔር ድማ ቓል ደቂ እሥራኤል ሰምዐ ንከነአናውያን ከአ አብ ኢ ዶም አሕሊፉ ሃቦም ደቂ እሥራኤል ድማ ንአአቶምን ንኸተማታቶምን ስለ ዝሓረምዎም ደምሰስዎም።ስለዚ ነታ ኸተማ ሖርማ ማለት ጥፍአር ኢሎም ሰመይዋ።

ደቅእሥራኤል ንምድሪ ኤዶም ኪዞሩ ኻብ እምባ ሆር ተላዒሎም ንባሕሪ ኤርትራ አቢሎም ተጓዕዙ እቶም ሕዝቢ ኸአ አብ መንገዲ ዓቅሎም አጽበቡ።አብዚ እንጌራ የልቦን ማይ ድማ የልቦን ነዚ ፈኵሽ እንጌራ ኸአ መኒናዮ፤አብ በረኻ ኸንመውትከ ስለምንታይ ካብ ግብጺ አውፃእኩምና?ኢሎም አብ ልዕሊ አምላኸን አብ ልዕሊ ሙሴን አጕ ረምረሙ።

እግዚአብሔር ከአ መርዛማት አትማን ናብቶም ሕዝቢ ሰደ።ነቶም ሕዝቢ ድማ ነኸሱዎም ካብ እሥራኤል ከአ ብዙኅ ሕዝቢ ሞተ።ሽዑ እቶም ሕዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም አብ ልዕሊ እግዚአብሔርን አብ ልዕሌኻን ብምዝራብና ኃጢአት ገበርና፤ነዞም አትማን ኬርሕቕልና ንእግዚአብሔር ለምነልና በልዎ።ሙሴ ድማ ምእንትቲ ሕዝቢ ለመነ።

እግዚአብሔር ከአ ንሙሴ ኸምዚ በሎ ብአስራዚ መርዛም ተመን ግበር አብ ባላ ድማ ሰቕሎ።ዝተነኸሰ ዘበለ ናብኡ እንተጠመተ ኸአ ኺሓዊ እዩ።ሙሴ ኸአ ኻብ አስራዚ ተመን ገበረ አብ ባላውን ሰቕ ሎ።ብተመን ዝተነኸሰ ዘበለ ሰብ ናብቲ ተመን አስራዚ እንተ ጠመተ ድማ ይሓዊ ነበረ።ደቅእሥራኤል ተጓዒዞም አብ ኦቦት ሰፈሩ።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፶፫፡፮-ፍጻሜ)

መከራ ጸገበ ግናኸ ርእሱ አዋሪዱ፣ብትሕትና ተቐበሎ፣አፉውን አ ይከፈተን።ናብ ማሕረዲ ከምዚኹብኩብ ገንሸል፣ከምታ አብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ አፉ አይከፈተን።ብግፍዒ ሒዞም ፈረድ ዎ፣ናብቲ ዚቕተለሉ ቦታ ጓቲቶም ወሰድዎሞ፣ቀተልዎ፣ብዛዕባ እቲ ዝበጽሖ መከራ ዝተገደሰ ሓደኳ የልቦን።ብምኸንያት ገበን ሕዝብና ተ ቐትለ።ንሱ እከይ ዘይገበረ ሓሶት ከአ አብ አፉ ዘይተረኸበ ነኽሱስ፣ምስ

Scanned with CamScanner

ኃጥአን ከም ዚመውት ገበሩ፡መቓብሩ ኸአ ምስ ሃብታማት ኮነ።

እግዚአብሔር ግና ኸምዚ ይብል አሎ ኪሳቐን ብመከራ ኺሕምሸሾን ፍቓደይ እዩ፡ሞቱ ጎድገት ኃጢአት ዜምጽእ መሥዋዕቲ ነበረ።ስለዚ ንሱ ዘርኡ ኺርኢ እዩ፡ዕድሚኡ ነዊሕ ኪኸውን እዩ፡ፍቓደይ ከአ በ አኡ ኺፍጸም እዩ።ድኅሪ ስቓዩ ኸም ብሓድሽ ሓጐስ ኪረክብ እዩ፡ ንኸንቱ ኸም ዘይተሳቐየ ኸአ ኺፈልጥ እዩ፡እቲ አነ ብእኡ ዝተሓጐስኩ ጻድቕ ባርያይ፡ንብዙኃት ኬጽድቕ አበሳኦም ድማ ባዕሉ ኺጸውር እዩ።ንሕይወቱ ተሓጕሱ ንሞት ወፈያ፡ምስ በደለኛታት ከአ ተቈጽረ፡ እወ ኃጢአት ብዙኃት ፆረ፡ኃጢአቶም ምእንቲ ኺኅደገሎም ከአ ምእ ንቲ በደለይናታት ለመነ።ስለዚ ግዲኡ ምስ ዓበይቲ፡ኸመቕሎ እየ፡ ምርኮውን ምስ ኃያላት ኪመቅል እዩ።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፲፪፡፩-ፍጻሜ)

በታ መዓልቲ እቲአ ሰባት ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም ኪዝምሩ እዮም፡ጐይታየ!ተቈጢዕካኒ ነበርካ፡ሕጂ ግና ቍጥዓኻ ኻብ ልዕለይ አልጊሱ ተጸናንዓኒ አሎኻ እሞ፡አመስግነካ አሎኹ፤አምላኽይ መድኃኒየይ እዩ፡በኡ እእመን አይፈርህን ከአ እየ።እግዚአብሔር አም ላኽ ኃይለይን ብርታዐይን እዩ፡ንሱ ምድኃነይ ኮነ።ጽሩይ ማይ ንጽሙእ ከም ዜሓ ጕሶ፡ሕዝቢ እግዚአብሔር ከአ ኸድኅኖም ከሎ፥ይሕጐሱ።በታ መዓ ልቲ እቲአ ሰባት ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም ኪዝምሩ እዮም፡ ንእግዚአብሔር አመስግኑ፡ ኪረድአኩም ስሙ ጸውዑ።ንኸሎም አሕዛብ ግብሩ አፍል ጥዎም፡ስሙ ልዑል ከም ዝኾነ ንገሩ።ግሩም ነገር እዩሞ፡ንእግዚአብሔር ዘምሩ፡ እዚ ብሥራት እዚ አብ ኵላ ምድሪ ይፈለጥ። 6.አቱም አብ ጽዮን እትነብሩ ሕዝቢ ዓው ኢልኩም ዘምሩ፡ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ዓቢይ እዩ፡ አብ ማእከል ሕዝቡ ኸአ ይነብር።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፲፫፡፩-፲፪)

ኢሳይያስ ወዲ አሞፅ ብዛዕባ ባቢሎን ካብ እግዚአብሔር ዝተቐበሎ መልእኽቲ።አብቲ ነዊሕ ገለ ዘይበቍሎ እምባ፥ናይ ውግእ ሰንደቕዕ ላማ ትኸሉ።ነቶም ሠራዊት ዓው ኢልኩም አድህዩሎ ም፤ነታ ኸተማ ኸአ መሳፍንቲ ምእንቲ ብደገ ሓደጋ ኪወድቁዋ፥ብኢድኩም አመልክ ቱሎም።አብቲ ቕዱስ ውግእ ምእንቲ ኪዋግኡ፥ነቶም ዝተቈጥዖም ድማ ምእንቲ ኺቐጽዑ፥እግዚአብሔር ነቶም ጀጋኑኡን ብዓወት ዕል ል ዚብሉን ሠራዊት ጸውዖም።

ነቲ አብ እምባታት ዘሎ ወኻዕታ ስምዑ!እዚ ናይቶም ተአኪቦም ዘለዉ ሕዝብን አሕዛብን መንግሥታትን ወኻዕታ እዩ።እግዚአብሔር

ጐይታ ሠራዊት ነቶም ዓሳኸሩ ኺስለፉ ይእዝዞም አሎ።ንሳቶም ካብ ኵሉ ሃገር፥ካብ ኵሉ ወሰን ምድሪ ይመጽኡ አለዉ፡እግዚአብሔር ስለዝተቐጥዐ ነታ ሃገር ብምልእታ ኬጥፍአ እዩ።

እቲ ኹሉ ዚኸእል ጥፍአት ዚገብረላ መዓልቲ፥መዓልቲ እግዚአብሔር ቀሪባ እያሞ«ኡይ!»በሉ።አእዳው ውድሰብ ዘርጋሕጋሕ ኪብላ እየን፤ሰብ ኵሉ ከአ ተስፋ ኪቈርጽ እዩ።ኪስንብዱ፥ቓንዛን ሓዘንን ኪሕዞም እዩ ከምእትወልድ ሰበይቲ ኬቕለልዉ፥ተገሪሞም ነንሓድሕዶም ኪጠማመቱ እዮም፤ገጾም ከአ ብሕፍረት ኪደሃል እዩ።እንሃ መዓልቲ እግዚአብሔር፥ ብቕጥዓን ብርሱን ነድርን መሰክሒት ኮይና ትመጽእ አላ።ንምድሪ ከተባድማ፥ነቶም አብአ ዚነብሩ ኃጥአን ድማ ከተጥፍኦም እያ።ከዋኽብቲ ሰማይን እቶም በብጋንታኦም ዘለዉ ከዋኽብቲ ብርሃኖም አይኬብርሁን እዮም፤ዐሓይ ክትብርቕ ከላ ክትጽልምት እያ፤ወርኂ ከአ ብርሃና አይ ከተብርህን እያ።

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ፡-«ንዓለም ስለኸፍአታ፥ንረሲዓ ን ድማ ስለ አበሳኦም ክቕጽዖም እየ።ንድርቅና ዕቡያት ከአ ከአ መወ ዳእታ ኸገብረሉ፥ንኹርዓትቶም ገፋዕቲውን ከዋርዶ እየ።እቶም ዝተረፉ አዝዮም ውሑዳት ስለዝኾኑ፥ካብ ጽሩይ ወርቂ ኦፊር ዝኸበሩ ኪኾኑ እዮም።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

- በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፶፩፡፩-፱)

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ፡-አቱም ንጽድቂ እትስዕቡ ክረ ድአኩም ከአ ናባይ እትመጹ ጽን በሉኒ።ካበየናይ ከውሒ ተጸሪብኩም ከምዝወጻእኩምን፥ካበየናይ ጕድጓድ ከም ዝተፈንቀልኩምን አስተብህሉ፤ ናብ አቦኹም አብርሃምን ናብታ ዝወለደትኩም ሳራን አስተብህሉ። ክጽውዖ ኸለኹ አብርሃም ውሉድ አይነበሮን፡አነ ግና ባረኸክዎን ውሉ ድ ሃብክዎን አብዛሕክዎን።አነ ንኢየሩሳሌም ከጸናንዓ፡ነቶም አብ ዑና ታት ዚነብሩ ድማ ክርኅርኃሎም እየ፡ንምድሪበዳአ ኸም ገነት፥ንምድሪ አጻምእ ድማ ኸም አታኸልተይ ክገብሮ እየ እሞ፡ደስታን ሓጐስን ም ስጋናን ቃናመዝሙርን አብአ ኺርከብ እዩ።

ትምህርተይ ንሕዝብታት ክህቦም፡ሕገይውን ብርሃኖም ኪኸውን እዩ እሞ፡አታ ሕዝበይ ናባይ አድህብ፡አታ ዓሌተይ ጽን በለኒ።ጽድቀይ ቀረባ እዩ፡ቀልጢፈ መጺአ ኸድሕኖም እየ፡አነ ባዕለይ ንሕዝብታት ክገዝኦም እየ፡እተን አብ ርሑቕ ዘለዋ ሃገራት ኪትስፈዋኒ፡ከድኅነን ከ አ አባይ ኪውከላ እየን።ናብ ላዕሊ አቢልኩም ናብ ሰማያት ቍሊሕ በሉ።ናብ ታሕቲ ገጽኩም ከአ ናብ ምድሪ ጠምቱ እንሆ ሰማያት ከ ም ትኪ ኺበኑ እዮም፡ምድሪ ድማ ኸም ክዳን ክትብሊ እያ፡እቶም አብአ ዚነብሩውን ከም ጽንጽያ ኺሞቱ እዮም።ምድኃነይ ግና ንዘለዓ ለም ኪነብር እዩ፡ጽድቀይውን መወዳእታ የብሉን።

አቱም ጽድቂ እትፈልጡ፡አቱም አብ ልብኹም ሕገይ ዘሎኩም

Scanned with CamScanner

ሕዝቢ ስምዑኒ፡ላግጺ ሰብ አይትፍርሁ፡ብጸርፎምውን አይትሰምብዱ። ከመይ ፍልሖ ኸም ክዳን ኪበልዖም፡ብልዒ ኸም ጸምሪ ኺበልዖም እዩ ጽድቀይ ግና ንዘለዓለም ምድኃነይውን ንውሉድወለዶ ኺነብር እዩ።

ኦ!እግዚአብሔር ንቓሕ እሞ አድኅነና።ንቓሕ!ብኃይልኻ ጌርካ አ ድኅነና፡ከምቲ ብመዓልትታት ጥንቲ፡ብዘመናት ቀደም ዝገበርካዮ፡ንቓ ሕ አድኅነና።ንረሃብ ማለት ንገበል ነቲ አራዊት ባሕሪ ዝቈረጽካዮን ዝወጋእካዮን ንስኻዶ አይኮንካን?

እንካብ መጽሓፍ

ኣሞፅ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፰፡፰-፲፮)

እታ ሃገር በዚ ምኸንያት አዚ ኸተንቀጥቅጥ እያ፡እቶም አብአ ዚነብሩ ኹላቶም ከአ አይኪሓዝኑን እዮም፡ንሳ ብዘላ ኸም ወሓዚ ኸ ትሰዓል፡ከም ፈለግ ግብዒ መሊአ በለኞ በለኞ ክትብልን ጐዲላ ከአ ለጠኞ ክትብልን እያ።በታ መዓልቲ እቲአ፡ ቀትሪ ኸሎ ንፀሓይ ከዕ ርባ፡ድሙኞ መዓልቲ ኸሎውን ንምድሪ ኸጸልምታ እየ፡አነ እግዚአብሔር አምላኽ ተዛሪበ አሎኹ።ንበዓላትኩም ድማ ናብ ሓዘን፡ንኹሉ መዛሙ ርኩም ከአ ናብ መልቀስ ክልውጦ እየ፡ኵሉኹም ክሊ ኸም እትኸደ ኑን፡ርእስኹም ከም እትላጽዩን ክገብረኩም እየ።ብሞት ሓደ ውሉዶም ከም ዚሓዝኑ ወለዲ ኸገብረኩም እየ።እታ መዓልቲ እቲአ ድማ አዝያ መራር ክትክውን እያ።

እንሆ አነ ናብታ ሃገር ጥሜት ዝሰደለን መዓልትታት ኪመጽአ እየ ን።እዚ ጥሜትዚ ግና ንምስማዕ ቃልእግዚአብሔር እምበር፡ጥሜት እንጌራን ጽምኢ ማይን አይኮነን።አነ እግዚብሔር አምላኽ ተዛሪበ አ ሎኹ።ቃለይ ቃልእግዚአብሔር ኪሰምዑ ናብዝን ናብትን ኪጐዩ እዮም።ካብ ምዉት ባሕሪ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ካብ ሰሜን ናብ ደቡ ብ ኵለል ኪብሉ እዮም፡ግናኸ ኻባይ ቃል አይኪሰምዑን እዮም።በታ መዓልቲ እቲአ እተን ጐራዙት አዋልድን እቶም አባጽሕ አወዳትን እኳ ኸይተረፉ ብጽምኢ ኬሕለልዉ እዮም።እቶም«አምላኽ ሰማርያ ሕያው እዩ»ወይ«አምላኽ ብዔርሸባዕ ሕያው እዩ»እናበሉ ብጣዖት ሰ ማርያ ዚምሕሉ ኺወድቁ እዮም፡መሊሶምውን አይኪትንሥኡን እዮም።

እንካብ መጽሓፍ

ሕዝቅኤል ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።

(፴፯፡፲፭-፳፫)

እግዚአብሔር ተዛረበኒ።አታ ወዲ ሰብ፡ሓደ ዕንጨይቲ ውሰድሞ መንግሥቲ ይሁዳ ኢልካ ጽሓፈሉ።ካልእ ዕንጨይቲ ወሲድካ ኸአ መ ንግሥቲ እሥራኤል ኢልካ ጸሓፈሉ።ሓደ ዕንጨይቲ ምእንቲ ኪኸውን ጫፍ ንጫፍ አጋጥሞ፡አብ ኢድካ ኸአ ሓደ ዕንጨይቲ ኪኸውን እዩ።

ሕዝብኻ እዚ እንታይ እዩ?ኢሎም ኪሓቱኻ እዮም።ሽዑ ንስኻ ልዑ ል እግዚአብሔር ከምዚ ዚስዕብ ይብል አሎ፡ኢልካ ንገሮም፡እንሆ አነ ነቲ መንግሥቲ እሥራኤል ዚብል ተጻሒፍዎ ዘሎ ዕንጨይቲ ወ ሲደ፡አብቲ መንግሥቲ ይሁዳ ዚብል ተጻሒፍዎ ዘሎ ዕንጨይቲ ወ ሲደ ኸድርቦ እየ።ንኸልቲኦም ሓደ ዕንጨይቲ ኸገብሮም እየ።አብ ኢደይ ከአ ሓደ ኪኾኑ እዮም።

ንኸልቲኡ እቲ አዕጫው አብ ኢድካ እዞ፡እቶም ሕዝቢውን ከም ዚርእዩዎ ግበር።ሽዑ አነ ልዑል እግዚአብሔር ንሕዝበይ ካብ ማእከል እቶም ተሰዲዶም ከይዶምዎም ዘለዉ ሕዝብታት ከምዝመልሶም፡ካብ ኵሉ ወገን ከምዝእክቦም፡ናብ ሃገሮም እውን ከምዘእትዎም ንገሮም። አብታ ሃገር አብ አኸራን እሥራኤል ከአ ሓደ ሕዝቢ ኸገብሮም እየ፡ ንኹላቶም ሓደ ንጉሥ ኪገዝኦም እዩ፡ድኅሪ ደጊም ክልተ ሕዝቢ አ ይኪኾኑን፡አብ ክልተ መንግሥቲውን አይኪምቀሉን እዮም።ድኅሪ ደጊም በቲ ዚጸይፍ ጣዖታቶም አይኪረኸሱን ብኃጢአቶምውን አይኪበላሸዉን እዮም።አነ ኸአ ኃጢአት ካብ ምግባር ናጻ ኸገብሮም፡ንአይ ካብ ምኸሓድ ድማ ኸድሕኖም እየ።ክንጽሖም እየ፡ንሳቶም ሕዝበይ ኪኾኑ እዮም፡አነ ኸአ አምላኾም ክኸውን እየ።

ካብ ድርሳን ቃል ቅ.ጳውሎስ

ቅዱስ ጳውሎስ«ክርስቶስ ሊቀካህናት ኮይኑ ናብታ ብኢድ ሰብ ዘይተገብረት ክትመጽእ ዘለዋ እንካብ ኵሉ እትዓብን እትበልጽን ፍጽምቲ ድንኳን አተወ»ይብል።እዚ ማለቱ እንከ እቲ ሥጋ ዝለ በሰ ክርቶስ ቃልእግዚአብሔር ብምኺኑ፡ናብታ ዝበለጸት ድንኳን አተወ፤እቲ ስራሕ መንፈስ ከዓ ብምሉኡ አብ ሥጋኡ ሓደረ ማለ ት እዩ።እግዚአብሔር ንመንፈሱ ብስፍሪ ስለዚህቦ ከዓ ፍጽምቲ ድንኳን ቢሉ እንኪሰምያ፤ነታ ብኢድሰብ ዘይኮነስ ብኢድ መን ፈስቅዱስ ዝተገብረት ድንኳን የመልክት፤እቲ ናብአ ዝአተወ ከዓ ካብዚ ዓለምዚ አይኮነን።ትርኢዶ!ንሥጋኡ ፍጽምቲ ድንኳን ቢ ሉ ይሰምዮ፡ብመጋረጃውን ይምስሎ።ንቤተመቕደስ ዚኸድን ዘጐል ብብ ስለዝኾነ ንሰማይ መጋረጃ ቢሉ ይሰምዮ።ሥጋ ክርስቶስ ከአ ንመለኮቱ አብ ውሽጡ ዚሥውሮ ስለዝኾነ መጋረጃ ይበሃል።

ከምኡውን መሊሱ ሥጋኡ ናይ መለኮቱ ማኅደር ስለዝኾነ ድን ኳን ቢሉ ሰመዮ።ንሰማይ ከአ እቲ ብሕቱ ሊቀካህናት ስለዝአተዎ ድንኳን ቢሉ ጸውዖ።ምእንትዚ ነገርዚ ተሸይሙ ከምዝመጸ ደአምበር ድሕሪ ምጽአቱ ከመዘይተሸመ ከፍልጥ ከአ ክርስቶስ መስመጸ ደአ በለምበር ክርስቶስ ምስኮነ አይብልን፤ምእንትታ ክትመጽእ ዘለዋ ዝበለጸት ደአ በለምበር እቲ መሥዋዕቲእንስሳ ዘወፊ ሊቀካህናት አይበለን።ከምኡውን ናብታ ብደሙ ንዘለዓለም ዝቐደሳ፡ሓደሳዕ አ

Scanned with CamScanner

ተዋ እምበር ናብታ ደም ላምን ጤልን ዚንጺጋ አተወ አይብልን።በዚ አገባብዚ እንተዚኸውን ንሰማይ ድንኳን ዝበሎ ድኅነትውን ተረኸቦ እንተዝብል ብዙኅ ዕንቅፋት ዘምጽእ ምኾነ፤ግና እንከ ደም ላምን ጤልን ጸበል ጣዕዋን ኃጢአት ዘንጽሕን ንዝረኸሰ ዚቕድስን፡ካብ ኮነስ ደምቲ ርእሱ ሠዊዑ ጉድልነት ዘይብሉ ብመንፈስቅዱስን ንዘለዓለም ንእግዚአብሔር ንጹሕ መሥዋዕቲ ዘቕረበ ክርስቶስ ከመይ አቢሉ ብዝበለጸ ዘየንጽሕ!«ተጠንቐቕ ንኅሊናኹም ካብ ክፉእ ግብሪ አንጺሕኩም ንእግዚአብሔር አምልኹ»ብምባል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከመይ አቢሉ ከምዘድሓነካ ይነግረካ።እዚ ማለቱ ከአ ደም ጤልን ላምን ንሥጋ ከንጽሕ ካብ ከአለ፥ደም ክርስቶስ ግዳ ከመይ ኮይኑ ብዝበለጸ ርስሓትነፍሲ ዘየንጽሕን ዘየጽርን!!ጳውሎስ ሓዋርያ ከአ «አብ መንጎቲ ቀዳማይ ሕጂ ዘሎን፥ናይ ቅድስናን ንጽሕናን ሥልጣን ፍልልይ ከብርሃልካ፤እዚ ናይ ሕጂ ብግብሪ እዩ፤እቲ ናይ ቀደም ግን በምሳል እዩ፤እቲ ቀዳማይ መሥዋዕቲ ብደም እንስሳ ነበረ፤እዚ ናይ ሕጂ ብደም ክርስቶስ እዩ»ኪብል ይገልጸልካ።

እንካብ

መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
(፮፡፲፬-፲፮)

አነ ግና በቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ መስቀል እንተዘይኮይኑ አይምካሕን እየ።ከመይ በዚ መስቀልዚ ዓለም አብ ቅድመይ ምውቲ እያ፤አነ ኸአ አብ ቅድሚ ዓለም ምዉት እየ። ከመይ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዚርከብ ሓድሽ ፍጥረት እምበር ምግዛር ኮነ ዘይምግዛር ዚጠቕሞ የብሉን።አብቶም በዛ መገዲ እዚአ ዚነብሩ ዘበሉን አብቶም ወገን አምላኽ ዝኾኑ ናይ ሓቂ እሥራኤልን ሰላምን ምሕረትን ይውረድ።

ካህናት በብሓደ ለቢሶም ብምምጻእ አብቲ ናይ ቅድም መካነ ምቅዋም ኮይኖም ንመስቀል የዓጥኑ፤ነዚ ዚሰዕብ ከአ የዝይሙ።

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦሊቅነ፤
ወለትንሣኤከ ቅድስት፤
ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።

(ኵሎም ካህናት በብመግርጎም ከምኡ የዚሙ ሕዝቢ ከአ ደድሕሪኦም የዝይም።)

ምስባክ ቀነዉኒ እደውየ ወእገርየ፡
ወኑለቁ ኵሎ አዕፅምትየ፡
እሙንቱሰ ጠይቆሙ ወተዐወሩኒ።

ኪዳን

ይካ፡-ቅዱስ እግዚአብሔር ቅዱስ ኀያል ቅዱስ ሕያው ዘኢይመውት ዘተወልደ እማርያም እምቅድስት ድንግል ተሣህለነ እግዚኦ፡ቅዱስ እግዚአብሔር ቅዱስ ኀያል ቅዱስ ሕያው ዘኢይመውት ዘተጠምቀ በዮርዳኖስ ወተሰቅለ ዲበ ዕፀመስቀል ተሣህለነ እግዚኦ።

ወንጌል ማቴዎስ

(፳፯፡፳፯-፵፩)

ድኅርዚ እቶም ወተሃደራት ጲላጦስ ንኢየሱስ አብ ቤት መንግሥቲ ወሲዶም ብዘሎ ነቲ ሠራዊት አብኡ አከብዎ።ክዳኑ ገፊፎም ከአ ቐይሕ ባርኖስ ከደንዎ።ካብ እሾኽ አኸሊል ተቲያምውን አብ ርእሱ ደፍኡሉ፤አብ የማናይ ኢዱ ዘንጊ አትሒዞም ከአ አብ ቅድሚኡ እናተን በርከኹ«ሰላም ኦ!ንጉሥአይሁድ»እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ።ጡፍ ድማ በሉሉ፤ነቲ ዘንጊ አሕዲጎም ከአ ርእሱ ወቕዑዎ።ምስ አላገጹሉ ድማ ነቲ ቐይሕ ባርኖስ ቀንጢጦም ክዳውንቱ ኸደንዎ ኪሰቕልዎውን ወስድዎ።

ኪወጽኡ ኸለዉ ድማ ስምዖን ዝስሙ ሓደ ቀሬናዊ ሰብአይ ረኸቡ እሞ ንመስቀል ኢየሱስ ኪጸውር አገደድዎ።ጎልጎልታ፡ትርጕሙ«ሓምሓም ርእሲ»ተባሂሉ ናብ ዚጽዋዕ ሥፍራ ምስበጽሑ፤ሓሞት ዝተሓወሶ መጺጽ ወይኒ ኪሰቲ ሃብዎ፤ንሱ ኸአ ጥዒሙ ምስታይ አበየ።ምስ ሰቕልዎ ኸአ ነቲ ኸዳውንቱ ዕጫ አውዲቕም ተማቕልዎ።አብኡ ተቕሚጦም ከአ ይሕልዉዎ ነበሩ።

አብ ልዕሊ ርእሱ ድማ «እዚ ኢየሱስ ንጉሥአይሁድ እዩ»ዚብል ናይ ክሱ ጽሑፍ አንበሩሉ።ሽዑ ምስኡ ኸልተ ጐሓሉት ሓደ ብየማነኑ፥ሓደ ድማ ብፀጋሙ ተሰቕሉ።እቶም ብጥቓኡ ዚሓልፉ ዝነበሩ ድማ ርእሶም እናነቕነቑ፤«አታ!ንቤተመቕደስ አፍረስካ ብሠለስተ መዓልቲ እትሓንጽ፥እስከ ንርእስኻ አድሕን!ወዲአምላኽ እንተደአ ኾይንካስ እስከ ኻብ መስቀል ውረድ»እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ።ከምኡ ድማ እቶም ሊቃነካህናት ምስ መምህራን ሕግን ሽማግለታትን ኮይኖም ከምዚ እናበሉ የላግጽሉ ነበሩ፤«ንኻልኦት አድሓነ፥ንርእሱ ግና ኪድሕን አይክእልን ንሱ ንጉሥእሥራኤል እንተደአ ኾይኑስ እስከ ሕጂ ኻብ መስቀል ይውረድ ንሕና ኸአ በአኡ ክንአምን።ንሱ ብአምላኽ ተአሚኑ እዩ፤«አነ ወዲአምላኽ እየ»እውን ኢሉ እዩሞ ዜፍቅሮ እንተደአ ኾይኑስ እስከ ሕጂ የድኅኖ»፡ከምኡ ኸአ እቶም ምስኡ ዝተሰቕሉ ጐሓሉት የላግጹሉ ነበሩ።

እንሆ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ኸሳዕ ታሽዓይቲ ሰዓት ብዘሎ

Scanned with CamScanner

ምድሪ ጸልመተ።ብታስዓይቲ ሰዓት አቢሉ ኢየሱስ«ኤሎሄ!ኤሎሄ! ላማ ሰበቅታኒ»እናበለ ብዓብይ ድምፂ ጨርሐ እዚ ኸአ«አምላኸይ አምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ»ማለት እዩ።

ይ.ካ. ጊዜ ፮ቱ ሰዓት አልበስዎ አልባሲሁ ለኢየሱስ ወወሰድዎ ይስቅልዎ።

ወንጌል ማርቆስ

(፲፭፡፲፮-፴፬)

እቶም ወተሃደራት ድማ ናብ ውሽጢ እቲ አደራሽ ማለት ናብቲ ቤትፍርዲ አእተዉዎ፤ንብዘሎ እቲ ሠራዊት ድማ አከብዎ።ቀይሕ ክዳን ከደንዎ፤አኸሊል እሾኹ ተቲያም ከአ አብ ርእሱ ደፍኡሉ«ሰላም ነአኻ ኦ!ንጉሥአይሁድ»እናበሉ ኢድ ኪነሥእሉ ጀመሩ።ርእሱ ድማ ብዘንጊ ወቕዑዎ፤ጡፍ በሉሉ፤ተንበርኪኾምውን ሰገዱሉ።ምስ አላገጹሉ እቲ ቕይሕ ክዳን ቀንጢጦም ክዳኑ ኸደንዎ ኪሰቕልዎውን አውጽእዎ።

ንሓደ ሓላፍ መገዲ ስምዖን ቀሬናዊ አቦ እስክንድሮስን ሩፎስን ካብ ወፍሩ ኺአቱ ኸሎ መስቀሉ ኺጾረሉ አገደድዎ።ኢየሱስ ድማ ናብ ጐልጐልታ ትርጓሜኡ«ሓምሓም ርእሲ»ተባሂሉ ናብ ዚጽዋዕቦታ ወሰድዎ።ምስ ከርበ ዝተሓወሰ ወይኒ ኺሰቲ ድማ ሃብዎ፡ንሱ ግና አበየ።ሽዑ ሰቕልዎ፤በብጽሒቶም ምእንቲ ኺፈልጡ ኸአ ነቲ ኸዳውንቱ ዕጫ አውዲቕም ተኻፈልዎ።ኪሰቕልዎ ኸለዉ ኸአ ሣልሳይ ሰዓት ናይ መዓልቲ ነበረ።ንጉሥአይሁድ ዚብል ጽሕፈት ክሱውን አብቲ ልዕሊ ርእሱ ነበረ።ምስኡ ኸአ ኸልተ ኸተርቲ ሓደ ብየማኑ ሓደ ኸአ ብፀጋሙ ሰቕሉ።እቲ«ምስ ዓመጽቲ ተቖጽረ»ዚብል ጽሑፍውን ተፈጸመ።እቶም በኣኡ ዚሓልፉ ድማ ርእሶም እናነቕነቹ፥«አየ! አታ ንቤትመቕደስ እተፍርሶ ብሠለስተ መዓልቲውን እትሓንጾ እስከ ርእስኻ አድሕን ካብ መስቀልውን ውረድ»እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ።ከምኡ ኸአ ሊቃነካህናት ምስ መምህራንሕጊ ኾይኖም«ንኻልኦት አድሓነ ንርእሱ ግና ኪድሕን አይክእልን።ንሱ መሢሕ ንጉሥ እሥራኤል እንተ ኾይኑ ርኢና ኸንአምንሲ እስከ ሕጂ ካብ መስቀሉ ይውረድ»እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ፤እቶም ምስኡ ዝተሰቕሉውን ይጸርፍዎ ነበሩ።

ፍርቂ መዓልቲ ምስኮነ ክሳዕ ታሽዓይቲ ሰዓት ኵላ ምድሪ ጸልማት ኮነት።ብታሽዓይቲ ሰዓት ከአ ኢየሱስ ብዓብይ ድምፂ«ኤሎሄ!ኤሎሄ!ላማ ሰበቅታኒ»ኢሉ ጨርሐ፤ትርጉሙ ድማ«አምላኸይ!አምላኸይ! ንምንታይ ሓደግካኒ!»ማለት እዩ።ካብቶም አብኡ ደው ኢሎም ዚሰምዕዎ ዝነበሩ ኸአ ገሊኦም«እንሆ ንኤልያስ ይጽውዕ አሎ» በሉ።

ይ.ካ. ጊዜ ፮ቱ ሰዓት ዐበጥዎ ለስምዖን ከመ ይጹር መስቀሉ።

ወንጌል ሉቃስ

(፳፫፡፳፫-፵፭)

ንሳቶም ግና አዝዮም ዓው ኢሎም ኪስቀል አጽኒያም ለመንዎ፤ ቃሎምውን ሠዓረ።ጲላጦስ ድማ ልማኖኦም ኪፍጸመሎም ፈረደ።ነቲ

ዝለመኑሉ ብምብዓድን ብምቕታልን ተአሲሩ ዝነበረ በርባን ፈትሓሎም ንኢየሱስ ግና ከም ድላዮም ኪገብርዎ አሕሊፉ ሃቦ።

ንኢየሱስ ሒዖምዎ ኪኸዱ ኸለዉ ኸአ ንስምዖን ቀሬናዊ ካብ በረኻ ኺአቱ ኸሎ ሓዝዎ፤ነቲ መስቀል አሸኪሞም ከአ ደድሕሪኡ ከም ዚስዕብ ገበርዎ።

ብዙኅ ሕዝቢ ኸአ ይስዕቦ ነበረ፤አንስቲውን ዋይ!ዋይ!ይብላሉን ይበኽያሉን ነበራ።ኢየሱስ ከአ ናብአተን ግልጽ ኢሉ ከምዚ በለን«ኦ!አዋልድ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ርእስኸንን ምእንቲ ደቅኸንን ደአ ብኸያ እምበር ምእንታይሲ አይትብከያ።ምኸንያቱ እተን መኻናትን ዘይወለዳን ማኅፀናትን፡ዘየጥበዋ አጥባትን ዕድለይናታት እየን፥ዚብሉለን መዓልትታት ኪመጻ እየን።በቲ ጊዜቲ፡ንእምባታት አብ ልዕሌና ውደቹ ንኹ ርባታትውን ከውሉና፡ምባል ኪጅምሩ እዮም።አብ ጥሉል ኦም ከምዚ ኻብገበሩስ አብቲ ንቹጽ ደአ ኸመይ ኪኸውን እዩ!»

ንኸልተ ኻልኦት ገበርቲ ኸፉእውን ምስኡ ኺሰቕልዎም ወሰድዎም። ቀራንዮ አብ እትብሃል ሥፍራ ምስ በጽሑ አብኡ ሰቕልዎ፤ነቶም ገበርቲ ኸፉእ ከአ ሓደ ብየማኑ ሓደ ብፀጋሙ ሰቕልዎም።ኢየሱስ ድማ «ኦ!አቦይ ዚገብርዎ አይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም»በለ።ንኸዳውንቱ ኸአ ዕጫ አውዲቕም ተማቕልዎ።እቲ ሕዝቢ ደው ኢሉ ይርኢ ነበረ፤እቶም ሹማምንትውን«ንኻልኦት የድሕን ነበረ።ንሱ ክርስቶስ ናይ አምላኽ ኅሩይ እንተኾይኑስ ርእሱ የድሕን»እናበሉ የላግጹሉ ነበረ እቶም ወተሃደራት ከአ የላግጹሉ ነበሩ፤ናብኡ ቕሪቦም ድማ«ንስኻ ንጉሥ አይሁድ እንተ ኾይንካስ ርእስኻ አድሕን»እናበሉ መጺጽ ሃብዎ።አብ ልዕሊ ርእሱ ኸአ እዚ ንጉሥአይሁድ እዩ ዚብል ጽሕፈት ነበረ።

ሓደ ኻብቶም ዝተሰቕሉ ገበርቲ ኸፉእውን«ንስኻ ክርስቶስ እንተ ኾይንካስ ንርእስኻን ነአናን አድሕን»እናበለ ጸረፎ።እቲ ኻልአዩ ግና «አታ!አብዚ ኸምዚ ዝበለ ፍርዲ ከሎኻስ አምላኸዶ አይትፈርህን ኢኻ?ንሕና ብሓቂ ብግብርና ዚግብአና ተፈደና፤እዚ ግና ሓንቲ ኸፍእቲኳ አይገበረን»ኢሉ ገሠጾ።ንኢየሱስ ከአ«ኦ!ኢየሱስ ጐይታይ ብመንግሥትኻ ኸትመጽእ ከሎኻ ዘክረኒ»በሎ።ኢየሱስ ድማ «ሎሚ አብ ገነት ምሳይ ከምእትኸውን ብሓቂ እብለካ አሎኹ»በሎ።

ካብ ፍርቂ መዓልቲ አቢሉ ክሳዕ ታሽዓይቲ ሰዓት ናይ መዓልቲ አብ ኵላ ምድሪ ጸልማት ኮነ።ዐሓይ ጸልመተት መጋረጃ ቤትመቕደስ እውን አብ ክልተ ተተርተረ።

ይ.ካ. ጊዜ ፮ቱ ሰዓት ሰቀልዎ ለኢየሱስ በቀራንዮ መካን።

ወንጌል ዮሓንስ

(፲፱፡፲፫-፳፰)

ጲላጦስ ነዚ ዘረባዚ ምስ ሰምዐ ንኢየሱስ ናብ ወጻኢ ወሲዱ አብቲ ብዕብራይስጢ ገበታ ዚብሃል ጻፍጻፍ አብ መንበርፍርዲ ተቕመጠ።ድሮ ፋሲካ አጋ ፍርቂ መዓልቲ አቢሉ ነበረ።ንአይሁድ ከአ«እንሆ ንጉሥ

Scanned with CamScanner

ኩም» በሎም።ሽው ንሳቶም«ንየው በሎ፣ንየው በሎ፣ሰቐሉ»ኢሎም ጫው ጫው በሉ።ጲላጦስ ከአ«ንንጉሥኩምዶ ከሰቐሉ»በሎም።እቶም ሊቃነካህናት ከአ«ብዘይቂ'ሳር ንጉሥ የብልናን»ኢሎም መለሹ።

ሽው ንኢየሱስ ኪሰቐልዎ ኣሕሊፉ ሃቦም ተቐቢሉም ድማ ወሰድ ም።መስቀሉ ጸይሩ ናብቲ«ሓምሓም ርእሲ»ብዕብራይስጢ ድማ ጎል ጎልታ ዚብልዎ ሰፍራ ወጽእ።ኣብኡውን ክልተ ነኳልኣት ሓደ በዚ ሓ ደ ወገን፣ሓደ ድማ በቲ ሓደ ወገን ሰቐሉ፤ንኢየሱስ ከአ ኣብ ማእከ ሎም ሰቐልዎ።ጲላጦስ ድማ ጽሑፍ ጽሒፉ ኣብቲ መስቀል ኣንበሮ።እቲ ጽሕፈቱ ዝአ ኢየሱስ ናዝራዊ ንጉሥኣይሁድ ዚብል ነበረ።እታ ኢየ ሱስ ዝተሰቐለላ ስፍራ ጥቓ እታ ኹተማ ነበረ።ብዙኃት ካብ ኣይሁድ ድማ ነቲ ጽሑፍ ኣንበብዎ።እቲ ጽሑፍ ብዕብራይስጥን ላቲንን ግሪ ኽን ነበረ።ስለዚ እቶም ናይ ኣይሁድ ሊቃነካህናት ንጲላጦስ«ንሱ ባ ዕሱ ደኣ ኣነ ንጉሥ ኣይሁድ እየ ዝበለ እምበር ንጉሥ ኣይሁድ እዩ ኢልካ ኣይትጽሓፍ» በልዎ።ጲላጦስ ከአ«እቲ ዝጸሓፍክዎ ጽሒፈዮ ኣሎ'ኹ» ኢሉ መለሸ።

እቶም ወተሃደራት ግና ንኢየሱስ ምስ ሰቐልዎ ነቲ ኽዳውንቱ ወ ሲዶም ንኍልቲ ክፍሊ ሓድሓደ ምእንቲ ኺበጽሖም፥ኣብ ኣርባዕተ መቐ ልዎ።ነቲ ቕሚሹውን ከምኡ፤እቲ ቕሚሹ ግና ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕ ቲ ኮለንትናኡ እሉም ነበረ እምበር ስፋይ ኣይነበሮን።ንሓድሕዶም ከአ«ንዝበጽሐ ኺበጽሖስ ዕጫደኣ ነውድቐሉ እምበር ኣይንቐደዶ» ተብሃሃሉ።እዚ ኽአ እቲ «ክዳውንተይ ንርእሶም ተማቐልዎ ንቕምሸይውን ዕጫ ኣውደቐሉ»ዚብል ጽሑፍ ምእንቲ ኺፍጸም እቶም ዓቀይቲ እ ዚ ገበሩ።

ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ከአ ኣይኡን ሓትኖኡን፡ማርያም ሰበይቲ ቀለዮጳን፡ማርያም መግደላዊትን ደው ኢለን ነበራ።ኢየሱስ ኣዲኡ ነቲ ዚፍትሮ ወዲመዝሙርውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረኣየ ኣዲኡ«እቲ ሰበይቲ፤እንሆ ወድኺ»በላ።ነቲ ወዲመዝሙር ከአ«እንሃ፤ኣዴኻ»በሎ፣ እቲ ወዲመዝሙርውን ካብ ሽው ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ።

ድሕሪዚ ኢየሱስ ኮሉ ኽም ዝተፈጸመ ፈሊጡ እቲ ጽሑፍ ምእ ንቲ ኺፍጸም «ጸማእኩ» በለ።

ይ.ካ. ጊዚ ፮ቱ ሰዓት ቀትር ሶቢሃ ሊቃነካህናት ሰቀልዎ ለኢየሱስ ማእከለ ክልኡ ፈያት።

(እቲ ኣብ ዘንህ ዝተገብረ ጸለ-ት ማለት«ጸልዩ በእንተ ጽንህ ሃቲ መካን...»ዚብል ኣብ ገጽ 38-39 ዘለ- ሰእልታት እንተደለዩ ይግበር፤እንተደኺሞም ግን ኪሓድጉዎ ይኽእሉ።)

(ብየማን ዘለዉ)

ክርስቶስ ኣምላኸ ዘመጽእ ወሓመ በእንቲኣኑ
በሕማማቲሁ ቢዘመነ።

(ብጸጋም ዘለዉ ይምልኹ)

ንሰብሐ ወናልዕል ስሞ ጎቡረ እስመ ውእቱ ገብረ
መድኂኒት ለዓለም ዓለም።

(ነዚ ዚሰዕብ ኣብ ክልተ ወገን ተኸፊሉ፤ክልተ ግዚ እናተኸታተሉ፤ሓደ ግዚ ክለ እናተቐበሉ የዚ.ሙ።)

ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን	ኪርያላይሶን
»	»	እብኖዲ ናይናን	»
»	»	ታኣስ	»
»	»	ማስያስ	»
»	»	ኢየሱስ	»
»	»	ክርስቶስ	»
»	»	ኣዶናይ	»
»	»	ኣማኑኤል	»
»	»	ጻበኣት	»
»	»	ደስቡጣ	»

(በብወግኖም ብሓደ ወገን ዕሥራ ግዚ፤በቲ ካልኣ ወገን ድማ ዕሥራን ሓደን ስለዚ ፬፤ ግዚ «ኪርያላይሶን» የዚ.ሙ.)

ሰላም ዘጌቱ ሰዓት።

ሰላም ለኪ ማርያም ስብሕትነ በኣፈ ኮሉ ፍጥረትነ
ታቦት እንቲ ዘሙሴ ጽላትነ
ዘሕግ ወዘሥርዐት። - ሰላም ለኪ።
ገይበ ብሩር ጽሪትነ ወምቅዳሐ ንጹሕ ሓሊብነ
ማርያም መሶብ ዘመና ልዑብነ
እንተ ጸርኪ ሲሳየ ሕዝብ። - ሰላም ለኪ።
ትርሲተ ቤቱ ሠናይነ ለንብይ ሐጊነ
ወወለት እንቲ ዘሰሎሞን ሐርጊነ
ማርያም ዘመነ ጽጌ። - ሰላም ለኪ።
እመ ቅድው በግዕነ ዘቀተልዎ በግፍዕ።
ወደብተራ ስምዕ ዘጸውዕዎስ ረድእ።

Scanned with CamScanner

ማርያም ዘመነ ግ ፅ። - ሰላም ለኪ።
ኦርያሬሰ ሰማይ ልብስኪ፤ወአሣእንኪ እብላ፤
ጽጌ ደንጐላ ቀይሕ፤ዘምድረ ቈላ፤
ማርያም ዘመነ ተድላ። - ሰላም ለኪ።
በመድበለ ማኅበር ጽፉቅ፤እዊድሰኪ በጻሕቅ፤
ከመ ትምዐድኒ ነገራተ ጽድቅ፤
ማርያም ዘመነ ዕርቅ። - ሰላም ለኪ።
ተደንግሎ ሥጋ ወነፍስ፤ለባሕቲትኪ ኮነ፤
እመኒ በጎል፤ወለድኪ ሕፃነ፤
ኢረስሐ ወኢማሰነ። - ሰላም ለኪ።
እሙ በልዮ በእንቲአየ፤ለፍሬ ከርሥኪ እብኖዲ፤
*ላዕሌሁ ምሕረተ ኢታጐንዲ፤
እመ አሕዘነከ ብእሲ አባዲ፤
ቤዛ ነፍሱ ንጽሕየ እፈዲ። - ሰላም ለኪ።
ስብሓት ለከ ኦዘተቀኖከ ኢየሱስ ጻድቅ፤ማእከለ ክልኤ ፈያት፤
እንዘ ኢትከውን አንተ፤ገባሬ እኪት፤
ከመ ትስዐር ቀኖተ ሞት። - ስብሓት ለከ።
እፎ ሰፋሕከ አእዳዊከ፤ወተቀኖከ በዕፅ፤
ዕጽወተ ቀላያት ታርኁ፤አምሳለ አንቀጽ፤
እንተ ሖርከ ብሔረ ግብጽ። - ስብሐት ለከ።
ፀሓይ ብሩህ አሜሃ፤ጊዜ ቀትር ጸልመ፤
ወወርኅኒ ንጹሕ፤ተመሰለ ደመ፤
ትንቢት ከመ ቀደመ። - ስብሓት ለከ።
ለአብርሃም አብ ቀዳሚ፤ዘአስተርአይኮ ክርስቶስ፤
ቀትረ ታሕተ ዕፀ ድርስ፤
ተሰቀልከ ከመ እቡስ። - ስብሓት ለከ።
ሓዘነ ማርያም እምከ ነጺረከ፤ለዘታፈቅሮ ሓዋርያ፤
ትቤሎ፤እምከ ነያ፤
ከመ ትናዝዝ ብዝኀ ብካያ። - ስብሓት ለከ።
ዘሰአልከ ማየ፤እምነ ሳምራዊት ብእሲት፤
ከመ ትፈጽም ኵሎ፤ነገረ ትስብእት፤
እንዘ አንተ ማየ ሕይወት። - ስብሓት ለከ።
ሕጽረነ ወትረ እግዚኦ፤ለደቂቀ ዛቲ ዳቤር፤
*በመስቀልከ መግረሬ ፀር፤
እምድድቅ ወእምጋኔነ ቀትር፤
ወእምኵሉ ዘይመጽእ ግብር። - ስብሓት ለከ።
ስብሓት ለከሙ ሥሉስ ቅዱስ፤ዕሩያነ አካል ወገጽ፤
ዘአስተርአይከሙ እንበለ ሕጻጽ፤
ጊዜ ቀትር በታሕተ ዕፅ። -ስብሓት ለከሙ።
ለንግሥከሙ ሰገደ፤አብርሃም በርእሱ፤
ኀበ ገብርከሙ እንዘ ትገይሡ፤
አጋእዝትየ ዘትሤለሱ። - ስብሓት ለከሙ።
በላዕለ ማርያም ድንግል፤ሥላሴከሙ ተረከበ።

በዮርዳኖስ ቅድመ፤ወበታቦር ካዕበ፤
ወንጌል ከመ ነበበ። - ስብሓት ለከሙ።
ለቤተክርስትያን ሥላሴ፤አዕማዲሃ አንትሙ፤
ሱራፌልኒ በቅዳሴሆሙ፤
ያኤምሩ ግፃዊከሙ። - ስብሓት ለከሙ።
ፈጣርያነ ፀሓይ ወወርኅ፤አጋእዝትየ ሥላሴ፤
ዘነጸሩከሙ ኤልያስ ወሙሴ፤
በስብሓት ወበውዳሴ። - ስብሓት ለከሙ።
ጠፈረ ቤትከሙ ማይ፤ዘኅብሩ በረድ፤
የአኵቱከሙ እንተነጸርዎ፤ኅሩያን አንጋድ፤
በስኢል ወበሰጊድ።- ስብሓት ለከሙ።
አብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ፤እንዘ አሓዱ ሠለስቱ፤
ዘተአንገድከሙ በውስተ ኀይመቱ፤
ለአብርሃም ጊዜ እብሬቱ። - ስብሓት ለከሙ።
አብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ፤እምኔከሙ አሓዱ፤
እንበለ ሩካቤ ዘርእ፤እም ድንግል ማኅፈዱ፤
ዘተወልደ በፈቃዱ። - ስብሓት ለከሙ።
አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ለዝክርከሙ ሕይወት፤
*ሶበ ከናፍርየ እከሥት፤
ስመ ዚአከሙ በኵሉ ሰዓት፤
ይስማዕ እምአፉየ ወይደንግፅ ሞት።- ስብሕት ለከሙ።
ስብሓት ለእግዚአብሔር ኪያነ ዘፈጠረ ከመ ናምልኮ፡
ስብሓት ለማርያም እመ አምላክ እግዝእትነ ወመድኀኒትነ፡
ስብሓት ለመስቀለ ክርስቶስ ዕፀ መድኀኒት ኃይልነ ወጸወንነ።

(ሕዝቢ ይበል)

ነአምን በአሓዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ገባሬ ሰማያ ት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።ወነአምን በአሓዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደአብ ዋሕድ ዘሀልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም።

ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእምአምላክ ዘበአማን ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ።ዘዕሩይ ምስለአብ በመለኮቱ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ወተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ እማርያም እምቅድስት ድንግል፡ኮነ ብእሴ።ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ሐመ።

(ሕዝቢ ኮፍ ይብል፤ካህን ተንሢኡ ናብ ሕዝቢ ገጹ ኮይኑ ነዚ ዚስዕብ ጸሎተ ቡራኬ የብጽሕ)

Scanned with CamScanner

ጸሎተ ቡራኬ

(ናይ ትግርኛ እንተደለኻ አብ ገጽ 18 ረአ)

አ፤ማኅበራኒሁ ለክርስቶስ እሰተጋባእክሙ ውስተ ዛቲ ኤላሙ በእንተ ሳሕ ሕማሙ ወበእንተ ስቅለቱ ወሞቱ ወርገዙተ ገሀሁ ወክዕ ወተ ደሙ ለሕዝበ አይሁድ በፋሲካሆሙ አመ አግብእዎ እሉ ውስተ እደ ጎዮአን በቅንአቶሙ።

ይትወከፍ እግዚአብሔር ድካመክሙ ወጸሎተክሙ ወመዝሙረክሙ ወኮሎ ጻማክሙ እምኀሲና ሥጋ በኀሲና መንፈስ ኮሉ ኀሠሣቲክሙ በሥምረቱ ይፈጽም ለክሙ።ተስፋ ትንሣኤ የሀብክሙ ቃሰፍሥሓ ያስ ምዕክሙ በኀህሉ ወበምሕረቱ ይክድንክሙ።በክሙ ሐወጸሙ ለአርዳኢሁ የሐውጽክሙ ለይሱቅ ትንታኔክሙ ወይናዝዝ ትካዘክሙ ወያጽንዕ ድካመክሙ።

ምስለ አነ እጉክሙ ጥቡዕ ለመልእክትክሙ።ወምስለ ኮሎሙ አለ ተማሕፀኑ ዘርሑቅ ወዘቅሩብ በኃይለ ጸሎትክሙ።ክሙ ይደመሩ አመ ይመጽእ እግዚእክሙ በዕለተመርዓሁ ምስሌክሙ ውስተ ጉባኤሆሙ ለአበዊክሙ በየማኑ ያቅምክሙ ቤተ ተድላሁ ያብእክሙ ለዓለመ ዓለም።

ይ.ሐ፤- አሜን።

ይ.ዲ፤- ሑሩ በሰላም ወእግዚአብሔር የሀሉ ምስሌክሙ ውተመየጡ በጊዜ ተስዓቱ ሰዓት።



ዘ፱ቱ ሰዓት

(ብዘይካ ሓንቲ ኩሉ መብራህትታት የጥፍኡም)
ክም ሥርዐት ዘንግሀ እዩ።መራሒ ነዚ መዝሙር የዝይም።

ይ.ካ.ይምሓረና ይሠሀለና.....ብመስቀሉ ይትቤዘወና አበ-ነዘበስግያት..

በ፱ ሶበ ሰቀልዎ ሶበ ሰቀልዎ ሶበ ሰቀልዎ ለእግዚእነ ፀሐይ ጸልመ ወወርኀ ደመ ኮነ ዬ፡ዬ፡ዬ፡አድለቅለቀት ምድር ውተከሥቱ መታብራት።

(ብምትብባል ይተ ጊዜ ይበሉ ክም ናይ «ንግሀ»እዩ።

ለክ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘገ ለዓለመ ዓለም።
አማኑኤል አምላኪየ ለክ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘገ ለዓለም ዓለም።
አእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለክ ኀይል ክብር ወስብሐት ወዕዘገ ለዓለመ ዓለም።
ኀይልየ ወጸወንየ እስመ ኮንኪ ረዳእየ እብል በአኰቴት፡አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ሰምክ፡ትምጻእ መንግሥትክ፡ወይኩን ፈቃድክ በክመ በሰማይ ከማሁ በምድር።ሲሳየነ ዘለለ ዕለትነ ሀበነ የምዕኀድ ግ ለነ አበሳነ ወጊጋየነ ክመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘአበሰ ለነ ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት አላ አድኀነነ ወባልሐነ እምኮሉ እኩይ። እስመ ዚአክ ይእቲ መንግሥት ኀይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።

ለአምላክ	ይደሉ	ክብር	ወስብሐት	ወዕዘገ	ለዓለም	ዓለም
ለሥሉስ	»	»	»	»	»	»
ለማሕየዊ	»	»	»	»	»	»
ለዕዘዙ	»	»	»	»	»	»
ለመንግሥቱ	»	»	»	»	»	»
ለምኵናኑ	»	»	»	»	»	»
ለኢየሱስ	»	»	»	»	»	»
ለክርስቶስ	»	»	»	»	»	»
ለሕማሙ	»	»	»	»	»	»

ፎ ጊዜ ይበሉ

ለክ ይደሉ ኀይል፡ ለክ ይደሉ ስብሐት፡ ወለክ ይደሉ አኰቴት፡ አእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም።

Scanned with CamScanner

ንባባት ዘይቱ ሰዓት

እንካብ መጽሓፍ

ኦሪት ዘዕአት

(፲፪፡፯-፲፫፡፲፯)

ኮሎም ደቅእሥራኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሔር ንሙሴን ንኣሮ ንን ዝኣዘዞም ገበሩ።እግዚኣብሔር ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ንደቅ እሥራኤል በብሠራዊቶም ካብ ምድሪ ግብጺ አውጽኦም።

(፲፫፡፩-፲፯)

ሕዝቢ እሥራኤል ብምሉኦም ካብ ምድረበዳ ሲና ተበጊሶም ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞም ካብ ሰፈር ናብ ሰፈር ተጓዕዙ።ኣብ ረፊደም ድማ ሰፈሩ።ዚሰትዮም ማይ ግና ኣይነበሮምን።እቶም ሕዝቢ ድማ «እንሰትዮ ማይ ሃበና»ኢሎም ምስ ሙሴ ተጭየቹ።ሙሴ ኸኣ«ስለም ንታይ ምሳይ ትቋየቹ? ስለምንታይከ ንእግዚኣብሔር ትፍትንዎ?»በሎም እቶም ሕዝቢ ድማ ኣብኡ ማይ ጸሚእም«ስለምንታይ ኢኻ ንሕናን ደቅናን ማልናን ብጽምኢ ክንመውት ካብ ግብጺ ዘውጻእካና?»ኢሎም ንሙሴ ኣጉረምረሙሉ።

ሙሴ ድማ «ነዞም ሕዝቢ እዚኣም እንታይ ክገብሮም እየ?ብዳርባ እምኒ ኪቐትሉኒ ቕሩብ ተሪፍዎም ኣሎ»ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር ኣልዐየ።እግዚኣብሔር ድማ ንሙሴ«ገለ ካብቶም ዓበይቲ እሥራኤል ወሲድካ ካብቶም ሕዝቢ ንቐድሚት ኣቢልካ ኣሕልፍ»በሎ።«ንታ ንፈለግ ኒል ዝወቓዕካሳ በትርካ ተማለእካ ድማ ኺድ።እንሆ ኣነ ኣብኡ ኣብ ቅድሚኻ ኣብ ልዕሊ ኸውሒ ኮራብ ደው ክብል እየ።ኣቲ ኸውሒ ኸኣ ኸትወቕዮ ኢኻ፤ኣቶም ሕዝቢ ዚሰቲ ማይ ድማ ካብኡ ኺወጽእ እዩ» በሎ።ሙሴ ድማ ኣብ ቅድሚ እቶም ዓበይቲ እሥራኤል ከምኡ ገበረ።

ደቅእሥራኤል ንሙሴ ስለዝተጭየቹዎን«እግዚኣብሔርሲ እምበርዶ ምሳና ኣሎ እዩ?»ኢሎም ንእግዚኣብሔር ስለዝፈተኑዎን እታ ቦታ«ማሳን መሪባን»ኢሉ ሰመያ።

ሽው ኣማሊቃውያን ኣብ ረፊደም መጺኦም ምስ እሥራኤላውያን ውግእ ገጠሙ።ሙሴ ድማ ንኢያሱ«ሰባት ሕረየልናሞ ወጺእካ ምስ ኣማሊቃውያን ተዋጋእ።ኣነ ጽባሕ በትሪ ኣምላኽ ኣብ ኢደይ ሒዘ ኣብ ርእሲ እቲ እምባ ደው ክብል እየ»በሎ።ኢያሱ ኸኣ ከምቲ ሙሴ ዝበሎ ገበረ ምስኣማሊቃውያን ክኣ ተዋግእ።ሙሴን ኣሮንን ሁርን ድማ ናብ ርእሲ እቲ እምባ ደየቡ።ሙሴ ኢዱ ክልዕል ክሎ እሥራኤላውያን ይስዕሩ ነበሩ፤ሙሴ ኢዱ ኪውርድ ክሎ ድማ ኣማሊቃውያን ይስዕሩ ነበሩ።ሙሴ ኣእዳዉ ስለዝረብረባ እምኒ ወሲዶም ኣብ ትሕቲኡ ኣንበሩ ሙሴውን ኣብ ልዕሊኡ ተቐመጠ።ኣሮንን ሁርን ክኣ ሓደ በዚ ሓደ ኸኣ በቲ ኾይኖም ንእእዳው ሙሴ ይድግፉ ነበሩ። ኣእዳዉ ድማ ፀሓይ ክሳዕ እትዓርብ ጸንዓ።ኢያሱ ድማ ንኣማሊቃውያን ብስሕሰት ሰይፊ ሰዓሮም።

እንካብ መጽሓፍ

ሩት

በረኸታ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፪፡፲፩-፲፯)

ቦኢዝ ድማ«እቲ ድጎሪ ሞት ሰብኣይኪ ንሓማትኪ ዝገበርክሞን፣ ኣቦኽን ኣዴኽን ዝተወለድክላ ምድርን ከም ዝሓደግኪ፣ቅድም ናብ ዘይትፈልጥዮ ሕዝቢ ድማ ከም ዝመጻእኪ ኣጸቢቕም ነጊሮምኒ ኣለዉ፣ እግዚኣብሔር ከም ግብርኺ ይሃብኪ፤ ሓለዋኡ ደሊኺ መጺእኪ ዘሎ ኺ፣ካብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እሥራኤል ዓስብኺ ምሉእ ይኹን» ኢሉ መለሰላ።

ንሳ ኸኣ«ጐይታየ ከም ሓንቲ ኾብቶን ግዙኣትካ እኳ ዘይኮንኩስ ንግዝእትኻ ተዛሪብካ ኣጸናኒዕካኒ ኢኻ እሞ ድጎሪ ሕጂውን ኣብ ቅድሚኻ ሞገሥ ክረክብ ተስፋ ኣሎኒ»በለት።ግዜ ምሳሕ ምስ ኮነ ቦኢዝ ናብዚ ቐረቢ እሞ ኣንጊራ ቈረስኪ ኣብዚ ጸብሒ ኣናጠለቕኪ ብል ዒ በላ።ንሳ ድማ ኣብ ጥቓ እቶም ዓጸዶ ተቐመጠት፣ጥቡስ ሠዊት ክኣ ሃባ፣ንሳ ድማ በልዐት ጸጊባውን ኣትረፈት።ክትትርም ምስ ተንሥኣት ድማ ቦኢዝ ነቶም ግዙኣት«ኣብ ማእከል እንጻእቲ እኳ እንተ ቐረመት ኣይተሕፍርዋ፤ካብቲ ፅትርቲ መዝሒቕኩም ክኣ ክትእርዮ ሕደጉሳ እምበር፣ኣይትኾርፀዋ»ኢሉ ኣዘዞም።

ኣብቲ ግራት ክኣ ክሳዕ ምሸት ቀረመት።ነቲ ዝቐረሙ ድማ ዘበጠቶ፣ሓደ ዓሥርተ ኪሎግራም ስንም ክኣ ኾነ።

እንካብ መጽሓፍ

ኤርምያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፲፭፡፲፱-፳፩)

እነ ግና ኸምቲ ናብ ማሕረዲ ዚወስድዎ ገንሸል ነበርኩ።ንሳቶም ስሙ ኸይዝክር ነታ እም ምስ ፍረኣ ነጥፍኢያክብ ሃገር ሕያዋን ድማ ንመንቀሳ ኢሉም ውዲት ከም ዝደበቹለይ ኣይፈለጥኩን።

ሽው ኦ!እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ቅኑዕ እትፈርድ ልብን ሓሳባትን ክኣ እትምርምር ንስኻ ኢኻ።ነገረይ ኣባኻ ኣማዕቂብ ኣሎኹ እሞ፣ ምፍዳይ ሕኒኻ ኣባታቶም ኣርእየኒ ኢለ ጸሊኹ።ሰብ ኣናታቶት ክሞተሉም ደለዩ፣ብስም እግዚኣብሔር እንተ ደኣ ተነብየ ኸኣ ኸም ዚቕትሉኒ ነገሩኒ።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም ኣሜን።

(፷፮፡፩-ፍጻሜ)

እንሆ፣እግዚኣብሔር ንምድሪ ኣፅንዩ ኸባድማን ኪግልብጣን እዩ፣

Scanned with CamScanner

ነቶም አብአ ዚነብሩ ኸአ ፋሕ ኪብሎም እዩ።ንሕዝብን፡ንኻህንን ንባ
ርያን፡ንጐይታን፡ንግዝእትን፡ንእመቤትን፡ንተሻያጥን፡ንሸያጥን፡ንተለቃሕ
ሕን፡ንመለቅሕን ንሃብታምን ንድኻን መዓት ኪወርዶም እዩ።እግዚአ
ብሔር ተዛሪቡ እዩሞ ምድሪ ጥራሽ ክትብርስን ክትባድምን እያ።

ምድሪ ትጽምሉን ትነቅጽን አላ፡ዓለም ከአ ብምልእታ ትሕለል አላ፡
ሰማይን ምድርን ድማ ጌመክኽ አሎ።ሕጊእግዚአብሔር ስዒሮም ሥ
ርዓት ጥሒሶም ነቲ ዘለዓለማዊ ኺዳንውን አፍሪሶም እዮም እሞ፡
ምድሪ በቶም አብአ ዚነብሩ ሕዝቢ ረኽሰት፤ስለዚ እግዚአብሔር ን
ምድሪ ረገማ፡እቶም ሕዝቢ ኸእ አበቲ ዝገበርዎ ይቕጽዑ አለዉ።
እቶም አብአ ዚነብሩ ኸአ እናወሓዱ ይኸዱ አለዉ።ተኸሊ ወይኒ ይነ
ቅጽ አሎ፡ነቢት ከአ ይውሕድ አሎ፡እቶም ቀደም ሕጉሳት ዝነበሩ ኹ
ላቶም ከአ ሕጂ ይትክዙ አለዉ።ደስታ ወቓዕቲ ኸበሮ ተሪፉ፡ወኻዕ
ታ ዜስተማቕሮ ከአ የልቦን።አብታ ኸተማ ህውከት አሎ፡ሰባት ከአ ገ
ዛእ ርእሶም ምእንቲ ኬድኅኑ አብ ገዝአም ተዓጽዉ።ነቢት ስለ ዘየልቦ
አብ አደባባይ ተዕታዕ ይብሉ፡ታሕዓስ ዘበለ ተድላ ምድሪ ገዓዘ።እታ
ኸተማ ዓንያ እያ፡መዓጹአ ድማ ተሰባቢሩ እዩ።እዚ ንኹለን ነተን
አብ ዓለም ዘለዋ መንግሥታት ኪበጽሐን ዘለዎ እዩ።ከምቲ ምንዝናዝ
አውልዕን ምጕናእ ዘቢብን ተወዲኡስ ቀሪም ዚቕረም ኪኸውን እዩ።
እቶም ዝተረፉ ድምዖም አልዒሎም ዕልል ኪብሉ እዮም፡እቶም
አብ ምዕራብ ዘለዉ እግዚአብሔር ዓብይ ከምዝኾነ ኼዘንትዉ እዮ
ም።እቶም አብ ምብራቕ ዘለዉ ድማ ኼመስግንዎ እዮም።እቶም አብ
ገማግም ባሕሪ ዚነብሩ ሕዝቢ ኸአ ንእግዚአብሔር አምላክ እሥራኤል
ኪውድስዎ እዮም።ካብ ወሰን ምድሪ«ክብሪ ነቲ ጻድቕ ይኹን»ዚብል
መዝሙር ክንሰምዕ ኢና።

አነ ግና ወይለይ!ተስፋ ዘይብሉ ይዋእ እዩ፡ከሓድቲ ይዕምጹ አለ
ዉ፡ዓመጻኦም ከአ ይቕጽልዎ አለዉ።አቱም አብ ምድሪ እትነብሩ ስም
ዑኒ፡እንሆ ራዕድን ጕድጓድን መፈንጠራን ኪበጽሓኩም እዩ።እቲ ራ
ዕዲ ሒዝዎ ዚሃድም ናብ ጕድጓድ ኪወድቕ እዩ፡እቲ ኻብ ጕድጓድ
ዝወጽአ ከአ ብመንፈጠራ ኺተሓዝ እዩ።ብርቱዕ ዝናም ኪዘንም እ
ዩሞ መሠረታት ምድሪ ኪነቓነቕ እዩ።ምድሪ ጥዋዕ ኢላ ኸትሰበር አ
ብ ክልተ ኸትትርተርን ክትናወጽን እያ።እወ ምድሪ ኸም ስኹር ሰንከ
ልከል ክትብል፡ከምቲ ዳስ ብንፋስ ሰሰው ዚብል ከአ ሰሰው ክትብል
እያ።ዓለም አበሳአ ኸቢድዋ ኸትወድቕ አያ።መሊሳውን አይክትንሥእን
እያ።
በታ መዓልቲ እቲአ እግዚአብሔር ነቶም አብ ሰማይ ዘለዉ ኃይላት
ን ንነገሥታት ምድርን ኪቕጽዖም እዩ።አምላኽ ንነገሥታት ኪእክቦ
ም፡እሱራት አብ ጕድጓድ ከም ዚእከቡ አብ ቤትማእሰርቲ ኺዓጽዎ
ም፡ድኅሪ ብዙኅ መዓልትታት ከአ ኪቕጽዖም እዩ።
ሽዑ ወርኂ ኸትጽልምት፡ፀሓይውን ብርሃና አይክትህብን እያ፡ከመይሲ
እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት አብ እምባ ጽዮን፡አብ ኢየሩሳሌም ኪ
ነግሥ እዩ።መራሕቲ ሕዝቢ ድማ ኸብሩ ኺርእዩ እዮም።

እንካብ መጽሓፍ

ኢሳይያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም፡አሜን።
፶፪፡፭-ፍጻሜ

እወ ገዛእትኹም ይጀሃሩን ይዕበዩን ይሕበኑን፡ኵሉ መዓልቲ ከአ
ስመይ ይጽረፍ አሎ።ስለዚ በተን ዚመጽአ መዓልታት አነ እግዚአብሔር
ከምዝኾንኩ፡ንአኻትኩም ከአ ከምዝተዛረብኩኹም ክትፈልጡ ኢኹም።
እቲ ብሥራት ዜበሥር፡ሰላም ዜውሪ፡ሠናይ ዜበሥር፡ምድኃን ዜውሪ፤
ንጽዮን ከአ«አምላኽኪ ነጊሡ እዩ»ዚብላ፡አኸራን አቋሪጹ ኪመጽእ
ከሎ፡ክንደይ ግሩም እዩ!እግዚአብሔር ናብ እምባ ጽዮን ኪምለስ ከ
ሎ፡ገጽ ንገጽ ኪርእዩዎ እዮምሞ፡እቶም ሓለውቲ ከተማ ብታሕጓስ
ድምዖም ዓው አቢሎም ሓቢሮም ዕልል ኪብሉ እዮም።አትን ዑናታ
ት ኢየሩሳሌም እግዚአብሔር ንሕዝቡ ስለዘጸናንዖ፡ንኢየሩሳሌም ስለ
ዝተበጀዋ፡ብሓጐስ ዕልል በላ፤ሓቢርክን አመስግና።እግዚአብሔር አብ
ቅድሚ ኵሎም አሕዛብ፡በቲ ቅዱስ ቅልጽሙ ገይሩ ንሕዝቡ ኪድሕኖም
እዩ፤ዓለም ብምልእታ ከአ ነዚ ክትርእዮ እያ።ረሓቹ!ረሓቹ!ካብ ባቢ
ሎን ውጽኡ!፡ርኹስ ከቶ አይትተንክዩ፡አቱም አቕሑ እግዚአብሔር
እትጾሩ ካብ ማእከላ ውጽኡ፡ንጽሑ።እግዚአብሔር ቀቅድሚኹም ኪ
ኸይድ፡አምላኽ እሥራኤል ድማ ደጀንኩም ኪኸውን እዩሞ፡ብታህዋኽ
አይክትነቕሉን፡ብምህዳም ከአ አይክትግስግሱን ኢኹም።

እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ።«እነሆ ባርያይ ዚገብሮ ዘበለ
ኺሰልጦ እዩ፤ከኸብር፡ልዕል ኪብል አዝዩውን ክብ ኪብል እዩ።ገጹ
ሓለፋ ካልኦት ሰባት ዝተቕብአ፡መልክዑ ድማ ካብ ካልኦት ደቂሰብ
ዝኸበረ ስለዝነበረ ብዙኃት ምስረአዩዎ ተገረሙ።ከምኡ ከአ ንብዙኃት
አሕዛብ ምእንዚ ኪንጽሖም ኪን ጽገሎም እዩ።ነገሥታት እውን ተዘ
ንትዩሎም ዘይፈልጥ ስለዝረአዩ፡ሰሚያሙዎ ዘይፈልጡ ስለዘስተውዓ
ሉ፡ዚብሉዎ ጠፊኡዎም አብ ቅድሚኡ አፎም ኪሕዙ እዮም።

እንካብ መጽሓፍ

ሰፎንያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
(፪፡፭-፲፩)

አቱም አብ ገማግም ባሕሪ እትነብሩ ፍልስጥኤማውያን ወይለኹም።
ፍርዲ እግዚአብሔር አንጻርኩም እዩ፡ኪጥፍአኩም እዩ፡ካባኻትኩም ሓ
ደ እኳ አይኪተርፍን እዩ።አብ ገማግም ባሕሪ ዘሎ መሬትኩም መ
ዓሰይን አግነት ጓሶትን ደምበ አባጊዕን ኪኸውን እዩ።ንምድርኹም
እቶም ብሕይወት ዝተረፉ ሕዝቢ ይሁዳ ኺርስተይዎ እዮም፡አብኡ
ኺጓስዩ እዮም፡ምሸት ከአ አብ አባይቲ አስቃሎን ኪድቅሱ እዮም።
እግዚአብሔር አምላኾም ኪበጽሖም፡ከም ብሓድሽ ድማ ኸሃብትሞም
እዩ።
እቲ ኹሉ ዚኸእል እግዚአብሔር ከምዚ ይብል አሎ፡አነ እቲ ሕ

Scanned with CamScanner

ዝቢ ሞአብን ደቅአሞንን ንሕዝበይ ርስትኹም ክንወርሶ ኢና እናበሉ ዘላግጹሎምን ዝጸርፍዎምን ጸርፊ ሰሚዐዮ አሎኹ።አነ እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት አምላኽ እሥራኤል ሕያው እየ፡ብርግጽ ሞአብን አሞንን ከም ገሞራን ከም ዚጠፍእ ኽአ እምሕል አሎኹ፡ምድሮምውን ዓውል ዝወረሶን ጉድጓድ ጨውን ንዘለዓለም ዝዓነወን ኪኸውን እዩ። እቶም ካብ ምርኮ ዝተረፉ ሕዝበይ ኪዘምትዎም፡ሓድጊ ሕዝበይውን ኪርስተይዎም እዮም።

ንሕዝቢ እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት ጸሪፎምዎን ተዓብዮምሉን እዮም እሞ፡እዚ ብሰሪ ትዕቢቶም ኪወርዶም እዩ።እግዚአብሔር ንኹሎም አምላኽቲ ምድሪ ኼጥፍኦም እዩ እሞ፡አባታቶም መሰክሒ ኪኸውን እዩ።ኵሎም አሕዛብ ከአ፡ነፍስወከፍ አብ በቦታኦም ኮይኖም ኺሰግዱሉ እዮም።

ካብ ፲ይ ድርሳን
ቃል ቅዱስ ጳውሎስ

«ክርስቶስ ሥጋ ምስለበሰ ናብቲ ካብ ሞት ከድኅኖ ዚኸእል ብዓብይ ገዓርን ብዙኅ ንብዓትን ጸለየን ለመነን፡ተባዕ ብምኺኑን ወዲ አምላኽ ብምኺኑን ከአ ጽድቂ አምላኽ ሰምዐ»ብምባል ቅዱስ ጳውሎስ፡ክርስቶስ ተአዚዙ ከምዝሞተ የረድእ።

ፍቕር ኃወይ!እምበአር ካብ ናይ አቦኡ ብርቱዕ ድላይን ሕሱም ፍቕርን ምጽናዕ ሓሊፉ፥ካልእ ሓንቲኳ ከምዘይገበረዶ ርኢኻ!!እንተኾነ ሽሕኳ«ብዓብይ ገዓር ጸለየ»እንተበለ፥እናበኸየን እናልቀሰን ከምዘይጸለየ ፍለጥ፥አብ ወንጌልውን ከምዚ ዝበለ ቃል አይርከብን እዩ።

አስተውዕል ብዛዕባ ወልድ ከምዚ ቢልካ ምዝራብ ውርደት እዩ፤ስለዚ እናተጻዕረ ደአ ኪበሃል ይከአል እምበር፥እናልቀሰን እናበኸየን ጸለየ አይበሃልን።

ውሉድ ስለዝኾነ ጽድቂ አቦኡ ሰምዐን ተረድአን በቲ ኵሉ ዝረኸቦ ከአ ተአዝዞ እንታይ ምኺኑ፥ሓዋርያ ጳውሎስ አፍለጠን አርአየን።ኵሉ ፈጺሙውን ነቶም ዚአምንዎ ዘበሉ ዓዳሊ ሕይወትን ዘለዓለማዊ መድኅንን ኮነ።እግዚአብሔር ከአ ከም ሽመት መልከጼደቅ ሊቀካህናት ገቢሩ ሸሞ ይብለካ።እዚ እንኪብል ብገዓር ደአምበር ብብዙኅ ምግዓርን ብንብዓትን ከምዘይኮነ የዘኻኸር።

እዚ ሓዋርያዚ«ተባዕ ስለዝኾነ ጽድቂአምላኽ ሰምዐ»በለ።እሞ ደአ ነቶም ዓለውትን ከሓድትን ከነሕፍሮምስ«እቲ ወዲአምላኽስ ተባዕ ስለዝኾነ እዩ ጽድቂ አምላኽ ዝሰምዐዶ»ክንብሎም ኢና።እዚ እንተኾይኑ ደአ ካብ ነብያትስ ብዙኃት ተባዓትዶ አይርከቡን እዮም?እምበአር ቅዱስ ጳውሎስ ዚብለካ ስማዕ፤«ተባዕ ስለዝኾነን ወዲአምላኽ ስለዝኾነን ሰምዖ»እዩ ዚብለካ።እዚ ማለት ከአ ከምቲ ውሉድ ንወላዲኡ ዚእዘዞ ክርስቶስ ከአ አብ ትእዛዝአቦኡ ክሳብ ሞት ከምዝበጽሐ ይገልጸልካ።

ተአዝዞ ከመይ ምኺኑ ከፍልጥን ከመልክትን እንታይ ገበረ?ከመይስ

እዩ?እዚ እንኪበሃል ግና ብዛዕባ ትስብእቱ ማለት ሰብ ብምኺኑ ርኢኻዮ አሎኻ።እዚ ጥራሕ ኢሉ ስቕ ዝበለ ከአ አይምሰልካ።በታ ዝተታ ሕዘላ ግዜ(ለይቲ)«እዚ ጽዋዕዚ ካባይ ኪሓልፍ ዚከአል እንተኾይኑ ይሕለፍ»እናበለ ካብ ሞት ኪድሕን ካብ ደለየስ ንምንታይ ክትንሥእ ዘይለመነ?«ነዚ ቤተመቕደስዚ አፍርስዎሞ ብሠለስተ መዓልቲ ክሓንፆ እየ» በለ።መሊሱ ከአ«ንነፍሰይ ከንብራን ከተንሥአን ፍቓድ አሎኒ ዚምንዝዓኒ ዘይብለይ ከአ ባዕለይ ብፍቓደይ አሕሊፈ እህባ»ዝበለስ ስለምንታይ እዩ?እስኪ ሕጂ ንገረኒ እንተበልካ፤እቲ«ናብ ኢየሩሳሌም ክንድይብ ኢና ንወድሰብ ከአ ናብ ኢድ ሊቃነካህናትን ጸሓፍትን አሕሊፎም ክህብዎ እዮምሞ፥ንሞት ፈሪዶም ናብ ኢድአሕዛብ ከሕልፍዎ እዮም።ንሳቶም ከአ ዘቢጦምን ገሪፎምን ኪቕትልዎ እዮም።አብ ሣልሳይ መዓልቲ ከአ ኪትንሥእ እዩ»እናበለ ዝተናገረስ ምእንቲ መን ኪልምን ማለትካ እዩ እብለካ።ከምዚ ቢሉ እንኪዛረብ ግን«አቦ ከተንሥአኒ እዩ»አይበለን።ምእንትዚ አቦ ከተንሥአ ከምዘይለመነን ከም ዘይጸለየን ተረዳእ።እሞ«ምእንቲመን ደአ ለመነን ጸለየን?»እንተበልካኒ«ምእንቲ እቶም በአኡ ዝአመኑ እዩ ዝለመነ»እብለካ።ትርጕሙ ከአ እግዚአብሔር አቦ ብርኅራኄ ሰምዖ ማለት እዩ።እዚ ስለዝኾነ ነቲ ብዚግባእ ኪርዳእን ኪሰምዕን ዘይከአለ ቃልአምላኽ፥ክርስቶስ ከምዝሰምዖ ኸመልክት «ንጽድቂ አምላኽ ሰምዖ ተረድኦ»ይብል።

ከምኡውን ጐይታና ነርድእቱ«አቦ ካባይ ይዓቢ እዩሞ ትፈትዉኒ ተፍቅሩኒ እንተኮንኩምስ ናብ አቦ ከምዝኸይድ ብዝፈለጥኩም ብልቢ ምተሓጐስኩም ነበርኩም»በሎም፤ወዮ«ንነፍሰይ ከንብራን አሕሊፈ ክህባን ሥልጣን አሎኒ»ዝበለ ደአ ንምንታይ ንርእሱ ዘየመስግንን ዘይውድስን።

ሓዋርያ ጳውሎስ መላሊሱ«ምእንቲ ኃጢአትና ነፍሱ ሃበ፤በጃ ኮላትና ኮነ»ይብል።ፍቁር ኃወይ ንትሕትና ዚርኢ እንኪዛረብ ብዛዕባ ሥጋዌኡ ሰብ ከም ምኺኑ ከም ዝተናገሮዶ ተረዲኡካ አሎ።ደጊሙ ሓዋርያ ጳውሎስ ተባዕ ስለዝኾነን ውሉድ ስለዝኾነን ንጽድቂአምላኽ ኪሰምዖ ከአለ፤ብምባሉ እቲ ብሳላ ክርስቶስ ካብ እግዚአብሔር ዝረኸብናዮ ትሩፋት ከመልክት ደለየ።ገዓሩ ናብ እግዚአብሔር ከምዝበጽሐ ከፍልጥ ከአ እቲ ትእዛዝ ተፈጸመ ቢሉ ይገልጾ።

እዚ ዘበሎ ምኸንያት ናይ ስቓያቱ ዓብይ ረብሓ ንምግላጽ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ«ኵሉ ፈጺሙ ነቶም አመንቱ ዓዳሊ ሕይወትን ዘለዓለማዊ መድኅንን ኮነ»ይብል።እዚ ከዓ ሽሕኳ ክርስቶስ ብርእሱ ወዲ አምላኽ እንተኾነ ብስቓያቱ ናይ ተአዝዞ ረብሓ ረኸበ ማለት እዩ።

ምስባክ ተካፈሉ አልባስየ ለርእሶሙ፤
ወተዐፀዉ ዲበ ዐራዝየ፤
አንተሰ እግዚኦ ኢትርሓቅ እምኔየ።

Scanned with CamScanner

(ወይ ከአ)ወወደዩ ሐሞተ ውስተ መብልዕየ፤
ወአስተዩኒ ብሒአ ለጽምእየ፤
ለትኩኖሙ ማእዶሙ መሥገርተ በቅድሜሆሙ።

ወንጌል ማቴዎስ

(፳፯፡፵፮-፶፯)

ብታሽዓይቲ ሰዓት አቢሉ ኢየሱስ«ኤሎሄ!ኤሎሄ!ላማ ሰበቅታኒ» እናበለ ብዓብይ ድምፂ ጨርሐ፤እዚ ኸአ«አምላኸይ!አምላኸይ! ንምንታይ ሓደግካኒ ማለት»እዩ።ገሊኦም ካብቶም አብኡ ቆይሞም ዝነበሩ ሰባት ነዚ ምስ ሰምዑ«እዝስ ኤልያስ እዩ ዚጽውዕ ዘሎ» በሉ።ሽዑ ሓደ ካብአቶም ጐይዩ ሰፍነግ ወሲዱ፤አብ መጺጽ አሊኹ፤አብ ዘንጊ አሲሩ ኺሰትዮ አቕረበሉ።ገሊኦም ግና«ሕደጎ! ኤልያስ መጺኡ ዜድሕኖ እንተኾይኑ ክንርኢ ኢና»በሉ።ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብይ ድምጺ ጨርሐ፤ነፍሱ ድማ ወጽአት።

እንሆ ኸአ መጋረጃ ቤትመቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ አብ ክልተ ተተርተረ፤ምድሪ አንቀጥቀጠት አኻውሕ ድማ ተጨዱ። መቓብራት ተኸፍቱ፤ሞይቶም ዝነበሩ ናይ ብዙኃት ቅዱሳን ሬሳ ታታት ድማ ካብ ሞት ተንሥኡ።ድኅሪ ትንሣኤኡ ድማ ካብ መቓብራት ወጺኦም ናብታ ቕድስቲ ኸተማ አተዉ።ንብዙሓትውን ተራእዩዎም።እቲ ሓለቓሚእትን እቶም ንኢየሱስ ኪሕልዉ ምስኡ ዝነበሩን ኸአ ነቲ ምንቅጥቃጥ ምድርን ነቲ ዝኾነ ነገራትን ርእዮ ም«እዝስ ብሓቂ ወዲአምላኽ እዩ» እናበሉ አዝዮም ፈርሁ።አብኡ ኸአ ንኢየሱስ እናገልገላኦ ኻብ ገሊላ አትሒዘን ዝተኸተላኦ ብዙኃት አንስቲ ብርሑቕ ይዕዘባ ነበራ።ካብአተን እውን ማርያም መግደላዊት ማርያም አደያዕቆብን ዮሳን፥አደኦም ንደቂ ዘብዴዎስን ነበራ።

ምስ መሰየ ግና ዮሴፍ ዝተባህለ ሃብታም ሰብአይ ካብ አርማትያስ መጽአ።ንሱ ኸአ ናይ ኢየሱስ ወደመዝሙር ነበረ።

ይ.ካ.ጊዜ ፱ቱ ሰዓት ጸርሐ ኢየሱስ በቃሉ ወይቤ ኤሎሄ ኤሎሄ።

ወንጌል ማርቆስ

(፲፭፡፴፬-፵፱)

ብታሽዓይቲ ሰዓት ከአ ኢየሱስ ብዓብይ ድምፂ«ኤሎሄ!ኤሎሄ! ላማ ሰበቅታኒ»ኢሉ ጨርሐ ትርጉሙ ድማ«አምላኸይ አምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ»ማለት እዩ።ካብቶም አብኡ ደው ኢሎም ዚ

ሰምዕዎ ዝነበሩ ኸአ ገሊኦም«እንሆ ንኤልያስ ይጽውዕ አሎ»በሉ፡ ሓደ ግና ጐዩ ሰፍነግ አብ መጺጽ አሊኹ አብ ዘንጊ አሲሩ«እስከ ሕደጉ!ኤልያስ መጺኡ ኬውርዶ ክንርኢ ኢና»እናበለ አስተዮ፤ ኢየሱስ ከአ ብዓብይ ድምጺ ገዓረ፤ነፍሱውን ወጽአት።መጋረጃ ቤትመቕደስ ድማ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ አብ ክልተ ተተርተረ።እቲ አብ መንጽሩ ደው ኢሉ ዝነበረ ሓለቓሚእቲ ኸአ ነፍሱ ኸምዚ ኢላ ከም ዝወጽአት ምስረአየ«እዚ ሰብ እዚ ብሓቂ ወዲ አምላኽ ነይሩ»በለ።

እንሆ ኸአ አንስቲ አብ ርሑቕ ኮይነን የማዕድዋ ነበራ፤ምስአተን ከአ ማርያም መግደላዊትን፡ማርያም አደያዕቆብ ንኡስን፡ዮሳን ሰሎሜን ነበራ።ንሳተን አብ ገሊላ ኸሎ ጀሚረን ዝሰዓባኦን ዘገልገላኦን እየ ን፤መብዝሕትአን እተን ካልኦት ግና ምሳኡ ናብ ኢየሩሳሌም ዝ ደየባ ነበራ።

ምስ መሰየ መዓልቲ ምስንዳው ማለት ድሮ ሰንበት ስለዝነበረ እቲ ንመንግሥቲ አምላኽ ዚጽበ፥ናይ ባይቶ አይሁድ ሕፉር አማ ኻሪ ዮሴፍ በዓል አርማትያስ መጽአ፤ብትብዓት ናብ ጲላጦስ አት ዩ ኸአ ሥጋ ኢየሱስ ለመኖ።

ይ.ካ.ጊዜ ፱ቱ ሰዓት ከልሐ ኢየሱስ፡በቃሉ ወአማሕፀነ ነፍሶ እሞት።

ወንጌል ሉቃስ

(፳፫፡፵፭-፶፪)

ፀሓይ ጸልመተት፤መጋረጃ ቤት መቕደስውን አብ ክልተ ተተ ርተረ።ኢየሱስ ብዓብይ ድምፂ«ኦ!አቦይ ንነፍሰይ አብ ኢድካ አ ማዕቀጥ አሎኹ»ኢሉ ጨርሐ፤እዚ ምስበለ ነፍሱ ወጽአት።እቲ ሓለቓሚእቲ ግና እቲ ዝኾነ ምስ ረአየ«እዚ ሰብአይ እዚ ብሓቂ ጻድቕ ነይሩ»እናበለ ንአምላኽ አመስገኖ።እቶም ኪርእዩ ዝተአከቡ ሕዝቢ ድማ እቲ ዝኾነ ምስረአዩ አፍልቦም እናወቕዑ ተመልሱ። እቶም ዚፈልጥዎ ኹሎምን እተን ካብ ገሊላ ዝሰዓባኦ አንስትን ከአ ብርሑቕ ደው ኢሎም ነዚ ይጥምቱ ነበሩ።

እንሆ ዮሴፍ ዝስሙ አማኻሪ፡ሕያዋይን ጻድቕን ሰብ ነበረ፤ዓ ዱ ድማ አርማትያስ ዚብሃል ከተማ አይሁድ ነበረ።ንሱ ንመንግሥቲ አ ምላኽ ዚጽበያ ደአ ነበረምበር አብቲ ምኽሪአይሁድን ግብሮምን ኅብረት አይነበሮን።ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ሥጋ ኢየሱስ ለመ ኖ።

ይ.ካ.ጊዜ ፱ቱ ሰዓት ገዐረ ኢየሱስ በቃሉ፡ወወጽአት መንፈሱ ሶቢሃ፡

Scanned with CamScanner

ወንጌል ዮሓንስ

(፲፱፡፳፰-፴፰)

ድሕርዚ ኢየሱስ ኵሉ ኸምዝተፈጸመ ፈሊጡ እቲ ጽሑፍ ም እንቲ ኪፍጸም«ጸማእኩ!»በለ።ኣብኡ መጺጽ ዝመልአ ኣቕሓ ነ በረ።ሽዑ መጺጽ ዝመልአ ሰፍነግ ኣብ ዘንጊ ስምዕዛ ገይሮም ናብ ኣፉ ኣቕረቡሉ።ኢየሱስ ከኣ ነቲ መጺጽ ምስ ጠዓመ«ተፈጸመ!» በለ።ርእሱ ኣድነነ ነፍሱውን ወጽአት።

ስለዚ ድሮ ሰንበት ስለዝነበረ እታ ሰንበት እቲኣ ድማ ኸብር ቲ በዓል ዓመት ስለዝነበረት፥እቲ ሬሳታታት ኣብ መስቀል ምእን ቲ ኸይሓድር መሓኹልቶም ሰሰቢሮም ከውርድዎ መራሕቲ ኣይ ሁድ ንጲላጦስ ለመንዎ።ሽዑ እቶም ወተሃደራት መጺኦም መሓኹ ልቲ እቲ ቐዳማይን ናይቲ ምስኡ ዝተሰቕለ ኻልኣይን ሰበሩ።ናብ ኢየሱስ ምስመጽኡ ግና ከምዝሞተ ርእዮም መሓኹልቱ ኣይሰበሩ ዎን።ሓደ ኻብቶም ወተ ሃደራት ግና ጐድኑ ብኹናት ወግኦ፥ብኡብ ኡ ኸኣ ደምን ማይን ወጽአ።እቲ ነዚ ዝረኣየ መስከረ፤እቲ ምስክ ሩ ኸኣ ሓቂ እዩ፤ንስኻትኩም ምእንቲ ኸትኣምኑ ድማ ንሱ ሓቂ ከምዝመስከረ ይፈልጥ እዩ።እዚ ዝኾነ ኸኣ እቲ«ካብኡ ሓደ ዓ ጽሚ እኳ ኣይኪሰብሩን እዮም»ዚብል ጽሑፍ ምእንቲ ኺፍጸም እዩ።ካልእ ጽሑፍ እውን«እቶም ዝወግእዎ ኪርእይዎ እዮም»ዚብል ኣሎ።

ድሕርዚ ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስ እቲ ነቶም መራሕቲ ኣይ ሁድ ዝፈርሀ፥ብኅቡእ ወደመዝሙር ኢየሱስ ዝነበረ ሥጋ ኢየሱስ ኪወስድ ንጲላጦስ ለመኖ።ጲላጦስ ከኣ ፈቐደሉ።ስለዚ ከይዱ ን ሥጋ ኢየሱስ ወሰዶ።

ይ.ካ. ጊዜ ፱ቱ ሰዓት ኣጽነነ ርእሶ ኢየሱስ ወይቤ ተፈጸመ ኵሉ።

(ኵሎም ኣብ ቤተክርስትያን ዘለዉ ኣብ መሬት ኮፍ ይበሉ፥ ፫ ካህናት ለቢሶም ምስ ካልኦት ዲያቆናት፤ነዚ ዚስዕብ የዚሙ፡ ሕዝቢ ከኣ ይኸተሎም)

ኣምንስቲት ሙኪርያ ኣንቲ ፋሲልያሱ። *(ሕዝቢውን ከምኡ)*
ኣምንስቲት ሙኣግያ ኣንቲ ፈሲልያሱ። *(ሕዝቢውን ከምኡ)*
ኣምንስቲት ሙድስቡጣ ኣንቲ ፋሲልያሱ። *(ሕዝቢውን ከምኡ)*
ይዲ፡ ተዘከረኒ እግዚኦ በውስተ መንግሥትከ
» ኦቅዱስ » »
» ኦኃያል » »

(ከም ቅድም ከኣ«ኣምንስቲት»ይብሉ)

ይ.ዲ። ድርሳን ዘድዮናስዮስ በእንተ ፈያታይ።
መነ ርእየ ፈያታይ ዘአምነ በንጉሥ ምስለ ንጉሥ ፈያታይ በሃይማኖት ሠረቀ መንግሥተ ሰማይ ወገነተ ትፍሥሕት።ብፁዕ ኣንተ ፈያታይ፤ መነ ርኢከ ወምንተ ነጸርከ፤እስመ አመንከ በክርስቶስ ስቁል በሥጋ፤ ንጉሠ ሰማያት ወምድር ወኣምላከ ኵሉ።ኢርኢኮ ለክርስቶስ ዘተወለጠ ራእዩ በላዕለ ደብረታቦር በስብሐተ ኣብ ኣላ ርኢኮ ኀበ ይሰፍሕዎ በ ውስተ ደብረ ቀራንዮ ጸራሕከ እንዘ ትብል፥ተዘከረኒ እግዚኦ በውስተ መንግሥትከ።
ይ.ዲ.። ተዘከረኒ ኦቅዱስ በውስተ መንግሥትከ።

(ከም ቅድም ከኣ«ኣምንስቲት»ይብሉ)

ይ.ዲ።ሶበ ርእዩከ፡ሰማያት ወምድር ኣድለቅለቁ፡ፀሐይ ወወርኀ በቀት ር ጸልሙ፥ወተንሥኡ ሙታን ወኰኵሕ ነቅዐ ወመንጦላዕተ ቤተመቅደስ ተሠጠ ወኮነ ክልኤተ።ተዘከረኒ ኦቅዱስ በውስተ መንግሥትከ።

(ከም ቅድም ከኣ«ኣምንስቲት»ይብሉ)

ይ.ዲ።ይቤሎ እግዚኣብሔር ኣማን እብለከ ኦፈያታይ እንተደለወከ ከመ ዮም ትሄሉ ውስተ ገነት ምስሌየ ወትወርስ መንግሥትየ ጸርሐ እንዘ ይብል።ተዘከረኒ ኦኀያል በውስተ መንግሥትከ።

(ከም ቅድም ከኣ«ኣምንስቲት»ይብሉ)

(ድሕርዚ እቲ ኣብ ዘነግህ ዝተገብረ ጸሎት ማለት«ጸልዩ በእንተ ጽንዐ ዛቲ መካን...»ዚብል ኣብ ገጽ 38-39 ዘሎ ስእለታት፡ ካህን እንተደለዮ ይገብሮ፤እንተደኺሞም ግን ኪሓድጉዎ ይኸእሉ)

(ብየማን ዘለዉ ይበሉ) ክርስቶስ ኣምላክነ ዘመጽአ ወሐመ በእንቲኣነ በሕማማቲሁ ቤዘወነ።
*(ብጺጋም ዘለዉ ይቕበሉ)*ንስብሖ ወናልዕል ስሞ ኀቡረ እስመ ውእቱ ገብረ መድኀኒተ ለዓለም ዓለም።

(ነዚ ዚስዕብ ኣብ ክልተ ወገን ተኸፊሎም፤ክልተ ግዜ እናተኸታተሉ፤ሓደ ግዜ ከኣ እናተቐባበሉ የዚሙ።)

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን

» » እብኖዲ ናይናን »
» » ታኦስ » »
» » ማስያስ » »

Scanned with CamScanner

» » ኢየሱስ » »
» » ክርስቶስ » »
» » ኣዶናይ » »
» » ኣማኑኤል » »
» » ጸበኦት » »
» » ደስቡጣ » »

(በብወግኖም ብሓደ ወገን 20 ግዚ በቲ ካልኣ ወገን ድማ 21 ስለዚ 41 ግዚ «ኪርያላይሶን» የዚሙ)

ሰላም ዘይቑቱ ሰዓት

ሰላም ለኪ ማርያም እክልI ሰላም ለኪI
መጽንዒተ ኃይልI .....ሰላም ለኪI
ትብዐ ብርሃኑ ለገጽI .....ሰላም ለኪI
ስቱ ወይን ዘኔፈርዓጽI .....ሰላም ለኪI
ሠርጉ ክብር ዐራዝI .....ሰላም ለኪI
ወመቅደሰ ቤተትእዛዝI ....ሰላም ለኪI
ዘእሣእንኪ ወርኀI .....ሰላም ለኪI
ወዘእክሊልኪ ጎሐ ጽባሕI .....ሰላም ለኪI
ደመና ዝናም ንጽሕትI ....ሰላም ለኪI
ዘይከውን ለቅድሳትI .....ሰላም ለኪI
ወለተኢያቄም ወሐናI .....ሰላም ለኪI
ሥርጉት በቅድስናI .....ሰላም ለኪI
ደብረመድኀኒቱ ለኖኀI ....ሰላም ለኪI
ዘእድኀንኪዮ እማየ ኣይኀI .ሰላም ለኪI
ኀይሙተ ኣብርሃም ኣብI .....ሰላም ለኪI
ዘኮንኪዮ ከመ ተድባብI .....ሰላም ለኪI
ቢዛዊተ ኮሉ ዓለምI .....ሰላም ለኪI
ሰፋኒት በኦርያምI .....ሰላም ለኪI
ኣስምዕኒ ቃሰፍሥሓI ግዚ በሐዘን ኣስቈቱI
*ሣህልኪ ይምጸእ እምሥራቁI
ለእሳተ ሓዘን እስከ ይቈርር ሞቁI
ማርያም ለኃጥእ ጽድቁ። - ሰላም ለኪ።
እምላኪየ እምላኪየ ነጽረኒ ወትረI ወኢትኀድገኒ ዘልፈI
እስመ ኣንተ ትቤ እንዘ ትከሥት ኣፈI
ትፈጽም ሕገ ተጽሕፈ። - ስብሓት ለክ።
ጊዜ ትወጽእ ነፍስክI እስከ ይሰማዕ ኮለሄI
ኦ! ዘትቤ ኤሎ-ሄ! ኤሎ-ሄ!

ኢየሱስ እምላክ ርኅራኄ። - ስብሓት ለክ።
ክመ ታስትየኑ ለነI ደመ ገቦክ ነባቢI
እንተ ኣስተዩክ ሐሞተ ወከርቤI
ጸግእኩ በጊዜ ትቤ። - ስብሓት ለክ።
ድኅረ ሰለጥክ መዊተI መበልዕልተ ቅዱስ ጸልቦI
እንዘ ኃጢኣት ኅዕሊክ ኣልቦI
ኢየሱስ ርኁዘ ገቦ። - ስብሓት ለክ።
ስታየ ጽሙእን ይኩንI ወዘያረስዕ ትካዘI
ማይ ምስለ ደም ውሕዘI
ገቦክ ጊዜ ተረግዘ። - ስብሓት ለክ።
ኖላዊነ ኈርI ወዐቢኒ ጽኑዕI
እንተ ተሰትልክ መልዕልተ ምሥዋዕI
ኢየሱስ ቢዛ ኣባግዕ። - ስብሓት ለክ።
ተወከፍ ሊተ እግዚኦI ከመ ቊርባን ጥሉልI
*በበሱባዔ እንዘ እክፍልI
ዘኣቅረብኩ ለክ ጎልቈ ኢዮቤልI
ስብሓታተ በዘእንሰ እክል። - ስብሓት ለክ።
ስብሓት ለክሙ ሥሉስ ቅዱስI ነገሥታተ ሰብዓቱ ኣብያትI
እለ በላዕክሙ በውሳጤ ኀይመቅI
ኣሐደ ኀብስተ ትሥልስት። - ስብሓት ለክሙ።
በርሥእን ዘሞተI ማሕፀነ ማራ መርዓትI
እለ ኣሕየውክሙ በተስዓ ዓመትI
ሥላሴ ዘሥልጣናት። - ስብሓት ለክሙ።
ሥላሴ ኈራንI ወመሓርያን ሥላሴI
እምነ ዓሠርቱ ኣቅርንትI ነገሥተ ድምሳሴI
እድኅኑኒ ክመ ምናሴ። - ስብሓት ለክሙ።

ጸሎተ ሃይማኖትን ጸሎተ ቡራኬን ከምቲ ልሙድ ይድገሙዎ።



Scanned with CamScanner

ዘሠርክ

ይ.ካ. ይምሓረና ይሠሀለና.....ብመስቀሉ ይትቤዘወና አቡነዘበሰማያት..

በ፱ ንዚኑ ንዚኑ ዘአምላክነ ኂሩት ትሕትና ወየውሀተ ዘእ ንበለ ዐቅም ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ እንዘ ይጼዕልዎ ኢጸዐሎሙ ወእ ንዘ ያሓምምዎ ኢተቀየሞሙ።

(ከም ናይ ካልእ ሰዓታት «ለከ ኃይል» ከምኡውን «ለአምላክ» ዚብሃል የለን፤ብቐጥታ ናብ ንባባት ይሕለፍ)

ንባባት ዘሠርክ

እንካብ ሰቆቃወ

ኤርምያስ ነብይ

በረኸቱ ምሳና ይኹን ንዘለዓለመ ዓለም አሜን።
(፫፡፩-ፍጻሜ)

አነ መቐጻዕቲ እግዚአብሔር እንታይ ምኺኑ ዝፈልጥ ሰብ እየ። ንሱ ብብርሃን ዘይኮነስ፥ግብ ብዝበለ ጸልማት ከምዝኸይድ ገበረኒ።ብዘይ ምሕረት ደጋጊሙ ሃረመኒ።ንሰብነተይ በጃጀሎ፡ነዕጽምተይ ሰባበሮ።አብ ቤት ማእሰርቲ ዓጸወኒ፡ብጭንቅን ጸበባን ከአ ኸበበኒ።ከምቶም ቀደም ዝሞቱ ግብ አብ ዝበለ ጸልማት አንበረኒ።ከይወጽእሲ ብመንደቕ ከበበ ኒ፥ንሰንሰለተይ አኸበዶ።እንተጠራዕኩን እንተአእወኹን እኳ፡እግዚአብሔር ንጸሎተይ ምስማዕ አበዮ።ብዓበይቲ እምኒ ንጐደናታተይ ዓጸዎ፡ንመገድ ታተይ ጥውይዋይ ገበሮ።

ከም ዘድበየ ድቢ ተሓቢኡ ጸንሓኒ፡ከም አንበሳ ተቓጽዩ ጠሓረኒ።ካብ መገደይ ሰጐጐኒ፡ሰባቢሩን ሰላሊዑን ገደፈኒ።ቀስቱ ገተረ፡ዕላማ ፍላጻኡ ገይሩ ኸአ አቕመኒ።ፍላጻታቱ ሰዲዱ ሰብነተይ ዓሮቕ አበለኒ።መላ ገጺ ኹሉ ሕዝበይ ኮንኩ፡ምልእቲ መዓልቲ ኸአ በአይ ይደርፉ አለ ዉ።አብ ክንዲ እንጌራ ብመሪር አጽገበኒ፡አብ ክንዲ ማይ ሓሞት አስ ተየኒ።

ነስናነይ ብጸጸር ሰበረን፡ምስ ሓሙኹሸቲ ኸአ ጸንበረኒ።ሰላምን ሓ ጐስን ሰአንኩ፡ጥዕና እንታይ ከም ዝኾነ ረሳዕኩ።ብሕይወት ነዊሕ አ ይክጸንሕን እየ፡እቲ ብእግዚአብሔር ዝነበረኒ ተስፋ ኸአ ጠፊኡ እዩ፤ ጸበባይን ኰብለል ምባለይን፡ሓሞትን መርዝን ምስታየይን ዘከርኩ።ነፍሰይ ከአ አብ ውሽጠይ ተደቕሰ።ብልበይ ምሕረት እግዚአብሔር ክሓስብ ከሎኹ ተስፋ እገብር።ዘለዓለማዊ ምሕረቱ አይውዳእን እዩሞ፡ጥራሽ

ዘይጠፋእናስ ሳላ ፍቕሪ እግዚአብሔር እዩ።አብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፡ እሙን ምኺንካ ዓብይ እዩ።ግደይ እግዚአብሔር እዩ፡ተስፋይ ከአ አ ብኡ አንብር አሎኹ።እግዚአብሔር ነቶም እምነቶም አብኡ ዚንብሩን ነቶም ዚደልዩዎን ሠናይ እዩ።እግዚአብሔር ኬድኅነካ ተስፋ ምግባርን ብህድአት ምጽባይን ሠናይ እዩ።ንሰብአይ ብንእስነቱ አርዑት ምጻር ጽቡቕ እዩ።

እግዚአብሔር አሸኪምዎ እዩ እሞ፡ትም ኢሉ በይኑ ይቀመጥ።ግና ኸአ ተስፋ ይህልዎ እዩሞ፡ርእሱ አድኒኑ ይተአዘዝ።ንዚወቕዖ መላትሑ ይምለሰሉ ብጸርፈውን ይጸግብ።ከመይ እግዚአብሔር ንዘለዓለም አይድር ብን እዩ።እንተአጉሃየ እኳ እቲ ዘለዓለማዊ ምሕረቱ ዓብይ ስለዝኾነ ይርኅርኅ እዩ።

ንደቂአዳም ዜዋርዶምን ዜጉህዮምንሲ ፈትዩ አይኮነን።እግዚአብሔር እሱራት አብ ቤትማእሰርቲ መንፈሶም ከም ዚድቈስ ይፈልጥ እዩ። እቲ ንሱ ንሰብ ዝሃቦ መሰል ኪገሃስ ከሎ ይፈልጥ እዩ።አብ ባይቶ ፍትሒ ኺጠፍእ ከሎውን ይፈልጥ እዩ፤እግዚአብሔር እንተዘይአዘዞ ሓደ ሰብ ነቲ ዝተዛረቦ አብ ግብሪ ኺውዕሎ አይክእልን እዩ።ክፉእን ጽቡቕን ንሱ ኺእዝዝ ከሎ እዩ ዚኸውን፤ነፍስወከፍ ብኃጢአቱ እዩ ዚቕጻዕሞ ሰብ ኬጉረምርም አይግብኦን እዩ።

መንገድና ንተዓዘብን ንመርምርንሞ፥ናብ እግዚአብሔር ንመለስ። ልብናን አእዳውናን ናብ እግዚአብሔር ናብ ሰማይ ነልዕል እሞ፡ከምዚ ኢልና ንጸሊ«ንሕና በደልናን ዓለውናን፡ንስኻ ኸአ ኦ!እግዚአብሔር ይቕረ አይበልካልናን፡ሰጐግካናን ቀተልካናን፡ምሕረትካ ብቕጥዓኻ ተ ጐልቢቡ ነበረ፤ጸሎትና ናባኻ ኸይዓርግ ከአ ጸሊም ደመና ቕጥዓ ተኸደንካ።አብ ቅድሚ ዓለም ድርቡያትን ጐሓፍን ገበርካና።ኵሎም ጸላእትና ጸረፉናን አላገጹልናን።ምፍራስን ምዕናውን በጽሓና፡ብፍርህን ብድንገትን ተኸቢብና ንነብር አሎና፡ብጥፍአት ሕዝበይ ካብ ዓይነይ ንብዓት ይውሕዝ አሎ።»

እግዚአብሔር አንቈልቍሉ ክሳዕ ዚርእየናን፡ካብ ሰማይ ክሳዕ ዚጥ ምተናን፡ከየዕረፍኩን ከየቋረጽኩን ዝርንዝሕ ክነብዕ እየ።ነተን አብ ከ ተማይ ዘለዋ አንስቲ ዝበጽሐን መከራ ኸርኢ ኸሎኹ አዝየ አሓዝን።እቶም ብዘይምኸንያት ዚጸልኡኒ ከም ዑፍ ብመጻወድያ ሓዙኒ።ብሕይወተይ ከሎኹ አብ ጉድጓድ ደርበዩኒ፡ነቲ አፉ ኸአ ብእምኒ ዓጸውዎ።ማይ ኪውሕጠኒ ምስጀመረ ሞተይ ቀሪባ እያ፡ኢለ ሓሰብኩ።ካብ መዓሙቕ ጉድጓድ፡ኦ!እግዚአብሔር ስምካ ጸዋዕኩ።አውያተይ ክትሰምዕ ምስ ለመንኩኻ፡ምህልላይ ሰማዕካ።ምስ ጸዋዕኩኻ ቐረብካ፡አይትፍራህ ድማ በልካኒ።ኦ!እግዚአብሔር ጠበቓይ ኮንካ፡ንሕይወተይ ከአ ተብጆኻያ። ኦጐይታይ ነቲ ዝወረደኒ ግፍዒ ትፈልጦ ኢኻሞ ፍትሒ አውጽአለይ። ክሳዕ ክንደይ ከም ዝጸልኡንን፡ዝአለምዎ ውዲታትን ትፈልጦ ኢኻ።ኦ! ጐይታይ ኵሉ ጸርፎምን አባይ ዝአለምዎ ውዲቶምን ሰሚዕካዮ አሎ ኻ።ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባይ ይዛረቡን እኩይ ከአ ይመኸሩለይን አለ

Scanned with CamScanner

ዉ።አብ ምቕማጦም ኮነ አብ ምትንሣኦም ብጸርፊ ኸም ዘላግጹለይ ረአ።አ፤እግዚአብሔር፡ከምቲ ግብሮም ቅጽዓዮም።ንልቦም ድፈኖ፡ መ ርገምካ አውርደሎም።ብቕጥዓኻ ስጐጎም፡ካብ ገጽምድሪ ኸአ አጽንቶም።

እንካብ መጽሓፍ
መኃልየ መኃልይ
(፬፡፲፬--፭፡፫)

ሳፍራንን፡ምዑዝ ሻምብቆን ቅርፍትን አሎ፡ምስኡውን በብዓ ይነቱ አእዋምዕጣን«ከርበን ዓልወን ኮሉ ብሉጽ ቀመማትን ይበቍ ል።ናይ ማይሕይወት ዔላ፡ካብ እግሪ እምባ ሊባኖስ ዝፈስስት ፈልፋሊት ኢኺ።ንፋስ ሰሜን ተንሥእ፡ንፋስ ደቡብውን ነዓ፤እቲ ምዑዝ ሽታኡ ምእንቲ ኪዝርጋሕ፡አብ ልዕሊ ገነተይ ንፈሱ፡ፍቱወይ ናብ ገነቱ ይ ምጻእ፤እቲ ዝመረጾ ፍሬታትውን ይብላዕ።አ፤ኃውተይን መርዓተይን እነሆኹ ናብ አታኸልተይ መጺአ፤ከርበይን ምዑዝ ቀመማተይን ቀን ጢበ፡ቕጫ መዓርን ወለላይን በሊዐ፤ወይነይን ጸባይን ሰተኹ፤አቱም አዕሩኸተይ ብልዑ ከምኡውን ስተዩ፤ንስኻትኩም ፈተውተይ ከአ አብ ዚሕኩም ስተዩ።አነ ደቀስኩ ልበይ ግን ንቹሕ ነበረ።እነሆ ኸአ ድምጺ ፍቕረይ፡-«አቲ ፍቕርተይ ኃውተይ ርግበይን ፍጽምተይን፡ርእሰይ ብዘብዒ ጐተናይ ድማ ብቲፍቲፍታ ለይቲ ጠልቅዩ እዩሞ፡ከፈትኒ» እናበለ ኪኹሕኹሕ ሰማዕኩ።

ምስባክ፤ ወአንበሩኒ ውስተ ዐዘቅት ታሕተ፤
ውስተ ጽልመት ወጽላሎተ ሞት፤
ወአንበሩኒ ውስተ ዐዘቅት ታሕተ።

(ወይ) አንሣእኩ አዕይንትየ ኀቢከ፡
ነፍስየኒ ከመ ምድረ በድው ጸምአተከ፤
ፍጡነ ስምዐኒ እግዚኦ ኀለፈት ነፍስየ።

ወንጌል ማቴዎስ
(፳፯፡፶፯-፷፩)

ምስ መሰየ ዮሴፍ ዝተባህለ ሃብታም ሰብአይ ካብ አርማትያስ መጸ።ንሱ ኸአ ወደመዝሙር ኢየሱስ ነበረ።ናብ ጲላጦስ ቀሪቡ ድማ ናይ ኢየሱስ ሥጋ ለመነ።ሽዑ ጲላጦስ ኪህብዎ አዘዘ።ዮሴፍ ድማ ነቲ ሥጋ ወሲዱ ብጽሩይ በፍታ ገነዘ።አብቲ አብ ከውሒ ዘውቀሮ ናይ ባዕሉ ሓድሽ መቓብርውን አንበሮ፤ሓደ ዓብይ እምኒ አንኰራርዩ ድማ ነቲ አፍመቓብር ዓጽዩዎ ኸደ።አብኡ ኸአ ማርያም መግደላዊትን፡ማርያም እታ ኻልአይትን አብ መንጽሩ ተቕሚጠን ነበራ

ወንጌል ማርቆስ
(፲፭፡፵፪-ፍጻሜ)

ምስ መሰየ መዓልቲ ምስንዳው ማለት ድሮ ሰንበት ስለዝነበረ፡እቲ ን መንግሥቲአምላኽ ዚጽበያ፡ናይ ባይቶ አይሁድ ሕፉር አማኻሪ ዮሴፍ በዓል አርማትያስ መጽአ፤ብትብዓት ናብ ጲላጦስ አትዩ ኸአ ሥጋ ኢየሱስ ለመኖ።ጲላጦስ ድማ ቕልጢፉ ብምሚቱ ገረሞ፤ነቲ ሓ ለቓሚእቲ ጸዊዑ ኸአ«ብሓቂዶ ሞይቱ እዩ?»ኢሉ ሓተቶ።ካብቲ ሓ ለቓ ሚእቲ ምስ አረጋገጸ ኸአ ሥጋኢየሱስ ንዮሴፍ ሃቦ።ንሱ ድማ ሓዲሽ ነጸላ ዓደገ፤አውሪዱ ኸአ ቡቲ ነጸላ ገነዘ፤አብ ከውሒ አብ ዝተ ወቕረ መቓብርውን አንበሮ፤ነቲ አፍመቓብር ከአ እምኒ አንኰራርዩ ዓጸዎ።ማርያም መግደላዊትን ማርያም ዮሳን ድማ አበይ ከምዘንበርዎ ይርእያ ነበራ።

ወንጌል ሉቃስ
(፳፫፡፶-ፍጻሜ)

እነሆ ዮሴፍ ዝስሙ አማኻሪ ሕያዋይን ጻድቕን ሰብ ነበረ።ዓዱ ድማ አርማትያስ ዚበሃል ከተማ አይሁድ ነበረ።ንሱ ንመንግሥቲ አም ላኽ ዚጽበያ ደአ ነበረምበር አብቲ ምኽሪአይሁድን ግብሮምን ኀብረ ት አይነበሮን።ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ሥጋኢየሱስ ለመኖ።አውሪዱ ኸአ ብሓድሽ ነጸላ ገነዘ።ሽዑ መዓልቲ ምድላው፡ድሮ ሰንበት ነበረ። እተን ካብ ገሊላ ምስኡ ዝመጽአ አንስቲ ድማ ስዒበን መቓብሩን እ ቲ ሥጋ ከመይ ከም ዝተነብረን ረአያ።ተመሊሰን ከአ ሽቱን ቅዱው ቅብእን አዳለዋ፤ግናኸ ኸምቲ ትእዛዝሕጊ ብሰንበት አዕሪፈን ወዓላ።

ወንጌል ዮሓንስ
(፲፱፡፴፱-ፍጻሜ)

ድሕርዚ ዮሴፍ በዓል አርማትያስ እቲ ንመራሕቲ አይሁድ ፈሪሑ ብሕቡእ ወደመዝሙር ኢየሱስ ዝነበረ፡ሥጋኢየሱስ ኪወስድ ንጲላጦስ ለመኖ።ጲላጦስ ከአ ፈቐደሉ።ስለዚ ከይዱ ንሥጋኢየሱስ ወሰዶ።እቲ ቕድም ብለይቲ ናብ ኢየሱስ መጺኡ ዝነበረ ኒቆዲሞስውን ሠላሳን ሓደን ኪሎግራም አቢሉ ዚኸውን ከርበ ምስ ዓልወ ዝተሓወሶ ሒዙ መጽአ።ንሥጋኢየሱስ ወሲዶም ከአ ኸምቲ ልማድ አይሁድ ምስሽቱ ብሓድሽ ዓለባ ገይሮም ገነዙዎ።አብታ ዝተሰቕለላ ስፍራ ድማ አታኸ ልቲ ነበረ።አብቲ አታኸልቲ ኸአ ሰብ ተቕቢሩሉ ዘይፈልጥ ሓድሽ መቓብር ነበረ።እቲ መቓብር ቀረባ ነበረሞ፡ድሮ ሰንበት ስለዝነበረ ኸ አ ንኢየሱስ አብኡ አንበርዎ።

(ኪርያላይሶን አይበሃልን እዩ)

Scanned with CamScanner

ካህን «ስእለታት»የንብብ፤ አግእልን ከም ጕልባብ ዝጸንሐ አልባስን ኵሉ የውርዱም።መስቀልን ወንጌልን ዝበርሀ ጥዋፋትን ሒዞም ናብ አርባዕቲኡ መአዝንዓለም ገጾም እናተለዋወጡ«እግዚኦታ»የብጽሑ።

እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ።

ናብ መቕደስ አትዮም ንመስቀል ብፃዕዳ ልብሲ ገኒዞም ሠለስተ ግዜ ይሰግዱ፤ድሕርዚ ሕዝቢ መስቀሉ ይሳለም፤ብግዜ ምስላም ወይ ናይ ሠርክ ሰላም ወይ ነዚ ዚስዕብ ይውርቡ።

«ንሴብሖ ለእግዚአብሔር ስቡሐ ዘተሰብሐ»

ሰላም ዘሠርክ

ሰላም ለኪ፤ምልእተ ጸጋ፤
ምልእተ ክብር ወብዕል እንበለ ንትጋ፤
አምላክ ሰማያዊ ዘወለድኪ በሥጋ። - ሰላም ለኪ
ታቦት ሕግ አንቀጸ ሥጋኪ፤ዘበድንግልና ንሡግ፤
ሐሊበኪ ጠበወ አበ አእሩግ፤
ዘየዐውድዎ ዘወንጌል አፍላግ። - ሰላም ለኪ።
እግዝእትየ ለፀሐየ ዳግሚት ሰማይ፤
መዝገበ ሥርናይ ወወይን ቀላይ፤
ብኪ ወበወልድኪ ይብዕል ነዳይ። - ሰላም ለኪ።
ሰላም ለኪ፤እመ ብርሃን፤
ዘወለድኪ ለነ ብሉየ አዝማን፤
ለኪ ወለወልድኪ ይጊኒ ልሳን። - ሰላም ለኪ።
ሰላም ለኪ ሐመረ ብዕል፤ወሙዳየ ዕፍረት ጽዱል፤
ምዕራፈ ተድላኪ፤በብሔረ ጥሉል፤
መልክዐ ገጽኪ በአርያም ሥዑል። - ሰላም ለኪ
ሰላማዊት ፤ዘበድንግልና ኅትምት፤
ወበቅድስና ሥርጉት፤
ንህብ ዘአስኔት ዘሲና ዕፅት ። - ሰላም ለኪ።
ሰላም ለኪ ታቦተ ሙሴ፤
*እምአመ ንእስኪ ዘኢተአምሪ ብእሴ፤
ወሐውልተ ስምዕ ዘነብይ አውሴ፤
ለኪ ወለወልድኪ ይደሉ ውዳሴ። - ሰላም ለኪ።
ስብሓት ለከ ሀበነ ሰላመከ፤መምህረ ትሕትና ክርስቶስ ወልደ አምላክ ወሰብእ፤
ግዜ ፍና ሠርክ በዐውደ መብልዕ፤
ዘረፈቀ ምስለ አርዳእ። - ስብሓት ለከ።
ሥጋከ ቅዱስ ለወጢነ ሓዲስ ሥርዐት፤
እንተ ወሀብኮሙ ለሓዋርያት፤
ድኅረ በልዑ ፍሥሓ አሪት። - ስብሓት ለከ።

እምሥጢርከ ይንሥኡ፤ኀበ ሓዋርያት ኀብሩ፤
እንተ ወሀብኮሙ እምድኅረ ተደሩ፤
ተዝካረከ ከመ ይግበሩ። - ስብሓት ለከ።
በእንተ ይሁዳ፤ዘትቤ ያገብአኒ አሓዱ፤
ተስእሎተ ዝንቱ ነገር፤ለእለ ፈቀዱ፤
ዘአርአይኮሙ ርደተ እዱ። - ስብሓት ለከ።
ለውእቱ ብእሲ፤እንተ አፍቀረ እበደ፤
እምኀየሶ ሶበ ኢተወልደ፤
እምያግብእከ ግዜ ፈቀደ። - ስብሓት ለከ።
በዛቲ ሰዓት በአእዳወ ክልኤ ጻድቃን፤
እንተ ተገነዝከ በአምሳለ በድን፤
ኢየሱስ መንሥኤ ሙታን። - ስብሓት ለከ።
ዘንተ ኵሎ በእንተ ፍቅረሰብእ ዘኮንከ፤
*ለሕማም ወሞት እስከ በጻሕከ፤
ይእዜኒ ተወከፍ ነግሀ ወሠርክ፤
ስብሓታተ ዘናቄርብ ለከ። - ስብሓት ለከ።
ስብሓት ለከሙ ሥሉስ ቅዱስ ሥላሴ፤ተወከፉነ ፍጡነ፤
ዘተወከፍከሙ፤ዘአቤል ቍርባነ፤
ጽባሐ ጊዜ ኮነ። - ስብሓት ለከሙ።
ስብሓተ አምላክ ሥላሴ፤ለንግሥከሙ ይደሉ፤
ሥላሴ ዘታሕቱ ሥላሴ ዘላዕሉ፤
ነዳያነ ዘታብዕሉ። - ስብሓት ለከሙ
ከመ ባሕር ስፉሕ ወከመ እሳት ጽዱል፤
እለ ብከሙ ትሥልስተ አካል፤
ሥላሴ ዕደወ ኃይል። - ስብሓት ለከሙ።
ዘኢትቀሥፉ ሰብአ ወኢትትማዑ ዘልፈ፤
እንዘ ይገብር ኃጣውአ እልፈ፤
በመጽሐፍ ከመ ተጽሐፈ። - ስብሓት ለከሙ።
ስብሓት ለከሙ ሥሉስ ቅዱስ፤መገብተ ሰብዐቱ ሀብታት፤
ዘትሁቡ ዐስበ፤በሠርክ ሰዓት።
ለደኃርት ወለቀደምት። - ስብሓት ለከሙ።
ኃይላተ ሰብእ ሥላሴ፤በኀይልከሙ ዕቁብ፤
ምስለ ወርኅ አቀመ፤ፀሐይ ምዕራብ፤
ኢየሱስ መድኃኔ ሕዝብ። - ስብሓት ለከሙ።
ውስተ መዓርጋት ዓሠርቱ፤ዘአግባእከሙ ፀሐየ፤
ሶበ ኀቤከሙ፤ጊዜ ሠርክ ጸለየ፤
ሕዝቅያስ አመ ደወየ። - ስብሓት ለከሙ።
ዘሰብእ ፤ወዘመላእክት ሥላሴ፤
ከመ እወድሰከሙ፤በጥዑም ውዳሴ፤
ጸግዉኒ ሞገሰ ሙሴ። - ስብሓት ለከሙ
ጊዜ ጸልዮ ሥላሴ፤በአዕዛነ መንፈስ ርሒብ፤
እለ ትሰምዑ ለኍሳሰ ልብ፤
ወትጸመሙ ብዝኀ ንባብ። - ስብሓት ለከሙ።

Scanned with CamScanner

በይነ ሥጋዊ መፍቅዱ፤ወመንፈሳዊ ሲሳዩ፤
ለዘርኅበ ሰብእ በጊጋዩ፤
ሥላሴ ዘትኄልዩ። - ስብሓት ለክሙ።
ጊዜ ፍና ሠርክ ዳዊት፤እመ ውስተ ናሕስ ቆመ፤
*ሠለስተ ግብራተ ድኅረ ፈጸመ፤
ዘመሐርክምዎ ለዳዊት ቅድመ፤
መሓሩኒ ሥላሴ ዳግመ። - ስብሓት ለክሙ።
ስብሓት ለእግዚአብሔር.....

መዝሙር ዘንዋም

ክብር ይእቲ፡-በ፩ ሃሌ ሉያ ፡ሰቅለ ወሐመ ዘእንበለ ኃጢአት ተረግዘ ገቦሁ ዘእንበለ ደዌ እስመ መለኮቱ ኢሐመ ተሰቅለ ከመ እቡስ ማእከለ ፪ኤ ፈያት ወኰርዕዎ ርእሶ በኀለት ለአምላከ ምሕረት ለንጉሠ ስብሓት ሰፍሐ እደዊሁ ቅዱሳት ወተቀነወ በቅንዋተ መስቀል ከመ ያግዕዘነ እምኃጢአት።ዮም መስቀል ተሰብሐ፥ዓለም ተጸውዐ፥እግዚአብሔር ተአኵተ ወሰብእ ግዕዘ በትንሣኤሁ።ወሰይጣን ተአስረ በኀይለ መስቀሉ ለኢየሱስ ክርስቶስ።

ዝማሬ፡-ሃሌ ሉያ ኦዘክርስቶስ አፍቅሮተ ሰብእ ንዜኑ ኦትሕትና ዘእንበለ ዐቅም ኦኂሩት ዘእንበለ መስፈርት ኦዘክርስቶስ አፍቅሮተሰብእ ንዜኑ ዘመጠነዝ ይትዔበይ ልሕኵት ዲበ ለሐኵሁ፤ተዐገሠ ለሐኵ ጽዕለቶሙ ለአይሁድ ኦዘክርስቶስ አፍቅሮተሰብእ ንዜኑ እንዘ ይጼዕ ልዎ ኢጸዐሎሙ ወእንዘ የሐምምዎ ኢተቀየሞሙ፤ኦዘክርስቶስ አፍቅሮተ ሰብእ ንዜኑ ዮም መስቀል ተሰብሐ ዓለም ተጸውዐ ዮም መስቀል ለአ ኃው አብርሀ እግዚአብሔር ተአኵተ ወሰብእ ግዕዘ በትንሣኤሁ።

ዕጣነ ሞገር፡-ሃሌ ሉያ ንዜኑ ዘአምላክነ ኂሩት ትሕትና ወየውሀተ ዘተዐገሠ በእንተ አፍቅሮተ ሰብእ ዘሰቀሎ ለሰማይ ከመ ቀመር ዲበ ዕፅ ተሰቅለ፥ዘከለሎ ለሰማይ በከዋክብት አክሊላተ ዘሦክ ተቀጸለ፥ዘይ ቀውሙ ቅድሜሁ ሠራዊተ መላእክት በፍርሀት ቅድመ ጲላጦስ ቆመ፥ ዘይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ከመ እቡስ ተኰነነ እንዘይክል ጸሊአ ተዐገሠ ወወድቀ ወኢተሐጕለ ኵሎ ዓለመ በቅጽበት ዘአቀመ።

ሰ ላ ም ዘ ን ዋ ም

ሰላም ለኪ ማርያም መንበረ ፀሓይ፤ወከዋክብት አክሊላ፤
ምድርኒ ሥርጉት በጽጌ ወሄላ፤
ማርያም ዘመነ ተድላ። - ሰላም ለኪ።
እመ ይወጽእ አዳም፤እምሀገረ ጽጌ ገነት፤
ዘአዕረገ ብኪ ዕጣነ-ጸሎት፤
ማርያም ስኂነ ሰንበልት። - ሰላም ለኪ
አፈዋተ ጽጌ አርባዕ፤ወዕፍረተ አሮን ካህን፤
ወጸናጽለ ወርቅ ብኪ አምሳለ ሮማን፤
ማርያም ሄጶዴጤን። - ሰላም ለኪ።
በትረ አሮን ቅድመ፤በደብተራ ሙሴ ጸግያ፤
ትእምርተ ኮነት ወአርአያ፤
ለንጽሕኪ እመ ኬንያ። - ሰላም ለኪ
መዓዛ ሰላምኪ እሙ፤ዲበ ርእስየ ከዐዊ፤
ማርያም ጽጌ ልብሰ መርዓዊ፤
ስሊኖተ ዘትጼንዊ። - ሰላም ለኪ።
ይሁቡኪ ቃለ ውዳሴ፤በንቃወ ዜማ ጥዑም፤
አዕዋፈ ገነት ዘዘመነ ቀሥም፤
ማርያም ጽጌ ገዳም። - ሰላም ለኪ።
ሶበ አደመኒ ሊተ፤ሥነ ገጽኪ ልሑይ፤
አስተማሰልክዎ በጽጌ ሠናይ፤
ማርያም ዕንቈ ባሕርይ። - ሰላም ለኪ።
ከመ ይጐጕእ ጽሙእ፤ለሰትይ ማየ፤
ለወድሶትኪ ይጐጕእ አፉየ፤
ማርያም ጽጌ ወይንየ። - ሰላም ለኪ።
ሓሊብኑ ሚመ ወመዓር፤
ጣዕመ ውዳሴኪ በጽጌ ግቡር፤
ማርያም ንግሥተ ፍቅር። - ሰላም ለኪ።
ለሰርጎ ቅዱሳን ጽጌኪ፤አሰርግውኒ ጸዳሎ፤
ማርያም ርኅርኅት ለኃጥአን ኵሎ፤
ለምሕረት ወለተሣህሎ። - ሰላም ለኪ።
ለለእብለኪ ሰላመ፤ከመ ገብርኤል መልአክ፤
እምአፉየ ጽጌ ነግህ ወሠርክ፤
ተመጠዊ እመ አምላክ። - ሰላም ለኪ
ማርያም ዳግመ፤ተአምረኪ ትክሥቲ፤
*እምድኅረ ንዋምየ ለመዋቲ፤
ምስለ ሰላምኪ ፍሥሓ ዘባቲ፤
ታስተርኢ ከመ ጽጌ ልሳንየ ዛቲ። - ሰላም ለኪ።

Scanned with CamScanner

ስብሓት ለከ ስምዐነ አምላክነ ወሰላመከ ሀበነ እስመ ወሀብከነ ኵሎ፤
ወስብሓተ ዚአከ ንንግር እምትካት ዘሀሎ፤
በበመዓርግ ወበበመትሎ። - ስብሓት ለከ።
ሀፈ ገጽከ ውሕዘ፤ እምጽንዐ ዐብይ ድካም፤
እስከ ተመሰለ ነጻፍጻፈ ደም፤
ዘጸለይከ ጊዜ ንዋም። - ስብሓት ለከ።
እንተ ተኣተትከ ሕቀ፤ እምአርዳኢከ ጌራን፤
ከመ ለጸሎት ታርኢ ፍልጠተ መካን፤
ዘየአክል ሙጋረ እብን። - ስብሓት ለከ።
ለአርዳኢከ መንፈሰ፤ ጊዜ ለጸሎት ትፌኑ፤
ለኵሉሙ ብከ እለ ተኣመኑ፤
ቅዱሳነ ከመ ይኩነ። - ስብሓት ለከ።
ኢተሐጕለ ብከ እግዚአ፤ እንበለ ወልደሓጕል ባሕቲቱ፤
እምሓዋርያት ዐሠርቱ ወክልኤቱ፤
በጎቤከ እለ ተኣኵቱ። - ስብሓት ለከ።
አባ አጎልፋ፤ እምኔየ ለዛቲ ጽዋዕ፤
ሶበ ትቤ በልማዶ ሰብእ፤
ኢየሱስ አምላክ መዊዕ። - ስብሓት ለከ።
ዕቀበነ ወትረ፤ በዛቲ ሰዓት፤
*እምእለ ይትባሓቱ ኣጋንንት፤
ዐውደነ ሕጽር በጎይለ መላእክት።
እስመ ናሁ ሰፈነ ሌሊት። - ስብሓት ለከ።
ስብሓት ለክሙ ሥሉስ ቅዱስ፤ በረከተ ጎቡእ ጥበብ፤
ሰብዐተ ፍጥረተ እንበለ ነቢብ፤
ዘፈጠርክሙ በጎልዮ ልብ። - ስብሓት ለክሙ።
ከመ ያዕርፍ ጉብር፤ እምቅንየተ ሰብእ እግዚኡ፤
ኣራዊትኒ እምግብ ከመ ይባኡ፤
ጽልመተ ዘታመጽኡ። - ስብሓት ለክሙ።
እንበለ ንዋም ሥላሴ፤ ለበዓለ ንዋም ፍጡር፤
ዘተዐቅብዎ እምግሩም ግብር፤
በጽልመት ዘየሓውር። - ስብሓት ለክሙ።
እንዘ ተዐቅቡ ሰብአ፤ እስከ ይበጽሕ ጊዜሁ፤
እምንዋም ለሞት አምሳሊሁ፤
ሥላሴ ዘታንቅሑ። - ስብሓት ለክሙ።
መላእክተ ጽልመት ምስሌነ ኀበ ተጻብኦ ኣጽንዑ፤
*በሌሊት ጽልመት ይመጽኡ፤
ንዑ ንዑ ኣጋእዝት ንዑ፤
ከመ ድኅሪተ በጎፍረት ይግብኡ። - ስብሓት ለክሙ።
ስብሓት ለእግዚአብሔር ኪያነ ዘፈጠረ ከመ ናምልኮ.....